ንሱ እዩ ድማ እቲ ብሉጽን ኣዝዩ ዓቢ ጸማን: ንኣላህ'ውን ምሕረት ሕተቱ: ብርግጽ ኣላህ ፍጹም መሓርን ኣዝዩ ራህራህን እዩ::

سورة المدثر
ሱረቱል'ሙደሲር (እቲ እተሸፈነ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ — بِسۡمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحۡمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1-ኦ ኣንታ ተሸፋኒ[33]: — يَٰٓأَيُّهَا ٱلۡمُدَّثِّرُ ۝١

2-ተንስእ እሞ ንዝኸሓደ ኸኣ ኣጠንቅቕ: — قُمۡ فَأَنذِرۡ ۝٢

3-ንጎይታኻ ኣላህ'ውን ኣዕቢ.ይ: (ፍጹም ዓቢ ምዃኑ ብእምነትካን ብግብርኻን ግለጽ) — وَرَبَّكَ فَكَبِّرۡ ۝٣

4-ንኽዳንካ'ውን ካብ ርስሓት(ነጃሳ) ኣንጽህ (ወይ ንነብስኻ ካብ ዘንቢ-ሓጢኣት- ኣንጽህ): — وَثِيَابَكَ فَطَهِّرۡ ۝٤

5-ንስእልን ምስልን ራሕርሕ፤ (ኣይትቕረቦም ኣይተምልኮም:) — وَٱلرُّجۡزَ فَٱهۡجُرۡ ۝٥

6-ካብቲ ዝሃብካዮ ዝያዳ ንኽወሃበካ (ንኽምለሰካ) ኢልካ ህያብ ኣይትሃብ (ወይ እቲ ንኣላህ ኢልካ እትገብሮ ሰናይ ግብሪ ኣይተስተባዝሖ): — وَلَا تَمۡنُن تَسۡتَكۡثِرُ ۝٦

7-ንጎይታኻ ኣላህ ኢልካ ተዓገስ (ኩሉ እቲ ኣላህ ዝኣዘዞካ ትእዛዛት ንምፍጻምን ካብ ህዝብኻ ዝወርደካ ጉድኣትን ብትዕግስቲ ግጠሞ): — وَلِرَبِّكَ فَٱصۡبِرۡ ۝٧

8-እቲ ታቱላ ድማ ምስ ተነፍሐ (እዚኣ ድማ እታ ካልኣይቲ ምንፋሕ ፍጡራት ኩሎም ካብ ሞት ዝትንስኡላ እያ): — فَإِذَا نُقِرَ فِي ٱلنَّاقُورِ ۝٨

33-ናብ ዝሓለፈት ሱራ ቁ73 ተመሊስካ ተወከስ:

فَذَٰلِكَ يَوْمَئِذٍ يَوْمٌ عَسِيرٌ ﴿٩﴾

9-እቲ መዓልቲ እቲ: ጽንኩር መዓልቲ'ቲ ቅያማ (ምጽኣት) እዩ:

عَلَى ٱلْكَٰفِرِينَ غَيْرُ يَسِيرٍ ﴿١٠﴾

10- እዚ መዓልቲ'ዚ ንቶም ከሓድቲ ቀሊል ኣይኮነን:

ذَرْنِى وَمَنْ خَلَقْتُ وَحِيدًا ﴿١١﴾

11-ንበይነይ ግደፈኒ ምስ'ዚ (ኣብ ከብዲ ኣዲኡ ብዘይ ማልን ውላድን) ንበይኑ ዝፈጠርክዎ (ንሱ ድማ ኣልወሊድ ወዲ ኣልሙቒራ ኣልመኽዙሚ እተባህለ ኣብ ግዜ ረሱል ሙሓመድﷺ ብርቱዕ ተጻባኢ እስልምና ዝነበረ እዩ):

وَجَعَلْتُ لَهُۥ مَالًا مَّمْدُودًا ﴿١٢﴾

12-ከምኡ'ውን ብድሕሪ ምፍጣሩ ብዙሕ ማል ሂበዮ:

وَبَنِينَ شُهُودًا ﴿١٣﴾

13-ከምኡ'ውን ካብኡ ዘይፍለዩ ምስኡ ዝነብሩ ውላድ ሂበዮ: (ደቁ 13 እኹላት ሰብኡት ኣብ መካ ምስኡ ይቕመጡ ነይሮም)

وَمَهَّدتُّ لَهُۥ تَمْهِيدًا ﴿١٤﴾

14-ምሹው ናብራ ኣጣጣሕኩሉ (ብማል፣ ብውላድ፣ ብነዊሕ ዕድመ፣ ብመዝነት...)

ثُمَّ يَطْمَعُ أَنْ أَزِيدَ ﴿١٥﴾

15-ብድሕሪ'ዚ ኩሉ ድማ ዝያዳ ክውስኽ ይምነን ተስፋ ይገብርን ኣሎ:

كَلَّآ ۖ إِنَّهُۥ كَانَ لِءَايَٰتِنَا عَنِيدًا ﴿١٦﴾

16-ኣይፋሉን ኣይንውስኾን ኢና: ብርግጽ ንሱ ንቲ ዘውረድናዮ ቁርኣንን ዝለኣኽናዮ ልኡኽን ነቓጽ ተቓዋማይን ነጻጋይን እዩ:

سَأُرْهِقُهُۥ صَعُودًا ﴿١٧﴾

17-ብዕረፍቲ ዘይብሉ ስቓይ ኣሳቒየ ከትዕቦ እየ: (ወይ ንቲ ኣብ ጀሃነም ዝርከብ ኣስዑድ ዝብሃል ብእሳት እተነድቀ ኀቦ ንኽድይብ ክግድዶ እየ):

إِنَّهُۥ فَكَّرَ وَقَدَّرَ ﴿١٨﴾

18-ብርግጽ ንሱ ብዛዕባ ነብይ ሙሓመድ ሓሲቡ ሓሳሲቡ እንታይ ከምዝብል'ውን ዘረባ ኣብ ነፍሱ ኣዳልዩ:

19-ዘረባ ብዘዳለዎ የዳሉ ደአ'ምበር ንሱስ ተረጊሙ(ተላዒኑ) እዩ፡[34]

فَقُتِلَ كَيْفَ قَدَّرَ ﴿١٩﴾

20-እንደገና'ውን ተረጊሙ (ተላዒኑ) እዩ፡ ዘረባ ብዘዳለዎ የዳሉ፡

ثُمَّ قُتِلَ كَيْفَ قَدَّرَ ﴿٢٠﴾

21-ቀስ ኢሉ ድማ ሓሰበ ንቁርኣን ዝጻረር ሓሳብ ንኽህብ፡

ثُمَّ نَظَرَ ﴿٢١﴾

22-ብድሕሪኡ'ውን ብክቱር ሓሳብ ገጹ ኣሰረ ጸዋወገ፡

ثُمَّ عَبَسَ وَبَسَرَ ﴿٢٢﴾

23-ብድሕሪኡ'ውን ካብ እምነት ኣድሓርሓረን ንሓቂ ብትዕቢት ነጸገን፡

ثُمَّ أَدْبَرَ وَٱسْتَكْبَرَ ﴿٢٣﴾

24-"እዚ ቁርኣን'ዚ መሓመድ※ ካብ ካልኦት ዝዕለሞ ዘሎ ስራይ(ሽሕር) ጥራይ እዩ" በለ፡

فَقَالَ إِنْ هَـٰذَآ إِلَّا سِحْرٌ يُؤْثَرُ ﴿٢٤﴾

25-እዚስ ቃል ደቂሰብ ጥራይ እዩ (በለ)፡

إِنْ هَـٰذَآ إِلَّا قَوْلُ ٱلْبَشَرِ ﴿٢٥﴾

26-ኣብ እሳተ ጀሃነም ከእትዎ እየ[35] (ሰቐር ሓደ ካብቲ ኣስማት ናይ ጀሃነም እዩ)፡

سَأُصْلِيهِ سَقَرَ ﴿٢٦﴾

27-ሰቐር ከ እንታይ ምዃና ብሓቂ ትፈልጥ ዶ?

وَمَآ أَدْرَىٰكَ مَا سَقَرُ ﴿٢٧﴾

28-ንዝኾነ ኣብኣ ዝኣተወ ምንም ኣይተትርፈሉ ምንም ኣይትገድፈሉ፡

لَا تُبْقِى وَلَا تَذَرُ ﴿٢٨﴾

29-ቆርበት ኣቃጺላ ሕብሩ ኣብ ጸሊም ትልውጦ፡

لَوَّاحَةٌ لِّلْبَشَرِ ﴿٢٩﴾

30-ኣብ ጀሃነም ድማ ንዓኣ ዝሕልዉ ዓሰርተው-ትሽዓተ መላኢካ ኣለዉ፡[36]

عَلَيْهَا تِسْعَةَ عَشَرَ ﴿٣٠﴾

31-እቶም ንእሳተ ጀሃነም ዝሕልዉ መላኢካ ጥራይ ኢና ጌርናዮም፡ ቍጽሮም ዓሰርተው-ትሽዓተ ዝገበርናዮ ድማ እቶም ካሕዳናት ንኽፍተኑን ንኺጋገዩን፣ እቶም ቅድሚ ሕጂ መጽሓፍ

وَمَا جَعَلْنَآ أَصْحَـٰبَ ٱلنَّارِ إِلَّا مَلَـٰٓئِكَةً
وَمَا جَعَلْنَا عِدَّتَهُمْ إِلَّا فِتْنَةً لِّلَّذِينَ

---

34 ከምቲ ብትግርኛ "ይቀዘፍ" ኢልካ ንሰብ እትረግሞ ከምኡ ማለት እዩ።

35 ካብዛ ኣያ ጀሚርካ ኣላህ ንኣልወሊድ ወዲ ኣልሙቒራ ዝሃደደሉ ኣያታት እዩ።

36 ኣቡ ጃህል እዛ ኣያ ምስ ወረደት፡ ሙሓመድ 19 ጥራይ እዮም ሠራዊቱ ስለዚ 100 ካባና'ዶ ንሓደ ኣሕሚቖም ካብ ጀሃነም ምውጻእ ከይስእኑ በለ'ሞ ኣላህ እታ ብድሕሪኣ ዘላ ኣያ ኣውሪዱ መለሰሉ፡

ዘውረድናሎም ኣይሁዳውያንን
ክርስትያን'ውን (እዚ ቍጽሪ'ዚ
ልክዕ ኣብ ተውራትን
ኢንጂልን (ኦሪትን ወንጌልን)
ስለ እተጠቕሰ እምነቶም
ንኽጸንዓሎም፣ እቶም
ሙእሚኒን (ኣስላም)'ውን
እምነቶም ንኽዛይድ፣ እቶም
ኣይሁዳውያንን ክርስትያንን
ኣስላምን ድማ በዚ እተዋህበ
ቍጽሪ መላኢካ ፈጺሞም
ንኸይጠራጠሩ፣ እቶም ኣብ
ልቦም ሕማም ጥርጠራ ዘለዎም
ሙናፊቒንን እቶም ከሓድት
ን'ውን ኣላህ በዚ ቍጽሪ እዚ
እንታይ እዩ ደልዩ ንኽብሉ፣
ኣላህ ከምዚ ገይሩ ንዝደለየ
የጋግይ ንዝደለየ'ውን የቕንዕ:
ብዝሒ ሰራዊት ኣላህ ድማ
ብጀካ ኣላህ ካልእ ዝፈልጦም
የለን: እዛ እተጠቕሰት ጀሃነም
ድማ ደቂሰብ ንምዝኽኻርን
ንምጥንቃቕን ጥራይ እያ
ተጠቒሳ:

32-ኣይፋሉን (ከምቲ ኣቡ ጃህል
ዝበሎ ኣይኮነን) በታ ወርሒ
እምሕል:

33-ብለይቲ'ውን ምስ ሓለፈ
እምሕል:

34-ብወጋሕታ'ውን ምስ በረህ
እምሕል:

35-ብርግጽ እሳተ ጀሃነም (ሰቐር)
ሓንቲ ካብተን ኣዝየን ዓበይቲ
ነገራት እያ:

36-ንደቂሰብ ኣጠንቃቒት እያ:

37-ነቶም ብእምነትን ሰናይ ግብ
ርን ንቅድሚት ክግስግሱ
ዝመርጹ ይኹን ወይ ነቶም
ብክሕደትን እከይ ግብርን
ንድሕሪት ክምለሱ ዝመርጹ:
(እተጠንቀቕ እያ)

كَفَرُوا۟ لِيَسْتَيْقِنَ ٱلَّذِينَ أُوتُوا۟ ٱلْكِتَـٰبَ
وَيَزْدَادَ ٱلَّذِينَ ءَامَنُوٓا۟ إِيمَـٰنًا ۙ وَلَا يَرْتَابَ
ٱلَّذِينَ أُوتُوا۟ ٱلْكِتَـٰبَ وَٱلْمُؤْمِنُونَ ۙ
وَلِيَقُولَ ٱلَّذِينَ فِى قُلُوبِهِم مَّرَضٌ
وَٱلْكَـٰفِرُونَ مَاذَآ أَرَادَ ٱللَّهُ بِهَـٰذَا مَثَلًا ۚ
كَذَٰلِكَ يُضِلُّ ٱللَّهُ مَن يَشَآءُ وَيَهْدِى مَن
يَشَآءُ ۚ وَمَا يَعْلَمُ جُنُودَ رَبِّكَ إِلَّا هُوَ ۚ
وَمَا هِىَ إِلَّا ذِكْرَىٰ لِلْبَشَرِ ﴿٣١﴾

كَلَّا وَٱلْقَمَرِ ﴿٣٢﴾

وَٱلَّيْلِ إِذْ أَدْبَرَ ﴿٣٣﴾

وَٱلصُّبْحِ إِذَآ أَسْفَرَ ﴿٣٤﴾

إِنَّهَا لَإِحْدَى ٱلْكُبَرِ ﴿٣٥﴾

نَذِيرًا لِّلْبَشَرِ ﴿٣٦﴾

لِمَن شَآءَ مِنكُمْ أَن يَتَقَدَّمَ أَوْ
يَتَأَخَّرَ ﴿٣٧﴾

38-ዝኾነት ነፍሲ ብግብራ እያ እትተሓዝ (ማለት ነፍስ ወከፍ ሰናይ ዝገበረ ሰናይ ይፍደ እከይ ዝገበረ እከይ ይፍደ)፡
39-ብዘይካ እቶም ንጹሃን ኣመንቲ ሰብ የማን፡ ንሶም ብእከይ ግ ብሪ ኣይተሓዙን እዮም (እቲ እከይ በቲ ሰናይ ግብሮም ስለእተሰረዘ)፡
(40-41)ንሶም ኣብ ጀና ኮይኖም ብዛዕባ እቶም ወንጀለኛታት ነንሕድሕዶም ይተሓታተቱ፡
42-ኣብ ሰቐር ዝስማ ጀሃነም እንታይ ኣእተወኩም ኢሎም ነቶም ወንጀለኛታት ይሓትዎም፡
(43-47)ካብቶም ንኣላህ ዝሰግዱ ኣይነበርናን፡ ንመስኪን'ውን ንዕንግል ኣይነበርናን፡ ምስቶም ኣንጻር ነብይ ሙሓመድ ሓሶት ዘላኽዑ'ውን ነላኽዕ ኔርና፡ ክሳዕ ሞት እትመጸና'ውን ብመዓልቲ ምጽኣተ ዓለም ንኽሕድ ኔርና ኢሎም ይምልሱ፡

48-ስለዚ ለመና ናይቶም መንጎኛ ኮይኖም ዝልምኑ ኣይጠቅ ሞምን እዩ፡ (ማለት መላኢካ ይኹን ብጹኣን መንጎኛ ኮይኖም እቶም ኣብ ጀሃነም ዘለዉ በደለኛታት ንኽወጹ ንኣላህ ክልምኑ እንከለዉ ኣመንቲ በዚ ለመና'ዚ ይጥቀሙ እዮም፡ እዞም ኣብዘን ዝሓለፋ እያታት ዝተጠቕሱ ከሓድቲ ግ ን ኣይጥቀሙን እዮም)፡
49-እንታይ ኮይኖም እዮም ነዚ መዘኻኸሪ (ምዕዶ) ዝሓዘለ ቁርኣን ዝነጽጉን ዘይቕበሉን፡
(50-51)ልክዕ ከም ካብ ሃዳናይ ወይ ካብ ኣንብሳ ሰንቢደን ዝነፈጻ ኣእዱግ በረኻ ይመስሉ፡

كُلُّ نَفْسٍۭ بِمَا كَسَبَتْ رَهِينَةٌ ﴿٣٨﴾

إِلَّآ أَصْحَـٰبَ ٱلْيَمِينِ ﴿٣٩﴾

فِى جَنَّـٰتٍۢ يَتَسَآءَلُونَ ﴿٤٠﴾ عَنِ ٱلْمُجْرِمِينَ ﴿٤١﴾

مَا سَلَكَكُمْ فِى سَقَرَ ﴿٤٢﴾

قَالُوا۟ لَمْ نَكُ مِنَ ٱلْمُصَلِّينَ ﴿٤٣﴾

وَلَمْ نَكُ نُطْعِمُ ٱلْمِسْكِينَ ﴿٤٤﴾ وَكُنَّا

نَخُوضُ مَعَ ٱلْخَآئِضِينَ ﴿٤٥﴾ وَكُنَّا نُكَذِّبُ

بِيَوْمِ ٱلدِّينِ ﴿٤٦﴾ حَتَّىٰٓ أَتَىٰنَا ٱلْيَقِينُ ﴿٤٧﴾

فَمَا تَنفَعُهُمْ شَفَـٰعَةُ ٱلشَّـٰفِعِينَ ﴿٤٨﴾

فَمَا لَهُمْ عَنِ ٱلتَّذْكِرَةِ مُعْرِضِينَ ﴿٤٩﴾

كَأَنَّهُمْ حُمُرٌ مُّسْتَنفِرَةٌ ﴿٥٠﴾ فَرَّتْ مِن

قَسْوَرَةٍۭ ﴿٥١﴾

52-ነፍሲ ወከፍ ካብኣቶም እኮ "ሙሓመድ ናይ ብሓቂ ልኡኽ ጎይታ እዩ፣ እስልምና ድማ እቲ ቅኑዕ ሃይማኖት እዩ" ዝብል ጽሑፋት ብኣላህ ክዝርጋሓሉ እዩ ዝደሊ ዘሎ:

بَلۡ يُرِيدُ كُلُّ ٱمۡرِيٕ مِّنۡهُمۡ أَن يُؤۡتَىٰ صُحُفٗا مُّنَشَّرَةٗ ﴿٥٢﴾

53-ኣይፋሉምን: እዚኣቶም እኮ ስቓይ ኣኼራ (ምጽኣተ ዓለም) ዘይፈርሁ እዮም:

كَلَّاۖ بَل لَّا يَخَافُونَ ٱلۡأٓخِرَةَ ﴿٥٣﴾

54-ኣይፋሉምን ብርግጽ ቁርኣን እኮ መዘኻኸሪ (ምዕዶ) እዩ:

كَلَّآ إِنَّهُۥ تَذۡكِرَةٞ ﴿٥٤﴾

55-ስለዚ በዓል ድልየት በዚ ቁርኣን'ዚ ይዘኻኸር (ይመዓድ):

فَمَن شَآءَ ذَكَرَهُۥ ﴿٥٥﴾

56-ኣላህ እንተዘይደለየሎም'ውን ኣይዘኻኸሩን (ምዕዶ ኣይቅበሉን) እዮም: ኣላህ እቲ እንኮ ትእዛዛቱ ንኸይጠሓስን ክፍራህ ዝግባእ እቲ ሓደ በዓል ምሕረትን እዩ።

وَمَا يَذۡكُرُونَ إِلَّآ أَن يَشَآءَ ٱللَّهُۚ هُوَ أَهۡلُ ٱلتَّقۡوَىٰ وَأَهۡلُ ٱلۡمَغۡفِرَةِ ﴿٥٦﴾

سورة القيامة
ሱረቱል'ቂያማህ (እታ ምጽኣተ ዓለም)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسۡمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحۡمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1-ብታ መዓልቲ ቅያማ(ምጽኣት) እምሕል

لَآ أُقۡسِمُ بِيَوۡمِ ٱلۡقِيَٰمَةِ ﴿١﴾

2-ብታ ንዝኣ ርእሳ እትወቅስ ነፍሲ እውን እምሕል: (ማለት ነፍሲ ሙእሚን ኩሉ ግዜ ብኻ እከይ ኣይገበርኩ ብኻ ሰናይ ግብሪ ኣብዛሕኩ እናበለት ትጠዓስን ንርእሳ ትወቅስን: ከምኡ'ውን ኣብ መዓልቲ ምጽኣተ ዓለም ነፍሲ ካሕዳን ብዝሕለፈቶ ዕድል ተጣዒሳ ንርእሳ ትወቅስ):

وَلَآ أُقۡسِمُ بِٱلنَّفۡسِ ٱللَّوَّامَةِ ﴿٢﴾

3-እዚ ካሕዳን ወዲሰብ'ሲ ንሕና ኣዕጽምቱ ብድሕሪ ምብላዩ ዘይንእክቦ መሲልዎ ድዩ?

أَيَحۡسَبُ ٱلۡإِنسَٰنُ أَلَّن نَّجۡمَعَ عِظَامَهُۥ ﴿٣﴾

بَلَىٰ قَـٰدِرِينَ عَلَىٰٓ أَن نُّسَوِّيَ بَنَانَهُۥ ﴿٤﴾

4-ኣይምሰሉ: ንሕና ኣይኮነን'ዶ ኣዕጽምቱ ምእካብ ካብኡ ንላዕሊ ኣጻብዕቱ ነንሕድሕደን ከምዝላገባ ክንገብሮ ከኣልቲ ኢና: (ወይ ነፍሲ ወከፍ ወዲሰብ ምስ ካልኦት ዘይመሳሰል ናይ ኣጻብዕቲ ምልክት ስለዘለዎ ኣላህ ነዚ ደቂቕ ፍልልያት ከይተረፈ ከመዓራርዮ ከኣሊ እዩ):

بَلْ يُرِيدُ ٱلْإِنسَـٰنُ لِيَفْجُرَ أَمَامَهُۥ ﴿٥﴾

5-ወዲሰብ ነዚ ዘይፈልጥ ኣይኮነን ግን ኣብተን ኣብ ቅድሚኡ ዘለዋ መዓልታት ከምድላዩ ክዕንድርን በደላት ክፍጽምን ስለዝደለየ እዩ:

يَسْـَٔلُ أَيَّانَ يَوْمُ ٱلْقِيَـٰمَةِ ﴿٦﴾

6-መዓልቲ ቅያማ (ምጽኣተ ዓለም) መዓስ· እያ? ኢሉ ናይ ለግጺ ሕቶ ይሓትት:

فَإِذَا بَرِقَ ٱلْبَصَرُ ﴿٧﴾

7-ኣዒንቲ ጎልሒጠን ምስ ፈዘዛ:

وَخَسَفَ ٱلْقَمَرُ ﴿٨﴾

8-ወርሒ'ውን ምስ ተኸወለት (ብርሃና ምስ ጠፍአ):

وَجُمِعَ ٱلشَّمْسُ وَٱلْقَمَرُ ﴿٩﴾

9-ጸሓይን ወርሕን'ውን ብሓደ ተኣኪበን ብርሃነን ምስ ጠፍአ: (ወይ'ውን ኣላህ ንኽልቲኦን ኣኪቡ ኣብ እሳት ይድርብየን)

يَقُولُ ٱلْإِنسَـٰنُ يَوْمَئِذٍ أَيْنَ ٱلْمَفَرُّ ﴿١٠﴾

10-ሽዑ ወዲሰብ "ካብ ጎይታ'ሞ ናበይ እዩ ክህደም" ይብል:

كَلَّا لَا وَزَرَ ﴿١١﴾

11-ኣይፋሉን: መሕብእስ የለን:

إِلَىٰ رَبِّكَ يَوْمَئِذٍ ٱلْمُسْتَقَرُّ ﴿١٢﴾

12-ሽዑ ናብ ጎይታኻ ጥራይ እዩ እቲ መዕረፍን መዓልቦ ፍጡራትን:

يُنَبَّؤُا۟ ٱلْإِنسَـٰنُ يَوْمَئِذٍۭ بِمَا قَدَّمَ وَأَخَّرَ ﴿١٣﴾

13-ሽዑ ወዲሰብ እቲ ቅድሚ ሞቱ ዘሕለፎ ሰናይ ይኹን እከይ ተግባራቱ ይንገሮ: ከምኡ'ውን እቲ ብድሕሪ ሞቱ ዘትረፎ (ሰብ ዝኽተሎ ተግባራት) ሰናይ ይኹን እከይ ይንገሮ:

بَلِ ٱلْإِنسَـٰنُ عَلَىٰ نَفْسِهِۦ بَصِيرَةٌ ﴿١٤﴾

14-ወዲሰብ ካብ ነፍሱ ንነፍሱ ዝምስክሩን ዝቆጻጸሩን ኣካላት ኣለውዎ (ማለት ቆርበቱ፣ ኣእዳዉ፣ ኣእጋሩ....ኣብ መዓልቲ ቅያማ ኣንጻሩ ክምስክራ እየን)

15-ወላ'ውን ምስምሳት ኣምጺኡ ክኻታዕ ይፈትን ደኣ'ምበር: በዞም መሰኻኽር ተረቲዑ ቃሉ ተቐባልነት ኣይክረክብን እዩ:

وَلَوْ أَلْقَىٰ مَعَاذِيرَهُۥ ﴿١٥﴾

16-እ ሙሓመድ ጂብሪል ቁርኣን ከመሓላልፈልካ እንከሎ ተሃዊኽካ ምስኡ መልሓስካ ኣይተንቀሳቕስ:[37]

لَا تُحَرِّكْ بِهِۦ لِسَانَكَ لِتَعْجَلَ بِهِۦٓ ﴿١٦﴾

17-ብርግጽ ንሕና ኣብ ልብኻ ክነስፍሮን ብቕኑዕ ኣናብባ እውን ከም እተንብቦን (ከምእተቐርኦን) ክንገብሮ ኢና:

إِنَّ عَلَيْنَا جَمْعَهُۥ وَقُرْءَانَهُۥ ﴿١٧﴾

18-እንተደኣ ብጂብሪል ﷺ ኣመሓላሊፍና ኣንቢብናልካ ድማ ነቲ ኣቀራርኣ ስማዕ ተኸታተል:

فَإِذَا قَرَأْنَـٰهُ فَٱتَّبِعْ قُرْءَانَهُۥ ﴿١٨﴾

19-ብድሕሪኡ'ውን ንሕና ኢና እኑብርሆን እንገልጾን:

ثُمَّ إِنَّ عَلَيْنَا بَيَانَهُۥ ﴿١٩﴾

20-ኣይፋልኩምን ባሮተይ ንስኹም እኮ እዛ ቐረባ ኣዱንያ ኢኹም እትፈትዉ: (ስለዚ ኣብኣ ዘደስተኩም ተግ ባራት ትፍጽሙ:)

كَلَّا بَلْ تُحِبُّونَ ٱلْعَاجِلَةَ ﴿٢٠﴾

21-ንኣኼራ ድማ ሸለል ኢልኩም ንዓኣ ዝኾነኩም ሰናይ ተግ ባራት ትገድፉ:

وَتَذَرُونَ ٱلْـَٔاخِرَةَ ﴿٢١﴾

22-ሽዑ ኣብ መዓልቲ ቅያማ (ምጽኣት) ገለ ገጻት ከበርህን ክምልክዕን እዩ:

وُجُوهٌ يَوْمَئِذٍ نَّاضِرَةٌ ﴿٢٢﴾

23-እዚ ገጻት'ዚ ንጎይታኡ ክርኢ እዩ:

إِلَىٰ رَبِّهَا نَاظِرَةٌ ﴿٢٣﴾

24-ሽዑ ኣብ መዓልቲ ቅያማ ገለ ገጻት'ውን ክጽልምትን ክጥቅርን ክጽወግን እዩ:

وَوُجُوهٌ يَوْمَئِذٍۭ بَاسِرَةٌ ﴿٢٤﴾

25-ዓቢ መዓት ከምዝወርዶም ድማ ይኣምኑ:

تَظُنُّ أَن يُفْعَلَ بِهَا فَاقِرَةٌ ﴿٢٥﴾

26-ኣይፋሎምን እዞም ከሓድቲ: ሩሕ ወዲሰብ ኣብ ሓላቕምቲ ምስ በጸሐት:

كَلَّآ إِذَا بَلَغَتِ ٱلتَّرَاقِىَ ﴿٢٦﴾

---

37 ነብይና ሙሓመድ ﷺ እቲ ኣላህ ዘውርዶ ዝነበረ ቁርኣን ካብ ጂብሪል ﷺ ክቕበልዎ እንከለዉ ነቲ ዝወሃቦም ዘሎ ቃላት ንኸይርስዕዎ ብማለት ጌና ጂብሪል ከይወደአ እንከሎ ነብይና ሙሓመድ ﷺ ብታህዋኽ መልሓሶም የንቀሳቕሱ ነይሮም: ኣብ መጻኢ ከምዚ ንኸይገብሩ ድማ በዛ እያ እላህ ከልኪልዎም:

27-መን ኣሎ ፈዋሲ ካብ ሞት ኣድሓኒ'ውን ምስ ተባህለ (ማለት እቶም ነዚ ትንፋሱ ክትሓልፍ ቀሪባ ዘላ ክሪኡ ዝመጹ ከምዚ ይብሉ)

وَقِيلَ مَنۡۜ رَاقٖ (٢٧)

28-እቲ ሩሑ ኣብ ሓላቕምቱ በጺሓ ዘላ ካብ ኣዱንያ ዝፈላ ለየላ ሰዓት ከምዝኣኸለት'ውን ይኣምን ይረጋገጽ:

وَظَنَّ أَنَّهُ ٱلۡفِرَاقُ (٢٨)

29-እታ ሓንቲ እግሩ ምስታ ካልኣይቲ እግሩ ተጠዋወየት: (ወይ'ውን እተን ክልተ ጭንቂ: ጭንቂ ኣዱንያን፣ ጭንቂ ኣኼራን ብሓደ ተጠሚረን ኣብታ እዋን ሞት ይርከባ):

وَٱلۡتَفَّتِ ٱلسَّاقُ بِٱلسَّاقِ (٢٩)

30-ሽዑ ኵሉ ትንፋስ (ሩሕ) ናብ ጎይታኻ ተምርሕ:

إِلَىٰ رَبِّكَ يَوۡمَئِذٍ ٱلۡمَسَاقُ (٣٠)

31-እቲ ካሕዳን ብነብይ ሙሓመድን ብቁርኣንን ኣይኣመነን ንኣላህ'ውን ኣይሰገደን:

فَلَا صَدَّقَ وَلَا صَلَّىٰ (٣١)

32-ግን ብኣንጻሩ ንልኡኽን ንመልእኽቲ ኣላህን ነጺጉ ሕቖኡ ሂቡ ኣድሓርሓረ:

وَلَٰكِن كَذَّبَ وَتَوَلَّىٰ (٣٢)

33-ብድሕሪኡ ናብ ስድራ ቤቱ ብትዕቢት ተወጢሩ ከደ:[38]

ثُمَّ ذَهَبَ إِلَىٰٓ أَهۡلِهِۦ يَتَمَطَّىٰٓ (٣٣)

34-ትሕሸካ ትሕሸካ (ወይልኻ ወይልኻ)

أَوۡلَىٰ لَكَ فَأَوۡلَىٰ (٣٤)

35-እንደገና'ውን ትሕሸካ ትሕሸካ ኣታ ከሓዲ:

ثُمَّ أَوۡلَىٰ لَكَ فَأَوۡلَىٰٓ (٣٥)

36-ወዲሰብሲ ዕሽሽ ተባሂሉ ዝግ ደፍ ይመስሎዶ? (ማለት ኣላህ ንወዲሰብ ብትእዛዛቱ ቀይዱ ንዝበደለ ከይቀጽዐን ንዘጸበቐ ጻማኡ ከይሃበን ሸለል ኣይብልን እዩ)

أَيَحۡسَبُ ٱلۡإِنسَٰنُ أَن يُتۡرَكَ سُدًى (٣٦)

37-እዚ ወዲሰብ'ሲ ካብ ፈሳሲ ዘርኢ ተባዕታይ እተተፍአ ንጣበ (ኑጥፋ) ዶ ኣይነበረን?

أَلَمۡ يَكُ نُطۡفَةٗ مِّن مَّنِيّٖ يُمۡنَىٰ (٣٧)

38-ብድሕሪኡ'ውን ርጉእ ደም (ዓለቃ) ነይሩ በብመድረኹ ምሉእ ወዲሰብ ገይሩ ኸኣ ኣላህ ፈጢርዎ:

ثُمَّ كَانَ عَلَقَةٗ فَخَلَقَ فَسَوَّىٰ (٣٨)

38-እዚ ተግባር'ዚ ኣቡ ጃህል ዝገበሮ እዩ:

فَجَعَلَ مِنْهُ ٱلزَّوْجَيْنِ ٱلذَّكَرَ وَٱلْأُنثَىٰٓ ﴿٣٩﴾

39-ካብቲ ፈሳሲ (ዘርኢ ተባዕታይ) ከኣ ኣላህ ክልተ ዓይነት ጾታ ተባዕታይን ኣንስተይትን ገበረ:

أَلَيْسَ ذَٰلِكَ بِقَٰدِرٍ عَلَىٰٓ أَن يُحْـِۧىَ ٱلْمَوْتَىٰ ﴿٤٠﴾

40-እዚ ከምዚ ገይሩ ዝፈጠረ ጎይታስ እንደገና ነቶም ምዉታት ከተንስእ ኣይክእልን ዶ? (ማለት እዚ ከምዚ ዓይነት ክእለት ኣፈጣጥራ ዘለዎ ነቲ ብህየቱ ዝነበረ ካብ ሞት ከተንስእ ይኽእል እዩ ንሱ ድማ ይቐልል):

سورة الإنسان
ሱረቱል'ኢ.ንሳን (እቲ ወድሰብ)

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

هَلْ أَتَىٰ عَلَى ٱلْإِنسَٰنِ حِينٌ مِّنَ ٱلدَّهْرِ لَمْ يَكُن شَيْـًٔا مَّذْكُورًا ﴿١﴾

1-ብርግጽ[39] ኣደም﵇ሩሕ ከይተፈጠረሉ እንከሎ ንነዊሕ ዓመታት ወዲሰብ ይፍለጥን ይጥቀስን ኣይነበረን:

إِنَّا خَلَقْنَا ٱلْإِنسَٰنَ مِن نُّطْفَةٍ أَمْشَاجٍ نَّبْتَلِيهِ فَجَعَلْنَٰهُ سَمِيعًۢا بَصِيرًا ﴿٢﴾

2-ብርግጽ ንሕና ንወዲሰብ ካብ ናይ ተባዕታይን ኣንስተይን እተሓዋወሰ ንጣበ (ኑጥፋ ዘርኢ ሰብ) ብትእዛዛትና ንኽንፈትኖ ስለ ዝፈጠርናዮ ሰማዕን ራእይን ገበርናዮ:

إِنَّا هَدَيْنَٰهُ ٱلسَّبِيلَ إِمَّا شَاكِرًا وَإِمَّا كَفُورًا ﴿٣﴾

3-ብርግጽ ንሕና ነቲ ኣሚኑ ዘመስግን ይኹን ወይ ነቲ ጠሊሙ ዝኽሕድ መገዲ ሓቂ ሓቢርናዮን ኣፍሊጥናዮን ኢና:

إِنَّآ أَعْتَدْنَا لِلْكَٰفِرِينَ سَلَٰسِلَا۟ وَأَغْلَٰلًا وَسَعِيرًا ﴿٤﴾

4-ብርግጽ ነቶም ከሓድቲ ሰንሰለታትን ኢዶም ምስ ክሳዶም ዝጥመሩሉ መቑሕን ኣዝዩ ተባራዒ እሳትን ኣዳሊናሎም ኣለና:

39-ኣብዚ ቦታ'ዚ (هل) ብ(قد) ትትርጎም:

5-ብርግጽ እቶም ንኣላህ
እተማእዘዙ ብጹኣን (ኣብራር)
ኣብ ጀና ምስ ካፉር (ስም
ቅዱይ ጨና) እተሓዋወሰ
መስተ ይሰትዩ:
6-እዛ ኣብ ጀና ባሮት ኣላህ
መስተ ዝሰትዩላ ዓይኒ: ኣብ
ዝደለይዎ ቦታ ከፊልፍልዋን
ከውሕዙዋን ይኽእሉ:

7-እዞም ምእዙዛት ባሮት ኣላህ
ኣብ ኣዱንያ መብጽዓኦም
ይሕልዉ፣ ካብቲ እከዩ ንዙሕን
ዝርጉሕን ዝኾነ መዓልቲ
ቅያማ'ውን ይፈርሑ:
8-ነቲ መግቢ'ውን እናፈተዉዎን[40]
እና ደለዩዎን እንከለዉ ነፍሶም
ገዲፎም ንመሳኪንን ንዘኽታማ
ትን ንእሱራትን ይምግብዎ:

9-ንሕና እንምግበኩም ዘለና ድማ
ሊላህ ኢልና: ኣላህ ጻማና
ክፈድየና እንተዘይኮይኑ
ካባኹም እንደልዮ ሞሳን
ምስጋናን የለን ይብልዎም:
10-ብርግጽ ንሕና ኣብቲ ገጻት
ዝጽወገሉ ጽንኩር መዓልቲ
ገጽና ከይጽወግ ካብ ኣላህ
ንፈርህ ኢና ይብሉ:

11-ስለዚ ኣላህ ካብ እከይ'ቲ
መዓልቲ ቅያማ (ምጽኣት)
ተኸላኺሉ ብርሃን ገጽን ሓጎስን
ደስታን ይህቦም:

12-ከምኡ'ውን ብሰንኪ ትዕግስቶም
ጀናን ሃሪ ክዳንን ከሓሶም:
13-ኣብ ጀና ኣብ ክቡር ዓራት
ተተርኢሶም ዋዒ ጸሓይ ይኹን
ቁሪ ኣሳሒታ ኣይሪኡን እዮም:

14-ከምኡ'ውን ጽላላ (ጽላል
ገረባት ጀና) ይቐርበሎም፣
ፍርያታ ንኽቕንጥቡ እውን
ኣዝዩ ይቐለሎም: (ማለት

إِنَّ ٱلْأَبْرَارَ يَشْرَبُونَ مِن كَأْسٍ
كَانَ مِزَاجُهَا كَافُورًا ﴿٥﴾
عَيْنًا يَشْرَبُ بِهَا عِبَادُ ٱللَّهِ يُفَجِّرُونَهَا
تَفْجِيرًا ﴿٦﴾
يُوفُونَ بِٱلنَّذْرِ وَيَخَافُونَ يَوْمًا كَانَ
شَرُّهُۥ مُسْتَطِيرًا ﴿٧﴾
وَيُطْعِمُونَ ٱلطَّعَامَ عَلَىٰ حُبِّهِۦ
مِسْكِينًا وَيَتِيمًا وَأَسِيرًا ﴿٨﴾
إِنَّمَا نُطْعِمُكُمْ لِوَجْهِ ٱللَّهِ لَا نُرِيدُ
مِنكُمْ جَزَآءً وَلَا شُكُورًا ﴿٩﴾
إِنَّا نَخَافُ مِن رَّبِّنَا يَوْمًا عَبُوسًا
قَمْطَرِيرًا ﴿١٠﴾
فَوَقَىٰهُمُ ٱللَّهُ شَرَّ ذَٰلِكَ ٱلْيَوْمِ وَلَقَّىٰهُمْ
نَضْرَةً وَسُرُورًا ﴿١١﴾
وَجَزَىٰهُم بِمَا صَبَرُوا۟ جَنَّةً وَحَرِيرًا ﴿١٢﴾
مُّتَّكِـِٔينَ فِيهَا عَلَى ٱلْأَرَآئِكِ ۖ لَا يَرَوْنَ
فِيهَا شَمْسًا وَلَا زَمْهَرِيرًا ﴿١٣﴾
وَدَانِيَةً عَلَيْهِمْ ظِلَٰلُهَا وَذُلِّلَتْ قُطُوفُهَا

---

40 -ወይ ንፍቶት ኣላህ ኢሎም ይምግብዎም:

ብደዎም፣ ብኾፎም፣ ብጎቦ ኮይኖም ነቲ ፍርያት የርክብዎ:

15-ከምኡ'ውን እቶም ኣገልገልቲ ነቶም ኣብ ጀና ዘለዉ ብኣቕሓታት ብሩርን ብኩባያ ታት ጥርሙዝን ይዘሩዎም:

16-እዚ ልሙጽ ጥርሙዝ ካብ ብሩር እተሰርሐ ውሽጡ ብደገ ዝረአ ኮይኑ እቶም ኣገልገልቲ ድማ ከየብዝሑ ከይነክዩ ከምቲ ድልየት ሰብ ጀና ዓቒኖም የቕርቡ:

17-ከምኡ'ውን ብሕዋስ መስተን ዝንጅብልን እተመልአ ብርጭቆ ይሰትዩ

18-ካብታ ኣብ ጀና ዘላ ሰልሰቢል እትስመ ዓይኒ ማይ:

19-ከምኡ'ውን ዘልኣለም ዘይኣርጉ ኮተቴ (ንኣሽቱ ኣወዳት) እናዞሩ የገልግልዎም: እዞም ኣወዳት ክትሪኦም እንከሎኻ ዛሕ ዝበለ ሉል ይመስሉኻ:

20-ኣብ ጀና ምስ እትጥምት'ውን ክግለጽ ዘይክኣል ጸጋን ዓቢ ንግስነትን ትርኢ:

21-ቀጠልያ ረቂቅ ሃርን ርዕዝዊ ሃርን ይኸደኑ፣ ብብሩር እተሰርሐ ኣምስተኛ ይስለሙ፣ ካብቲ ንጹህ መስተ'ውን ጎይታኦም የስትዮም:

22-ብርግጽ እዚ ኹሉ እተጠቕሰ ሽሻያት ጸማኹም እዩ፡ ከም ኡ'ውን ኹሉ ጻዕርኹም'ውን ምስጉን ነይሩ ይብሃሉ:

23-ብርግጽ ንሕና ኢና -እ መሓመድ- እዚ ቁርኣን በብቑሩብ ዘውረድናልካ:

تَذْلِيلًا ﴿١٤﴾
وَيُطَافُ عَلَيْهِم بِـَٔانِيَةٍ مِّن فِضَّةٍ
وَأَكْوَابٍ كَانَتْ قَوَارِيرَا۠ ﴿١٥﴾
قَوَارِيرَا۟ مِن فِضَّةٍ قَدَّرُوهَا تَقْدِيرًا ﴿١٦﴾
وَيُسْقَوْنَ فِيهَا كَأْسًا كَانَ مِزَاجُهَا
زَنجَبِيلًا ﴿١٧﴾
عَيْنًا فِيهَا تُسَمَّىٰ سَلْسَبِيلًا ﴿١٨﴾
۞ وَيَطُوفُ عَلَيْهِمْ وِلْدَٰنٌ مُّخَلَّدُونَ إِذَا
رَأَيْتَهُمْ حَسِبْتَهُمْ لُؤْلُؤًا مَّنثُورًا ﴿١٩﴾
وَإِذَا رَأَيْتَ ثَمَّ رَأَيْتَ نَعِيمًا وَمُلْكًا
كَبِيرًا ﴿٢٠﴾
عَـٰلِيَهُمْ ثِيَابُ سُندُسٍ خُضْرٌ وَإِسْتَبْرَقٌ
وَحُلُّوٓا۟ أَسَاوِرَ مِن فِضَّةٍ وَسَقَىٰهُمْ رَبُّهُمْ
شَرَابًا طَهُورًا ﴿٢١﴾
إِنَّ هَـٰذَا كَانَ لَكُمْ جَزَآءً وَكَانَ
سَعْيُكُم مَّشْكُورًا ﴿٢٢﴾
إِنَّا نَحْنُ نَزَّلْنَا عَلَيْكَ ٱلْقُرْءَانَ
تَنزِيلًا ﴿٢٣﴾

24-ስለዚ ኣላህ ዝወሰኖ ጽሕፍቶ ብትዕግስቲ ተቐበሎ፡[41] ካብ ህዝቢ መካ ንዝንበኛኦም (ሓጥያተኛ) ይኹን ንኽሓዲኦም ኣይትማእዘዝ፡

فَٱصْبِرْ لِحُكْمِ رَبِّكَ وَلَا تُطِعْ مِنْهُمْ ءَاثِمًا أَوْ كَفُورًا ﴿٢٤﴾

25-ንስም ጎይታኻ'ውን ኣጋ ንግ ሆን ኣጋ ምሸትን ዘክር፡ (ማለት ኣሱብሕን ዙህርን ዓስርን ስገድ)

وَٱذْكُرِ ٱسْمَ رَبِّكَ بُكْرَةً وَأَصِيلًا ﴿٢٥﴾

26-ለይቲ'ውን ስገደሉ (ማለት መቕሪብን ኣልዒሻን) ኣንዊሕካ ኸኣ ብለይቲ ሰብሓዮ (ማለት ተሃጁድ-ለይታዊ ሰላት- ንነዊሕ ሰዓታት ለይቲ ስገድ)[42]

وَمِنَ ٱلَّيْلِ فَٱسْجُدْ لَهُۥ وَسَبِّحْهُ لَيْلًا طَوِيلًا ﴿٢٦﴾

27-ብርግጽ እቶም ከሓድቲ ነዛ ቀረባ ዘላ ኣዱንያ ይፈትዉ፣ ነቲ ከቢድ መዓልቲ ምጽኣተ ዓለም ድማ ብዝባኖም ይጥንጥኑ (ማለት ኩሉ ተግ ባራቶም ምስ ጊዜኣዊ ዓለማዊ ረብሓ ዝተኣሳሰረ ደኣ'ምበር ምስ ኣኼራዊ ረብሓ ዝራኸብ ተግባራት ኣይገብሩን እዮም)፡

إِنَّ هَٰٓؤُلَآءِ يُحِبُّونَ ٱلْعَاجِلَةَ وَيَذَرُونَ وَرَآءَهُمْ يَوْمًا ثَقِيلًا ﴿٢٧﴾

28-ንሕና ፈጢርናዮም ንኣፈጣ ጥራኦም እውን ቀጥ ኣቢል ናዮ፡ እንተደለና'ውን ነዞም ፍጡራት ኣህሊቕና ብኻልኦት ንዐኦም ዝመስሉ ግን ሰናይ ዝገብሩ ፍጡራት ምተካእናዮም፡

نَّحْنُ خَلَقْنَٰهُمْ وَشَدَدْنَآ أَسْرَهُمْ ۖ وَإِذَا شِئْنَا بَدَّلْنَآ أَمْثَٰلَهُمْ تَبْدِيلًا ﴿٢٨﴾

29-ብርግጽ እዛ ሱራ'ዚኣ መዘኻኸሪት እያ፡ ስለዚ በዓል ድልየት ናብ ጎይታኡ ዘብጽሕ መገዲ ይሕዝ፡

إِنَّ هَٰذِهِۦ تَذْكِرَةٌ ۖ فَمَن شَآءَ ٱتَّخَذَ إِلَىٰ رَبِّهِۦ سَبِيلًا ﴿٢٩﴾

30-ግን እንተደኣ መገዲ ክትሕዙ ድልየት ኣላህ ዘይኮነ ናትኩም ድልየት ንበይኑ እኹል ኣይኮነን፡ ብርግጽ ኣላህ ኣዝዩ ፈላጥን ፍጹም ጥበበኛን እዩ፡

وَمَا تَشَآءُونَ إِلَّآ أَن يَشَآءَ ٱللَّهُ ۚ إِنَّ ٱللَّهَ كَانَ عَلِيمًا حَكِيمًا ﴿٣٠﴾

31-ንዝደለዮ ኣብ ጸጋኡ (ኣብ ጀና) የእትዎ፡ ነቶም

يُدْخِلُ مَن يَشَآءُ فِى رَحْمَتِهِۦ

---

41 -ማለት ኣላህ ንዓኻ -ኦ መሓመድ- ልኡኽ ብምግባሩ፣ ዓወት ብምድንጓዩ፣ ወዘተ.... ኩሉ ብትዕግስቲ ተቐበሎ፡

42 -እዚ ነዊሕ ሰዓታት ለይቲ ምስጋድ ኣብ መጀመርያ እስልምና ግዴታ ነይሩ ሱራ ቁ.73 ተወከስ፡

وَٱلظَّٰلِمِينَ أَعَدَّ لَهُمۡ عَذَابًا أَلِيمَۢا ﴿٣١﴾

ዓመጸኛታት (ሙሽሪኪን ከሓድትን) ድማ ኣዝዩ ዘቖንዙ ስቓይ ኣዳልዩሎም ኣሎ።

سورة المرسلات
ሱረቱል'ሙርሰላት(እቶም ተለኣኣኹቲ)

بِسۡمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحۡمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

وَٱلۡمُرۡسَلَٰتِ عُرۡفٗا ﴿١﴾

1-ብቶም ትእዛዛት ኣላህ ኣኽቢሮም ዝለኣኣኹ መላኢካታት እም ሕል፡ (ወይ ብቲ ኣከታቲሉ ዝለኣኽ ንፋስ እምሕል)፡

فَٱلۡعَٰصِفَٰتِ عَصۡفٗا ﴿٢﴾

2-ብቶም ንንፋስ ዘናፍሱ መላኢካታትእውን እምሕል (ወይ ብቲ ብርቱዕ ንፋስ'ውን እምሕል)፡

وَٱلنَّٰشِرَٰتِ نَشۡرٗا ﴿٣﴾

3-ብቶም ንመጻሕፍቲ ወይ ደመና ዝዝርግሑ መላኢካታት'ውን እምሕል፡ (ወይ ብቲ ንደማናን ዝናምን ዝዝርግሕ ንፋስ እምሕል)፡

فَٱلۡفَٰرِقَٰتِ فَرۡقٗا ﴿٤﴾

4-ብቶም ሓቅን ሓሶትን ዝፈላሊ ሒዞም ዝመጹ መላኢካታት'ውን እምሕል፡ (ወይ ብቲ ሓቅን ሓሶትን ዝፈላሊ ቁርኣን እምሕል፡ ወይ ብቲ ንደመና ዝበታትን ንፋስ እምሕል)፡

فَٱلۡمُلۡقِيَٰتِ ذِكۡرًا ﴿٥﴾ عُذۡرًا أَوۡ نُذۡرًا ﴿٦﴾

(5-6)ብቶም ናብ ነብያታት ኣጠንቃቕን ነጻጊ ምኽኒትን ራእይ (ዋሕይ) ዘምጽኡ መላኢካታት እምሕል፡ (ማለት እቲ መላኢካታት ካብ ኣላህ ናብ ነብያታት ዘመሓላልፍዎ ራእይ (ዋሕይ) ካብ ስቓይ ዘጠንቅቅን ጽባሕ ድማ ኣብ ቅድሚ ኣላህ ዝመጸኒ መልእኽቲ የብለይን ኢልካ ንኽይተመኽንን ዝወረደ እዩ)፡

إِنَّمَا تُوعَدُونَ لَوَٰقِعٌ ﴿٧﴾

7-ብርግጽ እቲ እትወሃብዎ ዘለኹም ውዕል ክዉን እዩ፡

فَإِذَا ٱلنُّجُومُ طُمِسَتۡ ﴿٨﴾

8-ከዋኽብቲ ብርሃኖም ምስ ጠፍአ፡

وَإِذَا ٱلسَّمَآءُ فُرِجَتۡ ﴿٩﴾

9-ሰማይ'ውን ምስ ተጨደደት፡

وَإِذَا ٱلۡجِبَالُ نُسِفَتۡ ﴿١٠﴾

10-ኣኽራናት'ውን ካብ ቦትኡ ምስ ተበንቈረ፡

وَإِذَا ٱلرُّسُلُ أُقِّتَتۡ ﴿١١﴾

11-ልኡኻት እላህ'ውን ንህዝቦም ንኽምስክሩ መዓልቲ ምስ ተወሰነሎም፡

لِأَيِّ يَوۡمٍ أُجِّلَتۡ ﴿١٢﴾

12-ናብ ኣየናይ መዓልቲ እያ ተመሓላሊፉ እዛ ልኡኻት ኣላህ ንህዝቦም ዝምስክሩላ ቈጸራ? (ማለት ደቂሰብ ነዚ መዓልቲ'ዚ ከምዚ እናበሉ ይግረሙሉ)፡

لِيَوۡمِ ٱلۡفَصۡلِ ﴿١٣﴾

13-ናብታ ኣላህ ንደቂሰብ ዝግልፈላ (ዝፈላልየላ) መዓልቲ ተመሓላሊፉ[43] (ማለት ኑቶም ኣመንትን ከሓድ ኦትን ነንበይኖም ፈልዩ ንኣመንቲ ጀና የእትዎም፡ ንከሓድቲ ድማ ጀሃነም የእትዎም)፡

وَمَآ أَدۡرَىٰكَ مَا يَوۡمُ ٱلۡفَصۡلِ ﴿١٤﴾

14-እንታይከ ኣፍለጠካ እንታይነት መዓልቲ ምግላፍ፡ (እዚ ሕቶ ዕብየት ናይዛ መዓልቲ ዝሕብር እዩ)፡

وَيۡلٞ يَوۡمَئِذٖ لِّلۡمُكَذِّبِينَ ﴿١٥﴾

15-ወይልኦም ሽዓ መዓልቲ እቶም ከሓድቲ፡

أَلَمۡ نُهۡلِكِ ٱلۡأَوَّلِينَ ﴿١٦﴾

16-ኑቶም ቅድሚ ሙሓመድ ﷺ ዝነበሩ ከሓድቲ ኣየህለቕናዮምን ዲና? (ማለት ኣህሊቕናዮም ኢና)፡

ثُمَّ نُتۡبِعُهُمُ ٱلۡأٓخِرِينَ ﴿١٧﴾

17-ኑቶም ብድሕሪኦም ዝመጽኡ ከሓድቲ'ውን ነዐኦም ክነኸትሎም ኢና፡ (ማለት ከምቲ ኑቶም ቀዳሞት ዘህለቕና ነዞም ዳሕረዎት'ውን ከነህልቖም ኢና)፡

---

43 እዛ ኣያ ኑታ ቅድሜኣ ዘላ ኣያ- ደቂሰብ ተገሪሞም ዝሓተትዎ ሕቶ- እትምልስ ኣያ እያ፡

18-ልክዕ ከምዚ ጌርና ኢና ነቶም ወንጀለኛታት (ከሓድቲ ሙሽሪኪን) ነህልቖም:

كَذَٰلِكَ نَفۡعَلُ بِٱلۡمُجۡرِمِينَ ١٨

19-ወይልኦም ሽዓ መዓልቲ እቶም ከሓድቲ:

وَيۡلٞ يَوۡمَئِذٖ لِّلۡمُكَذِّبِينَ ١٩

20-ካብ ሕሱርን ቀሊልን ማይ ዶ ኣይኮናን ፈጢርናኩም: (ማለት ካብቲ ፈሳሲ ዘርኢ ወድሰብ ኢና ፈጢርናኩም):

أَلَمۡ نَخۡلُقكُّم مِّن مَّآءٖ مَّهِينٖ ٢٠

21-ነዚ ማይ ድማ ኣብ ኣማን ቦታ (ኣብ ማሕጸን) ኣንቢርናዮ:

فَجَعَلۡنَٰهُ فِي قَرَارٖ مَّكِينٍ ٢١

22-ንውሱን መዓልቲ (ማለት ተጠኒሱ ክሳዕ እታ ዝውለደላ መዓልቲ):

إِلَىٰ قَدَرٖ مَّعۡلُومٖ ٢٢

23-ንሕና'ውን ኢና ቀየስቲ ኩሉንትነታት'ዚ ውሉድ: ንሕና እቲ ሰናይን ብሉጽን ቀያሲ(ቀዳሪ) ኢና:

فَقَدَرۡنَا فَنِعۡمَ ٱلۡقَٰدِرُونَ ٢٣

24-ወይልኦም ሽዓ መዓልቲ እቶም ከሓድቲ:

وَيۡلٞ يَوۡمَئِذٖ لِّلۡمُكَذِّبِينَ ٢٤

(25-26)-እዛ ምድሪ ንሂየታውያንን ንምዉታንን ኣኪባ እትሓቁፍ ዶ ኣይገበርናያን ኢና? (ማለት ጌርናያ ኢና)

أَلَمۡ نَجۡعَلِ ٱلۡأَرۡضَ كِفَاتًا ٢٥ أَحۡيَآءٗ وَأَمۡوَٰتٗا ٢٦

27-ነዛ ምድሪ'ውን ነዋሕቲ ኣኽራናት ጌርናላ: ከምኡ'ውን ንዓኻትኩም ጥዑም ማይ ኣስተናኩም:

وَجَعَلۡنَا فِيهَا رَوَٰسِيَ شَٰمِخَٰتٖ وَأَسۡقَيۡنَٰكُم مَّآءٗ فُرَاتٗا ٢٧

28-ወይልኦም ሽዓ መዓልቲ እቶም ከሓድቲ:

وَيۡلٞ يَوۡمَئِذٖ لِّلۡمُكَذِّبِينَ ٢٨

29-ናብቲ እትኽሕድዎ ዝነበርኩም ስቓይ ንቐሉ:

ٱنطَلِقُوٓاْ إِلَىٰ مَا كُنتُم بِهِۦ تُكَذِّبُونَ ٢٩

30-ናብቲ ሰለስተ ቃራና ዘለዎ ጽላል (ትኪ ጀሃነም) ንቐሉ ይበሃሉ:

ٱنطَلِقُوٓاْ إِلَىٰ ظِلّٖ ذِي ثَلَٰثِ شُعَبٖ ٣٠

31-እዚ ጽላል'ዚ ኣየጽልል: ካብ ሃልሃልታ እሳተ-ጀሃነም'ውን ኣየድሕንን እዩ:

لَّا ظَلِيلٖ وَلَا يُغۡنِي مِنَ ٱللَّهَبِ ٣١

(32-33)-ብርግጽ ጀሃነም ልክዕ ጸለምቲ[44] ኣግማል ዝመስል ከክንዲ ቀስር[45] ዝኸውን ቁልዒ ትድርቢ፡

34-ወይልኦም ሽዓ መዓልቲ እቶም ከሓድቲ፡

35-እዚ መዓልቲ'ዚ እቲ ዘይዛረቡሉ መዓልቲ እዩ፡ (ማለት ኣብ ገለ እዋናት ኣፎም ዝልጎመሉ እዋን ኣሎ)፡

36-ንኽመኽንዩ እውን ኣይፍቀዶ ምን እዩ፡

37-ወይልኦም ሽዓ መዓልቲ እቶም ከሓድቲ፡

38-እዚ መዓልቲ'ዚ መዓልቲ ምግ ላፍ እዩ ንዓኹምን ነቶም ቀዳሞት ከሓድትን ኣኻኺብ ናኩም፡

39-ንኽትድሕኑ ተመሻጢርኩም እትገብርዎ ውዲት እንተለኩም እስከ ተመሻጠሩለይ፡

40-ወይልኦም ሽዓ መዓልቲ እቶም ከሓድቲ፡

41-ብርግጽ እቶም ቁጣዐ እላህ ፈሪሆም ሰናይ ዝገብሩ ዝነበሩ ሙእምኒን ኣብ ትሕቲ ጽላልን፡ ኣብ ዓይንታት ማይን ይነብሩ፡

42-ካብቲ ደስ ዝብሎም ፍሩታታት'ውን ይወሃቡ፡

43-ተደሲትኩም ብልዑ ስተዩ ብሰንኪ'ቲ ኣብ ኣዱንያ እትገብርዎ ዝነበርኩም ሰናይ ግብሪ ይበሃሉ፡

44-ብርግጽ ንሕና ከምዚ ጌርና ኢና ነቶም ገበርቲ ሰናይ ጻማኦም እንኽፍሎም፡

45-ወይልኦም ሽዓ መዓልቲ እቶም ከሓድቲ፡

إِنَّهَا تَرْمِى بِشَرَرٍ كَٱلْقَصْرِ ﴿٣٢﴾ كَأَنَّهُۥ
جِمَٰلَتٌ صُفْرٌ ﴿٣٣﴾
وَيْلٌ يَوْمَئِذٍ لِّلْمُكَذِّبِينَ ﴿٣٤﴾
هَٰذَا يَوْمُ لَا يَنطِقُونَ ﴿٣٥﴾
وَلَا يُؤْذَنُ لَهُمْ فَيَعْتَذِرُونَ ﴿٣٦﴾
وَيْلٌ يَوْمَئِذٍ لِّلْمُكَذِّبِينَ ﴿٣٧﴾
هَٰذَا يَوْمُ ٱلْفَصْلِ جَمَعْنَٰكُمْ
وَٱلْأَوَّلِينَ ﴿٣٨﴾
فَإِن كَانَ لَكُمْ كَيْدٌ فَكِيدُونِ ﴿٣٩﴾
وَيْلٌ يَوْمَئِذٍ لِّلْمُكَذِّبِينَ ﴿٤٠﴾
إِنَّ ٱلْمُتَّقِينَ فِى ظِلَٰلٍ وَعُيُونٍ ﴿٤١﴾
وَفَوَٰكِهَ مِمَّا يَشْتَهُونَ ﴿٤٢﴾
كُلُوا۟ وَٱشْرَبُوا۟ هَنِيٓـًٔا بِمَا كُنتُمْ تَعْمَلُونَ ﴿٤٣﴾
إِنَّا كَذَٰلِكَ نَجْزِى ٱلْمُحْسِنِينَ ﴿٤٤﴾
وَيْلٌ يَوْمَئِذٍ لِّلْمُكَذِّبِينَ ﴿٤٥﴾

44-ዓረብ ንጸለምቲ ኣግማል (ሱፍር) ይብሉወን ምኽንያቱ እቲ ጽልመን ብጫ ሕብሪ ዝሰተየ ስለ ዝመስል፡

45 -(ቀስር) ማለት ብዙሕ ክፍልታትን ኣገልግሎትን ዘለዎ ዓቢ ቤት እዩ፡

46-ኣቱም ከሓድቲ ኣብዛ ኣዱንያ ሒደት ብልዑ ሒደት ተደሰቱ ብርግጽ ንስኹም ወንጀለኛታት ኢኹም፡

كُلُوا۟ وَتَمَتَّعُوا۟ قَلِيلًا إِنَّكُم مُّجْرِمُونَ ﴿٤٦﴾

47-ወይልኦም ሽዓ መዓልቲ እቶም ከሓድቲ፡

وَيْلٌ يَوْمَئِذٍ لِّلْمُكَذِّبِينَ ﴿٤٧﴾

48-ስገዱ እንተተባህሉ ድማ ኣይሰግዱን፡[46]

وَإِذَا قِيلَ لَهُمُ ٱرْكَعُوا۟ لَا يَرْكَعُونَ ﴿٤٨﴾

49-ወይሎም ሽዓ መዓልቲ እቶም ከሓድቲ፡

وَيْلٌ يَوْمَئِذٍ لِّلْمُكَذِّبِينَ ﴿٤٩﴾

50-ብቁርኣን ዘይኣመኑ እሞ በየናይ ዘረባ እዮም ክኣምኑ።

فَبِأَىِّ حَدِيثٍ بَعْدَهُۥ يُؤْمِنُونَ ﴿٥٠﴾

سورة النبأ
ሱረቱ'ንባእ (እቲ ወረ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ነብይ ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ካብ ኣላህ መልእኽቲ ተቐቢሉ ቁርኣን ክዝርግሕ ምስ ጀመረ ኣብ መካ ዝነበሩ ከሓድቲ ብዛዕባ'ዚ ሓድሽ ወረ ነንሕድሕዶም ክተሓታተቱ ምስ ጀመሩ ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ከምዚ በሉ፥

1-3)ብዛዕባ እንታይ እዮም እዞም ከሓድቲ ዝተሓታተቱ ዘለዉ፡ ብዛዕባ'ቲ ተፈላሊዮም ዘለዉ ዓቢ ወረ ናይ ቁርኣን ድዮም ዝተሓተቱ ዘለዉ።

عَمَّ يَتَسَآءَلُونَ ﴿١﴾ عَنِ ٱلنَّبَإِ ٱلْعَظِيمِ ﴿٢﴾
ٱلَّذِى هُمْ فِيهِ مُخْتَلِفُونَ ﴿٣﴾

4-5)ኣይፈልጡምን፣ ክፈልጡ እዮም፡ ከምኡ'ውን ኣይፋሎ ምን ክፈልጡ እዮም መዓልቦ ክሕደቶም።

كَلَّا سَيَعْلَمُونَ ﴿٤﴾ ثُمَّ كَلَّا سَيَعْلَمُونَ ﴿٥﴾

6)ንምድሪ መንጸፍ ኣይገበርናያን ዶ? (ማለት እነሆ እንዶ ንምድሪ መንጸፍ ጌርናያ።)

أَلَمْ نَجْعَلِ ٱلْأَرْضَ مِهَٰدًا ﴿٦﴾

7)ኣኽራናት ከኣ ንምድሪ ቀጥ ከብል ሸኻል ኣይገበርናዮን ዶ? (ማለት ጌርናዮ።)

وَٱلْجِبَالَ أَوْتَادًا ﴿٧﴾

46-ማለት ኣብ ኣዱንያ እንከለዉ ይሰግዱ ኣይነበሩን፡ ወይ ብመዓልቲ ቅያማ ስገዱ ይበሃሉ እሞ ኣብ ኣዱንያ ይሰግዱ ስለ ዘይነበሩ ሽዑ'ውን ክሰግዱ ኣይክእሉን፡

وَخَلَقْنَٰكُمْ أَزْوَٰجًا ﴿٨﴾

8)(ተባዕታይን ኣንስተይትን) ጽምዲ ጌርና ኸኣ ፈጢርናኩም።

وَجَعَلْنَا نَوْمَكُمْ سُبَاتًا ﴿٩﴾

9)ድቃስኩም ከኣ መዕረፍ ኣካላትኩም ጌርናዮ።

وَجَعَلْنَا ٱلَّيْلَ لِبَاسًا ﴿١٠﴾

10) ለይቲ ከኣ ብጸልማቱ ከም ክዳን ንዓኹምን ንመሬትን ከም ዘልብስ ጌርናዮ።

وَجَعَلْنَا ٱلنَّهَارَ مَعَاشًا ﴿١١﴾

11) ቀትሪ ከኣ ናብራኹም እትናድዩሉ ብርሃን ጌርናዮ:

وَبَنَيْنَا فَوْقَكُمْ سَبْعًا شِدَادًا ﴿١٢﴾

12)ኣብ ልዕሌኹም ከኣ ሸውዓተ ተረርቲ ሰማያት ነዲቕና።

وَجَعَلْنَا سِرَاجًا وَهَّاجًا ﴿١٣﴾

13)ከምኡ'ውን ሃልሃል ዝብል መብራህቲ ጸሓይ ጌርና ።

وَأَنزَلْنَا مِنَ ٱلْمُعْصِرَٰتِ مَآءً ثَجَّاجًا ﴿١٤﴾

14)ካብ ግመታት ዝጽሞቖ ዝናም'ውን ብርቱዕ ማይ ኣውሪድና።

لِّنُخْرِجَ بِهِۦ حَبًّا وَنَبَاتًا ﴿١٥﴾

15)ምእንቲ ብኡ ካብ መሬት ጥረ እኽልን ሳዕርን ኣታኽልትን ከነውጽእ (ከነብ ቁል):

وَجَنَّٰتٍ أَلْفَافًا ﴿١٦﴾

16)ከምኡ'ውን ዝተሓላለኸ ጀራዲን።

إِنَّ يَوْمَ ٱلْفَصْلِ كَانَ مِيقَٰتًا ﴿١٧﴾

17)ብርግጽ ኣላህ ንባሮቱ ዝብይነሉ መዓልቲ ውሱንን ቁሩሕን እዩ።

يَوْمَ يُنفَخُ فِى ٱلصُّورِ فَتَأْتُونَ أَفْوَاجًا ﴿١٨﴾

18)(ኢስራፊል) መለኸት ኣብ ዝነፍሓሉ እዋን -ኣብ የውመል ቂያማ- ናብቲ ፍጡራት ዝእከቡሉ ቦታ በብጉጅለ ኴንኩም ክትመጹ ኢኹም።

وَفُتِحَتِ ٱلسَّمَآءُ فَكَانَتْ أَبْوَٰبًا ﴿١٩﴾

19)ሰማይ'ውን (መላኢካ ንኽወርዱ) መዓጹኣ ተኸፊቱ።

وَسُيِّرَتِ ٱلْجِبَالُ فَكَانَتْ سَرَابًا ﴿٢٠﴾

20)ኣኽራናት ከኣ ካብ ቦትኡ ለቒቁ ከምዘይረኤ ኮይኑ።

إِنَّ جَهَنَّمَ كَانَتْ مِرْصَادًا ﴿٢١﴾

21) ብርግጽ ጀሃነም (ንኸሓድቲ) ተዳልያ ትጽበ ኣላ ።

لِّلطَّٰغِينَ مَـَٔابًا ﴿٢٢﴾

22)ንቶም ትእዛዝ ኣላህ ዝጠሓሱ መምለሲቶም እያ።

لَّٰبِثِينَ فِيهَآ أَحْقَابًا ﴿٢٣﴾

23)ንነዊሕ ዘመናት ክቕመጥዋ እዮም።

لَّا يَذُوقُونَ فِيهَا بَرْدًا وَلَا شَرَابًا ﴿٢٤﴾

24)ንኑብሶም ዘዝሕል ወይ ንጽምኣቶም ዘርዊ መስተ ኣብኣ ኣይለኽፉን እዮም።

إِلَّا حَمِيمًا وَغَسَّاقًا ﴿٢٥﴾

25)ብጀካ ውዑይ ማይን ብርቱዕ ኣስሓይታን (ወይ ምጉሊ ህዝቢ ጀሃነም) እንተዘይኮይኑ።

جَزَآءً وِفَاقًا ﴿٢٦﴾

26)ምስቲ ግብሮም ዝሰማማዕ ሕነ እዮም ተፈድዮም።

إِنَّهُمْ كَانُوا۟ لَا يَرْجُونَ حِسَابًا ﴿٢٧﴾

27)ብርግጽ እዞም ኩሓድቲ ጽባሕ ሕሳብ ኣሎ ዝብል እምነት ኣይነበሮምን።

وَكَذَّبُوا۟ بِـَٔايَـٰتِنَا كِذَّابًا ﴿٢٨﴾

28)በቲ ኣያትና'ውን (ማለት ምልክታትና፣ ተኣምርና፣ ልኡ ኻትና፣ ቃላትና፣ ትእዛዝና...ወዘተ) ርግጸኛ ክሕደት ክሒዶም።

وَكُلَّ شَىْءٍ أَحْصَيْنَـٰهُ كِتَـٰبًا ﴿٢٩﴾

29)ኩሉ ነገራት ከኣ ብጽሑፍ በብሓደ ቆጺርናዮ ኢና።

فَذُوقُوا۟ فَلَن نَّزِيدَكُمْ إِلَّا عَذَابًا ﴿٣٠﴾

30)ጠዓምዎ ደኣ ብጀካ ስቓይ ካልእ ኣይንውስኸኩምን ኢና።

إِنَّ لِلْمُتَّقِينَ مَفَازًا ﴿٣١﴾

31)ትእዛዛት ኣላህ ዝተኸተሉ ኣመንቲ (ሙእሚኒን) ብርግጽ ዓወት ክጎናጸፉ እዮም።

حَدَآئِقَ وَأَعْنَـٰبًا ﴿٣٢﴾

32)ጀራዲንን ወይንን፣

وَكَوَاعِبَ أَتْرَابًا ﴿٣٣﴾

33)ሓደ ዝዕድመአን ጡብን ዘይወደቐ ጎራዙን፣

وَكَأْسًا دِهَاقًا ﴿٣٤﴾

34)ብመስተ ዝተመልአ መቓድሕን ክልገሰሎም እዩ።

لَّا يَسْمَعُونَ فِيهَا لَغْوًا وَلَا كِذَّٰبًا ﴿٣٥﴾

35)ሃተው ቀጠው ኮነ ሓሶት'ውን ኣብኡ (ኣብ ጀና) ኣይሰምዑን እዮም።

جَزَآءً مِّن رَّبِّكَ عَطَآءً حِسَابًا ﴿٣٦﴾

36)ኣዚ ኹኣ ብሰንኪ'ቲ ሰናይ ግብሮም ዝተፈድይዎ እኹል ዘይጉዱል ህያብ እዩ።

رَّبِّ ٱلسَّمَـٰوَٰتِ وَٱلْأَرْضِ وَمَا بَيْنَهُمَا ٱلرَّحْمَـٰنِ ۖ لَا يَمْلِكُونَ مِنْهُ خِطَابًا ﴿٣٧﴾

37)ኣላህ ጎይታ ሰማይን መሬትን ጎይታ ኣብ መንጎ ሰማይን መሬትን ዘለዉ ፍጡራት ስለ ዝኾነ ኣብቲ ግዜ'ቲ ማንም ንኣላህ ክዛረቦ ዝደፍርን ዝኽእልን የልቦን።

يَوْمَ يَقُومُ ٱلرُّوحُ وَٱلْمَلَـٰٓئِكَةُ صَفًّا ۖ لَّا يَتَكَلَّمُونَ إِلَّا مَنْ أَذِنَ لَهُ ٱلرَّحْمَـٰنُ وَقَالَ صَوَابًا ﴿٣٨﴾

38)ኣብቲ ግዜ'ቲ ኩሎም መላኢካታት ምስ ጂብሪል ቆይሞም ብመስርዕ ክስለፉ እንከለዉ ብጀካ'ቲ ንኽሽፍዕ (መንጎኛ ንክኸውን) ኣላህ ዘፍቀደሉን ኣብ ኣዱንያ ላኢላህ ኢለላህ ኢሉ ሰናይ

ዝዛረብ ዝነበረን እንተዘይኮይኑ ካልእ ፍጡር ዘይዛረበሉ መዓልቲ'ዩ።

39)እቲ መዓልቲ'ቲ ብሓቂ ክርከብ ስለዝኾነ በዓል ድልየት ናብ ፈጣሪኡ መምለሲ ዝኾኑ ሰናይ ተግ ባር ክግባእ ይግባእ።

40)ብርግጽ ንሕና ካብ ኣብ ቀረባ ዘሎ ስቓይ ኣጠንቂቕናኩም ኢና፡ ሽዑ ወዲ ሰብ ኢዱ ዘጽንሐትሉ ተግባር ብዓይኑ ክርኢ እንከሎ፡ እቲ ብኣላህ ዝኽሓደ ተጣዒሱ ሓመድ ኮይነ እንተዝተርፍ ምሓሸኒ እናበለ ይትምነ።

ذَٰلِكَ ٱلۡيَوۡمُ ٱلۡحَقُّۖ فَمَن شَآءَ ٱتَّخَذَ إِلَىٰ رَبِّهِۦ مَـَٔابًا ﴿٣٩﴾

إِنَّآ أَنذَرۡنَٰكُمۡ عَذَابًا قَرِيبًا يَوۡمَ يَنظُرُ ٱلۡمَرۡءُ مَا قَدَّمَتۡ يَدَاهُ وَيَقُولُ ٱلۡكَافِرُ يَٰلَيۡتَنِي كُنتُ تُرَٰبَۢا ﴿٤٠﴾

سورة النازعات

ሱረቱ'ናዚዓት (እቶም መንዛዕቲ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسۡمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحۡمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1-5)ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ምጽኣተ ዓለም(የውመል ቂያማ) ኣታዊ ምዃኑ ብቶም ንሩሕ ፍጡራት ብሓይሊ ዝምንዝዑ፡ ካብ ኣካላት ከኣ ብቕጽበት ዝስሕብዋ፤ ኣብ ሰማያት ላዕልን ታሕትን እናበሉ ዝሕምብሱ፤ ንሩሕ ሙእሚኒን ናብ ጀና (ገነት) ክብጽሑ ዝቀዳደሙ፤ ንትእዛዛት ኣላህ ተኸቲሎም ዝወከሎም ተግባር ዘመሓ ዳድሩ መላኢካታት ይምሕል።[47]

وَٱلنَّٰزِعَٰتِ غَرۡقٗا ﴿١﴾ وَٱلنَّٰشِطَٰتِ نَشۡطٗا ﴿٢﴾ وَٱلسَّٰبِحَٰتِ سَبۡحٗا ﴿٣﴾ فَٱلسَّٰبِقَٰتِ سَبۡقٗا ﴿٤﴾ فَٱلۡمُدَبِّرَٰتِ أَمۡرٗا ﴿٥﴾

6)(እታ ቀዳመይቲ ምንፋሕ ምስተገብረት) ኩሉ ነገር

يَوۡمَ تَرۡجُفُ ٱلرَّاجِفَةُ ﴿٦﴾

---

47 ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ብዝደለዮ ነገር ብፍጡራቱ ይኹን ብኹብሱ ይምሕል ስለ ዝኾነ ኣብዛ ሱራ ይኹን ኣብ ካልእ ምዕራፋትን ኣያታትን ናይ ቁርኣን ከምዚ ዓይነት ማሕላ ብብዝሒ ይግነፈና እዩ።

ኣንቀጥቂጡ ዝሞተላ ምስ መጸት:

تَتۡبَعُهَا ٱلرَّادِفَةُ ۞

7)ከምኡ'ውን ደድሕሪኣ እታ ካልኣይቲ ናይ ትንሳኤ ምንፋሕ ትኽተላ (ሽዑ ኩሉ ነገር ሂወቱ ይምለሶ።)

قُلُوبٞ يَوۡمَئِذٖ وَاجِفَةٌ ۞

8)ሽዑ ልብታት ይፈርሃን ይቡጅቡጃን የንቀጥቅጣን።

أَبۡصَٰرُهَا خَٰشِعَةٞ ۞

9)ኣዒንትታታ ብሕስረት ንታሕቲ ይጥምታ።

يَقُولُونَ أَءِنَّا لَمَرۡدُودُونَ فِي ٱلۡحَافِرَةِ ۞

10)እቶም ኩሓድቲ ኣብ ኣዱንያ እንከለዉ: ሜትና ኣብ ጉድጓድ ምስ ኣተና እንደገና ዶ ንምለስ ኢና? ይብሉ

أَءِذَا كُنَّا عِظَٰمٗا نَّخِرَةٗ ۞

11)ዝቖንቆነ ኣዕጽምቲ'ውን ምስኮና ? (እናበሉ ብትንሳኤ ይኣምኑ ኣይነበሩን።)

قَالُواْ تِلۡكَ إِذٗا كَرَّةٌ خَاسِرَةٞ ۞

12)እንተደኣ ከምዚ መሓመድ ዝበለና ዘሎ ክንምለስ ኬናስ ብጣዕሚ ከቢድ ክሳራ እዩ ይብሉ።

فَإِنَّمَا هِيَ زَجۡرَةٞ وَٰحِدَةٞ ۞

13)ትንሳኤ ንኽመጽእ እታ ካልኣይቲ ዘይብላ ሓንቲ ምንፋሕ እያ እተድሊ።

فَإِذَا هُم بِٱلسَّاهِرَةِ ۞

14)ሽዑ ኩሎም ካብ ከብዲ መሬት ወጺኦም ኣብ ስጣሕ ዝባን መሬት ይእከቡ።

هَلۡ أَتَىٰكَ حَدِيثُ مُوسَىٰٓ ۞

15)ኦ መሓመድ ወረ ናይ ሙሳ ምስ ፈርዖን መጺኡካ እንድዩ?

إِذۡ نَادَىٰهُ رَبُّهُۥ بِٱلۡوَادِ ٱلۡمُقَدَّسِ طُوًى ۞ ٱذۡهَبۡ إِلَىٰ فِرۡعَوۡنَ إِنَّهُۥ طَغَىٰ ۞

16-17)ኣላህ ንሙሳ ኣብቲ ጡዋ ዝተባህለ ቅዱስ ቦታ ጸዊዑ ናብቲ ትዕቢተኛ ዝኾነ ኣረሜናዊ ከሓዲ ፈርዖን ክኸይድ ኣዘዞ።

فَقُلۡ هَل لَّكَ إِلَىٰٓ أَن تَزَكَّىٰ ۞

18)ናብ ፈርዖን ምስ በጻሕካ ከኣ "መገዲ ንጽሕና ክትክተል ድልየትዶ ኣለካ" ኢልካ ሕተቶ?

وَأَهۡدِيَكَ إِلَىٰ رَبِّكَ فَتَخۡشَىٰ ۞

19)ካብ መቕጻዕቲ ኣላህ ክትፈርህ ከኣ ናብ መገዲ እምነትን ኣምልኾት ኣላህን ዶ ክሕብረካ?

20)ሸዕኡ ሙሳ ንፈርያን እታ ዓባይ ናይ መልእኽቱ ምልክት ዝነበረት ተኣምር (እታ ናብ ተመን እትልወጥ በትሩን: ጻዕዳ እትልወጥ ኢዱን) ኣርኣዮ:
21)ፈርያን ግን ብሙሳ ክሒዱ ትእዛዛት ኣላህ ነጸገ።
22)ክምኡ'ውን ንሙሳ ንምቅዋም ቃልሱን ጎስጓሱን ኣካየደ።
23)ንመላእ ህዝቡን ሰራዊቱን ኣኪቡ ጨደረ።
24)ኣነ እየ እቲ ልዑል ጎ ይታኹም ክኣ በለ።
25)ኣላህ ክኣ ብስቓይ ኣኼራን ስቓይ ኣዱንያን ቀጸዖ።
26)ብርግጽ እዚ ንፈርያን ዝረኸበ መቕጻዕቲ ኑቲ ፈራህ ረቢ ዓቢ መለበሚ እዩ።
27-28)ኣንቱም ብትንሳኤ ዘይትኣምኑ ዘለኹም ደቂ ሰብ ንዓኹም ምፍጣር ዶ ይብርትዕ ኮይኑ ይስመዓኩም ወይስ ነዚ ኣብ ልዕሌኹም ዘሎ ሰማይ: ኣላህ እኮ እዩ ብዘይ ገለ ጉድለት ኣብ ላዕሊ ሰጥ ኣቢሉ ነዲቑዎ።
29)ንለይቱ ክኣ ኣጸልሚቱ ንቐትሩ ብብርሃን ክፈቶ ጋህ ኣበሎ።
30)ብድሕሪኡ ንመሬት ዘርገሓ።
31)ማያን ህይወታውያን ዝበልዕዎ ኣታኽልታን ካብ ውሽጣ ኣውጽአ።
32)ንጎቦታትን ኣኽራናትን ክኣ ንመሬት ቀጥ ከብል ኣብ ከብዳ ተኸሎ።
33)እዚ ኹሉ ኸኣ ምእንቲ ጥቕምኹምን ጥቕሚ ጥሪትኩምን እዩ።

فَأَرَىٰهُ ٱلْءَايَةَ ٱلْكُبْرَىٰ ﴿٢٠﴾
فَكَذَّبَ وَعَصَىٰ ﴿٢١﴾
ثُمَّ أَدْبَرَ يَسْعَىٰ ﴿٢٢﴾
فَحَشَرَ فَنَادَىٰ ﴿٢٣﴾
فَقَالَ أَنَا۠ رَبُّكُمُ ٱلْأَعْلَىٰ ﴿٢٤﴾
فَأَخَذَهُ ٱللَّهُ نَكَالَ ٱلْءَاخِرَةِ وَٱلْأُولَىٰٓ ﴿٢٥﴾
إِنَّ فِى ذَٰلِكَ لَعِبْرَةً لِّمَن يَخْشَىٰٓ ﴿٢٦﴾
ءَأَنتُمْ أَشَدُّ خَلْقًا أَمِ ٱلسَّمَآءُ ۚ بَنَىٰهَا ﴿٢٧﴾
رَفَعَ سَمْكَهَا فَسَوَّىٰهَا ﴿٢٨﴾
وَأَغْطَشَ لَيْلَهَا وَأَخْرَجَ ضُحَىٰهَا ﴿٢٩﴾
وَٱلْأَرْضَ بَعْدَ ذَٰلِكَ دَحَىٰهَآ ﴿٣٠﴾
أَخْرَجَ مِنْهَا مَآءَهَا وَمَرْعَىٰهَا ﴿٣١﴾
وَٱلْجِبَالَ أَرْسَىٰهَا ﴿٣٢﴾
مَتَٰعًا لَّكُمْ وَلِأَنْعَٰمِكُمْ ﴿٣٣﴾

فَإِذَا جَآءَتِ ٱلطَّآمَّةُ ٱلْكُبْرَىٰ ﴿٣٤﴾

يَوْمَ يَتَذَكَّرُ ٱلْإِنسَٰنُ مَا سَعَىٰ ﴿٣٥﴾

وَبُرِّزَتِ ٱلْجَحِيمُ لِمَن يَرَىٰ ﴿٣٦﴾

فَأَمَّا مَن طَغَىٰ ﴿٣٧﴾

وَءَاثَرَ ٱلْحَيَوٰةَ ٱلدُّنْيَا ﴿٣٨﴾

فَإِنَّ ٱلْجَحِيمَ هِىَ ٱلْمَأْوَىٰ ﴿٣٩﴾

وَأَمَّا مَنْ خَافَ مَقَامَ رَبِّهِۦ وَنَهَى ٱلنَّفْسَ عَنِ ٱلْهَوَىٰ ﴿٤٠﴾

فَإِنَّ ٱلْجَنَّةَ هِىَ ٱلْمَأْوَىٰ ﴿٤١﴾

يَسْـَٔلُونَكَ عَنِ ٱلسَّاعَةِ أَيَّانَ مُرْسَىٰهَا ﴿٤٢﴾

فِيمَ أَنتَ مِن ذِكْرَىٰهَآ ﴿٤٣﴾

إِلَىٰ رَبِّكَ مُنتَهَىٰهَآ ﴿٤٤﴾

إِنَّمَآ أَنتَ مُنذِرُ مَن يَخْشَىٰهَا ﴿٤٥﴾

كَأَنَّهُمْ يَوْمَ يَرَوْنَهَا لَمْ يَلْبَثُوٓا۟ إِلَّا عَشِيَّةً أَوْ ضُحَىٰهَا ﴿٤٦﴾

34)እንተደኣ ቂያማ ኣኺላ ብኻልእይቲ ምንፋሕ ኩሉ ምዉት ተንሲኡ::
35)ሽዑ እዩ ወዲ ሰብ ኩሉ እቲ ኣብ ኣዱንያ ዝፍጽሞ ዝነበረ ሰናይን እከይን ግብሩ ዝዝክር:
36)እሳት ጀሃነም ከኣ ተቐሊዓ ንኹሉ ፍጡር ትርኣዮ::
37)እቲ ብኣላህ ዝኽሓደን ትእዛዛቱ ዘየኽበረን፣
38)ቀዳምነት ንኣዱንያ ሂቡ ንኣኼራ ዝረሰዐን:
39)ብርግጽ እሳተ ጀሃነም እያ መንበሪቱን መዕረፊቱን::
40)ግን እቲ ነታ ኣብ ቅድሚ ረቢ ደው ዝብለላ መዓልቲ ዘኪሩ ዝፈረሀን ንኑብሱ ካብ ዊንታኣ ከልኪሉ ትእዛዛት ኣላህ ዘኽበረን ዝተኸተለን:
41)ብርግጽ እታ ጀና እያ ቤቱን መንበሪቱን::
42)ዎ ሙሓመድ: ካሓድቲ ቂያማ መዓስ እያ እትመጽእ ኢሎም ይሓቱኻ ኣለዉ::
43)ንስኻ ብዛዕባ ዕለታ እትፈልጦ የብልካን::
44)ብጀካ ሓደ ጎይታኻ ካልእ ብሓቂ ዕለታ ዝፈልጥ የልቦን::
45)ግደኻ ነቶም ዝፈርህዋ ዘበሉ ምጥንቃቕ ጥራይ እዩ::
46)እዞም ዝኽሕዱዋ ዘለዉ ጽባሕ ብዓይኖም ምስ ረኣይዋ ኣብ ኣዱንያ ወይ ኣብ ቀብሮም ፍርቂ መዓልቲ (ናይ ንግሆ ወይ ናይ ምሸት) ጥራይ ዝገበሩ ኮይኑ ክስመዮም እዩ::

سورة عبس
ሱረቱ ዓበሳ (ተጸወገ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1-2)(ረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም) እቲ ዓይነስዉር ምስ መጸ ተጸዊጉ ገጹ ገልበጠ።[48]

عَبَسَ وَتَوَلَّىٰٓ ﴿١﴾ أَن جَآءَهُ ٱلْأَعْمَىٰ ﴿٢﴾

3)ዎ መሓመድ እንታይ ኣፍሊጡካ ምናልባት እዚ ዓይነስዉር በቲ እትህቦ ኣስተምህሮ ናብ መገዲ ንጽህና ይኣቱ ይኸውን።

وَمَا يُدْرِيكَ لَعَلَّهُۥ يَزَّكَّىٰٓ ﴿٣﴾

4)ወይ ከኣ በቲ እትህቦ መውዒዛ(ስብከት) ዘኪሩ ይጥቀም ይኸውን።

أَوْ يَذَّكَّرُ فَتَنفَعَهُ ٱلذِّكْرَىٰٓ ﴿٤﴾

5)እቲ ብሃብቱ ተኣማሚኑ ንኣላህ ዝረስዐ ግን ድልየት ናይ እምነት ዘይብሉ እንከሎ:

أَمَّا مَنِ ٱسْتَغْنَىٰ ﴿٥﴾

6)ናብኡ ገጽካ ጌርካ ትዛረብ: ዘረብኡ'ውን ትሰምዕ።

فَأَنتَ لَهُۥ تَصَدَّىٰ ﴿٦﴾

7)እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩሓዲ ይእመን ኣይእመን ኣይትገደ ሰሉ መልእኽትኻ ጥራይ ኣብ ጽሓሉ።

وَمَا عَلَيْكَ أَلَّا يَزَّكَّىٰ ﴿٧﴾

8)እቲ ናብ መገዲ ቅንዕና ክትሕብሮ እናጎየየ ዝመጸካን:

وَأَمَّا مَن جَآءَكَ يَسْعَىٰ ﴿٨﴾

9)ፍርሃት ኣላህ ዘለዎን ሰብ ግን

وَهُوَ يَخْشَىٰ ﴿٩﴾

10)ገጽካ ናብ ካልእ ሸነኽ ብምግባር ኣየድሃብካሉን።

فَأَنتَ عَنْهُ تَلَهَّىٰ ﴿١٠﴾

11)ኣይፋልካን (ከምዚ ኣይትግበር:) እዛ ሱራ ከኣ ንዓኻ

كَلَّآ إِنَّهَا تَذْكِرَةٌ ﴿١١﴾

---

48 እዛ ሱራ ዝወረደትላ ምኽንያት ረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ኑቶም ሸማግለ ናይ ቁረይሽ ናይ እስልምና ዳዕዋ እናሃበ ኢብን ኡም መክቱም ዝተባህለ ዓይነ ስዉር መጺኡ ኣብ መንጎ ዘረባ ዎ ረሱል ብዛዕባ እስልምና መሃረኒ በሎ: ረሱል ከኣ ነዚ ምቁራጽ ጸሊኡን ኑቶም ሸማግለታት ቁረይሽ ብዝያዳ ኣብ እስልምና ክኣትዉ ሃንቀውታ ብምሕዳሩን ስለ እተጸወገ: እዛ ሱራ ክጽወግ ከምዘይነበሮ ክትሕብር(ክትገንሖ) ወሪዳ።

ምዕዶን መዘኻኸሪትን እያ።
12)ድልየት ዘለዎ ባርያ ከኣ ነዚ ምዕዶ'ዚ ክኽተል እዩ።
13)እዚ ምዕዶ ኸኣ ኣብቲ ክቡር ናይ ኣላህ መጽሓፍ እዩ ሰፊሩ
14)ንጹህን ልዑልን ከኣ እዩ:
15)ኣብ ኢድ እቶም ናብ ነብይታት ዝለኣኹ መላኢካ ታት እዩ ዘሎ
16)ክቡራትን ተኽተልቲ ትእዛዛት ኣላህ ዝኾኑ ብጹኣን እዮም።
17)ይቀዘፍ እዚ ከሓዲ ዝኾነ ወዲ ሰብ ክንደይ ከ ይብርትዕ ክሕደቱ?
18)ካብ እንታይ ድዩ ኣላህ ነዚ ሰብ'ዚ ፈጢርዎ ?
19)ካብ ፈሳሲ ዝኾነ ዘርኢ'ዶ ኣይኮነን ፈጢሩ ዘስተኻኸሎን ዘመዓራረዮን:
20)ብድሕሪኡ ከኣ መገዲ ቅንዕናን መገዲ ክፍኣትን ከምዝፈልጥ ገብሮ።
21)ብድሕሪኡ'ውን ሞይቱ ብኽብረት ከምዝቕበር ገብሮ።
22)ብድሕሪዚ ከኣ ኣላህ ኣብታ ዝደልያ መዓልቲ ኣሕዊዩ ካብ ቀብሩ ከተንስኦ እዩ።
23)ወዲ-ሰብ ግን ገና በቲ ኣላህ ዝወሰነሉ ትእዛዝ ኣይተ ማእዘዘን።
24)እስከ ወዲ-ሰብ ነቲ ምኽንያት ሂወቱ ዝኾነ መግ ቡ ይተዓዘብ።
25)ብርግጽ ንሕና ንማይ ካብ ሰማይ ብዝናም ከዓናዮ።
26)ብድሕሪኡ ንመሬት በቲ ዝበቊል ኣታኽልቲ ጨደድናያ።

فَمَن شَآءَ ذَكَرَهُۥ ﴿١٢﴾
فِى صُحُفٍ مُّكَرَّمَةٍ ﴿١٣﴾
مَّرْفُوعَةٍ مُّطَهَّرَةٍۭ ﴿١٤﴾
بِأَيْدِى سَفَرَةٍ ﴿١٥﴾
كِرَامٍۭ بَرَرَةٍ ﴿١٦﴾
قُتِلَ ٱلْإِنسَـٰنُ مَآ أَكْفَرَهُۥ ﴿١٧﴾
مِنْ أَىِّ شَىْءٍ خَلَقَهُۥ ﴿١٨﴾
مِن نُّطْفَةٍ خَلَقَهُۥ فَقَدَّرَهُۥ ﴿١٩﴾
ثُمَّ ٱلسَّبِيلَ يَسَّرَهُۥ ﴿٢٠﴾
ثُمَّ أَمَاتَهُۥ فَأَقْبَرَهُۥ ﴿٢١﴾
ثُمَّ إِذَا شَآءَ أَنشَرَهُۥ ﴿٢٢﴾
كَلَّا لَمَّا يَقْضِ مَآ أَمَرَهُۥ ﴿٢٣﴾
فَلْيَنظُرِ ٱلْإِنسَـٰنُ إِلَىٰ طَعَامِهِۦٓ ﴿٢٤﴾
أَنَّا صَبَبْنَا ٱلْمَآءَ صَبًّا ﴿٢٥﴾
ثُمَّ شَقَقْنَا ٱلْأَرْضَ شَقًّا ﴿٢٦﴾

فَأَنۢبَتۡنَا فِيهَا حَبّٗا ﴿٢٧﴾

27)ኣብኣ ከኣ ጥረምረ(ጥረታት) ኣብቊልና።

وَعِنَبٗا وَقَضۡبٗا ﴿٢٨﴾

28)ከምኡውን ወይንን፣ ልምሉም ሳዕርን፣

وَزَيۡتُونٗا وَنَخۡلٗا ﴿٢٩﴾

29)ኣውሊዕን፣ ተምርን።

وَحَدَآئِقَ غُلۡبٗا ﴿٣٠﴾

30)ሮኻትን ዝተሓላለኹ ኣግራብን ዘለዎ ጀራዲን።

وَفَٰكِهَةٗ وَأَبّٗا ﴿٣١﴾

31)ፍሩታን እንስሳ ዝበልዕኦ ኣቊጽልቲ ኣብቊልና።

مَّتَٰعٗا لَّكُمۡ وَلِأَنۡعَٰمِكُمۡ ﴿٣٢﴾

32)ምእንቲ ረብሓኹምን ረብሓ ጥሪትኩምን።

فَإِذَا جَآءَتِ ٱلصَّآخَّةُ ﴿٣٣﴾

33)እታ ኣእዛን እተጽምም ድምጺ ናይ ትንሳኤ ምስ መጸት።

يَوۡمَ يَفِرُّ ٱلۡمَرۡءُ مِنۡ أَخِيهِ ﴿٣٤﴾ وَأُمِّهِۦ وَأَبِيهِ ﴿٣٥﴾ وَصَٰحِبَتِهِۦ وَبَنِيهِ ﴿٣٦﴾

34-36)ወዲ-ሰብ ካብ ሓዉ፣ ካብ ኣዲኡን ኣቦኡን፣ ካብ ሰበይቱን ደቁን ዝሃድመላ መዓልቲ እያ።

لِكُلِّ ٱمۡرِيٕٖ مِّنۡهُمۡ يَوۡمَئِذٖ شَأۡنٞ يُغۡنِيهِ ﴿٣٧﴾

37)ነፍስ ወከፍ ካብኣቶም ሽዑ ዘኣኽሎ ጉዳይ ኣለዎ።

وُجُوهٞ يَوۡمَئِذٖ مُّسۡفِرَةٞ ﴿٣٨﴾

38)ሽዑ -ኣብ መዓልቲ ትንሳኤ- ገጽ ኣመንቲ ትበርህ።

ضَاحِكَةٞ مُّسۡتَبۡشِرَةٞ ﴿٣٩﴾

39)ትስሕቅን ትድሰትን።

وَوُجُوهٞ يَوۡمَئِذٍ عَلَيۡهَا غَبَرَةٞ ﴿٤٠﴾

40)ከምኡ'ውን ገጽ ከሓድቲ ትቕምስልን ደሮና ትኸደንን።

تَرۡهَقُهَا قَتَرَةٌ ﴿٤١﴾

41)ጸለሎን ጸልማትን ይዕብለላ።

أُوْلَٰٓئِكَ هُمُ ٱلۡكَفَرَةُ ٱلۡفَجَرَةُ ﴿٤٢﴾

42)እዚኣቶም እዮም ከኣ ከሓድትን (ሓጥያተኛታትን) ብልሹዋትን።

سورة التكوير
ሱረቱ'ተክዊር (እቲ ምኽባብ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسۡمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحۡمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1)እታ ጸሓይ ንኽትድርበ ከም ኩዕሶ ተጠቓሊላ ምስ ተኸበ ቡት።

إِذَا ٱلشَّمۡسُ كُوِّرَتۡ ﴿١﴾

2)እተን ከዋኽብቲ'ውን ተበታቲነን ካብ ሰማይ ምስ ዝወድቃ።

وَإِذَا ٱلنُّجُومُ ٱنكَدَرَتۡ ﴿٢﴾

3)እተን ኣኽራናት'ውን ካብ መሬት ተበንቊሩን ኣብ ሃዋህው ምስ ዝንቀሳቐሳ።

وَإِذَا ٱلۡجِبَالُ سُيِّرَتۡ ﴿٣﴾

4)እተን መላኣት ኣግማል'ውን ዋናታተን መዓት ቂያማ (ምጽኣት) ስለዝረኣዩ ብዘይ ጓሳ ምስ ዝፍንውወን

وَإِذَا ٱلۡعِشَارُ عُطِّلَتۡ ﴿٤﴾

5)እተን ኣራዊት'ውን ካብ ሞት ተሲኦን ፍርዲ ንኽቕበላ ምስ ዝእከባ።

وَإِذَا ٱلۡوُحُوشُ حُشِرَتۡ ﴿٥﴾

6)እቲ ባሕሪታት'ውን ሓዊ ኮይኑ ምስ ዝቃጸል።

وَإِذَا ٱلۡبِحَارُ سُجِّرَتۡ ﴿٦﴾

7)እተን ነፍስታት'ውን መምስ ተመሳሳሊኦን ምስ ዝጻመዳ (ኣማኒ ምስ ኣማኒ ኩሓዲ ምስ ኩሓዲ ...ወዘተ)።

وَإِذَا ٱلنُّفُوسُ زُوِّجَتۡ ﴿٧﴾

8-9)እታ ብዝሕወታ ዝተደፍነት ቆልዓ በየናይ ሓጢኣት (ዘንቢ) ከምተቐትለት ምስ እትሕተት (ዓረብ ኣብ ግዜ ጃሂልያ ድኽነት ወይ ክብረቶም ከይድኑስ ፈሪሆም ጓሎም ብቖልዓኣ እንክላ ይደፍንዋ ኔሮም)።

وَإِذَا ٱلۡمَوۡءُۥدَةُ سُئِلَتۡ ﴿٨﴾ بِأَيِّ ذَنۢبٖ قُتِلَتۡ ﴿٩﴾

10)እቲ ተግባራት ፍጡር ዝጽሓፈሉ መጻሕፍቲ'ውን ምስተዘርገሐ:

وَإِذَا ٱلصُّحُفُ نُشِرَتۡ ﴿١٠﴾

11)እታ ሰማይ'ውን ተጨዲዳ ምስ ተልግስ:

وَإِذَا ٱلسَّمَآءُ كُشِطَتۡ ﴿١١﴾

12)እታ እሳተ ጀሃነም'ውን ንኽሓድትን በደልትን ምስተናኽሰት:

وَإِذَا ٱلۡجَحِيمُ سُعِّرَتۡ ﴿١٢﴾

13)እታ ገነት'ውን (ጀና) ንኣመንቲ ምስተቐረበት:

وَإِذَا ٱلۡجَنَّةُ أُزۡلِفَتۡ ﴿١٣﴾

14)ሽዑ እያ ነፍሲ (ወዲ-ሰብ) ዝተማለአቶ ነገር -ሰናይ ወይ

عَلِمَتۡ نَفۡسٞ مَّآ أَحۡضَرَتۡ ﴿١٤﴾

እኪይ- እትፈልጥ።

15-16)በተን ቀትሪ ዝሕበኣ ተንቀሳቐስቲ ከዋኽብቲ እምሕል።	فَلَآ أُقۡسِمُ بِٱلۡخُنَّسِ ﴿١٥﴾ ٱلۡجَوَارِ ٱلۡكُنَّسِ ﴿١٦﴾
17)ከምኡ'ውን በቲ ለይቲ ጸልማቱ ምስ ኣተወ።	وَٱلَّيۡلِ إِذَا عَسۡعَسَ ﴿١٧﴾
18)ከምኡ'ውን በቲ ንግሆ ብርሃኑ ምስ ተቐልቀለ።	وَٱلصُّبۡحِ إِذَا تَنَفَّسَ ﴿١٨﴾
19)እዚ ቁርኣን (ካብ ኣላህ ናብ ነቢና ሙሓመድ) ብቃል ክቡር ልኡኽ (ጂብሪል) ከምዝተ ማሓላለፈ።	إِنَّهُۥ لَقَوۡلُ رَسُولٖ كَرِيمٖ ﴿١٩﴾
20)ንሱ'ውን (ጂብሪል) ኣብ ቅድሚ ረቢ በዓል ሓይልን ዱልዱልን እዩ።	ذِي قُوَّةٍ عِندَ ذِي ٱلۡعَرۡشِ مَكِينٖ ﴿٢٠﴾
21)ኩሎም መላኢኻታት ከኣ ይእዘዝዎ: መልእኽቲ ኣላህ ናብ ነብይታት ከብጽሕ እንከሎ ኸኣ እሙን እዩ።	مُّطَاعٖ ثَمَّ أَمِينٖ ﴿٢١﴾
22)እ ህዝቢ መካ እዚ ብጻይኩም (ሙሓመድ) ﷺ ከኣ ጽሉል ኣይኮነን (ከምቲ ንስኹም ተካፍእዎ ዘለኹም።)	وَمَا صَاحِبُكُم بِمَجۡنُونٖ ﴿٢٢﴾
23)ሙሓመድ'ውን ንጅብሪል በቲ ቀንዲ መልክዑ ብምብራቓዊ ወገን መካ ብርግጽ ሪኡዎ እዩ።	وَلَقَدۡ رَءَاهُ بِٱلۡأُفُقِ ٱلۡمُبِينِ ﴿٢٣﴾
24)ከምኡ'ውን ነቢይ ሙሓመድ ነቲ ዝረኸበ ዘሎ ናይ ሰማይ ዋሕይ ኣይሓብኣልኩምን እዩ።	وَمَا هُوَ عَلَى ٱلۡغَيۡبِ بِضَنِينٖ ﴿٢٤﴾
25)ከምኡውን እዚ ቁርኣን ቃል ሰይጣን ካህናት ኣይኮነን።	وَمَا هُوَ بِقَوۡلِ شَيۡطَٰنٖ رَّجِيمٖ ﴿٢٥﴾
26)ኣየናይ መገዲ መሪጽኩም ኢኹም እሞ እትኸዱ: ድሕሪ'ዚ ዝተገልጸልኩም ሓቅታት:	فَأَيۡنَ تَذۡهَبُونَ ﴿٢٦﴾
27)እዚ ቁርኣን ከኣ ንምሉእ ዓለም መዘኻኸሪ ጥራይ እዩ	إِنۡ هُوَ إِلَّا ذِكۡرٞ لِّلۡعَٰلَمِينَ ﴿٢٧﴾
28)እንተደኣ ካባኹም ቅኑዕ መገዲ ሓቅን ኢማንን ክኽተል ዝደሊ ኣሎ ኮይኑ።	لِمَن شَآءَ مِنكُمۡ أَن يَسۡتَقِيمَ ﴿٢٨﴾
29)ዝደለኹሞ ናይ ቅንዕና ነገር'ውን ካብ ድልየት ኣላህ ጎይታ ዓለም ኣይወጽእን እዩ።	وَمَا تَشَآءُونَ إِلَّآ أَن يَشَآءَ ٱللَّهُ رَبُّ ٱلۡعَٰلَمِينَ ﴿٢٩﴾

سورة الإنفطار
ሱረቱል'ኢንፊጣር (እቲ ምትርጋእ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ
እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسۡمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحۡمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1)እታ ሰማይ (መላኢካ ንኽወርዱ) ምስተተርግአት:

إِذَا ٱلسَّمَآءُ ٱنفَطَرَتۡ ١

2)እተን ከዋኽብቲ'ውን ምስተወዳደቓ:

وَإِذَا ٱلۡكَوَاكِبُ ٱنتَثَرَتۡ ٢

3)እቲ ባሕርታት ከኣ ምቁሩን ዕረኡን ምስተሓዋወሰ:

وَإِذَا ٱلۡبِحَارُ فُجِّرَتۡ ٣

4)እቲ ቀብርታት'ውን ሓመዱ ተገምጢሉ ምዉታቱ ምስወጹ

وَإِذَا ٱلۡقُبُورُ بُعۡثِرَتۡ ٤

5)ሽዑ እያ ነፍሲ ዘሕለፈቶን ዝገደፈቶን ሰናይን እከይን ግብራ እትፈልጥ።

عَلِمَتۡ نَفۡسٞ مَّا قَدَّمَتۡ وَأَخَّرَتۡ ٥

6)ዎ ወዲ-ሰብ እንታይ እዩ በቲ ለጋስ ዝኾነ ጎይታኻ ክትክሕድ ዘታለለካ።

يَٰٓأَيُّهَا ٱلۡإِنسَٰنُ مَا غَرَّكَ بِرَبِّكَ ٱلۡكَرِيمِ ٦

7)በቲ ዝፈጠረካን ዘስተኻኽለካን ዘመዓራረየካን።

ٱلَّذِي خَلَقَكَ فَسَوَّىٰكَ فَعَدَلَكَ ٧

8)ብዝደለዮ መልክዕን ቅርጽን ከኣ ኣገጣጢሙ ቅርጺ ዘውጸኣልካ።

فِيٓ أَيِّ صُورَةٖ مَّا شَآءَ رَكَّبَكَ ٨

9)ኣይፋልኩምን: በቲ መዓልቲ ሕሳብን ምፍዳይን ኢኹም እትኽሕዱ ዘለኹም: (ወይ በቲ ሃይማኖት እስልምና ኢኹም እትኽሕዱ ዘለኹም።)

كَلَّا بَلۡ تُكَذِّبُونَ بِٱلدِّينِ ٩

10)ብርግጽ ንዓኹም ዝቆጻጸሩ ግብር ኹም ዘጽንዑ መላኢካታት ኣለዉ።

وَإِنَّ عَلَيۡكُمۡ لَحَٰفِظِينَ ١٠

11)ናይ ግብርኹምን ቃልኩምን ክቡራት ጸሓፍቲ ዝኾኑ።

كِرَامٗا كَٰتِبِينَ ١١

12)ኩሉ እትገብርዎ ከኣ (ሰናይ ይኹን እከይ) ይፈልጥዎ እዮም።

يَعۡلَمُونَ مَا تَفۡعَلُونَ ١٢

13)ብርግጽ እቶም ትእዛዝ ኣላህ ተኸተሉ ኣመንትን ጻድቃናትን ኣብ ሽሻይ ገነት እዮም ዝነብሩ።	إِنَّ ٱلْأَبْرَارَ لَفِى نَعِيمٍ ﴿١٣﴾
14)ብርግጽ እቶም ከሓድቲ ድማ ኣብ እሳተ ገሃነም ይኣትዉ።	وَإِنَّ ٱلْفُجَّارَ لَفِى جَحِيمٍ ﴿١٤﴾
15)ኣብ መዓልቲ ምጽኣተ ዓለም ብዋዒኣን ሃልሃልታኣን ይሳቐዩ።	يَصْلَوْنَهَا يَوْمَ ٱلدِّينِ ﴿١٥﴾
16)ካብኣ'ውን ኣይወጹ፣ ኣይርሕቁ፣ መዋእሎም'ዮም ዝነብሩዋ።	وَمَا هُمْ عَنْهَا بِغَآئِبِينَ ﴿١٦﴾
17)እንታይ ከ ትፈልጥ ብዛዕባ መዓልቲ ምጽኣተ ዓለም።	وَمَآ أَدْرَىٰكَ مَا يَوْمُ ٱلدِّينِ ﴿١٧﴾
18)እረ እንታይ ከ ትፈልጥ ብዛዕባ መዓልቲ ምጽኣተ ዓለም *(ዕብየትን ክብርን ናይዚ መዓልቲ ንምምልካት እዛ ኣያ ተደጊማ)*	ثُمَّ مَآ أَدْرَىٰكَ مَا يَوْمُ ٱلدِّينِ ﴿١٨﴾
19)ኣብዚ መዓልቲ'ዚ ዝኾነት ነፍሲ ንዝኾነት ነፍሲ እትውንኖ ምንም ጥቕሚ የለን፡ ኩሉ ነገር ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣብ ኢድ ኣላህ እዩ፡ (ከምቲ ኣብ ዓለም እንከለዉ ዝህቦም ዝነበረ ዋኒናት ኣይህቦምን እዩ።)	يَوْمَ لَا تَمْلِكُ نَفْسٌ لِّنَفْسٍ شَيْـًٔا وَٱلْأَمْرُ يَوْمَئِذٍ لِّلَّهِ ﴿١٩﴾

سورة المطففين
ሱረቱል'ሙጠፊፊን (እቶም ስፍሪ ዘጉደሉ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ	بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَـٰنِ ٱلرَّحِيمِ
1)ወይልኣም እቶም ኣብ ስፍሪ ዘደናግሩ፡	وَيْلٌ لِّلْمُطَفِّفِينَ ﴿١﴾
2)እቶም ካብ ካልእ ሰብ ክገዝኡ እንከለዉ ስፍሮም ብግቡእ ዝልክዑ።	ٱلَّذِينَ إِذَا ٱكْتَالُوا۟ عَلَى ٱلنَّاسِ يَسْتَوْفُونَ ﴿٢﴾
3)ንኻልእ ሰብ ክሸጡሉ እንተሰፈሩን እንተመዘኑን ከኣ ዘጒዱሉሉ።	وَإِذَا كَالُوهُمْ أَو وَّزَنُوهُمْ يُخْسِرُونَ ﴿٣﴾
4)እዞም ነዚ ነገር ዝፍጽሙ ካብ ቀብሮም ከምዝትንስኡ ኣይኣምኑን ድዮም?	أَلَا يَظُنُّ أُو۟لَـٰٓئِكَ أَنَّهُم مَّبْعُوثُونَ ﴿٤﴾

5)ኣብ መዓልቲ ምጽኣተ ዓለም (ቅያማ)።

6)እቶም ኩሎም ደቂ-ሰብ ንሓደ ጎይታ ዓለም ደው ኢሎም ፍርዱ ዝጽበይሉ መዓልቲ እዩ።

7)ኣይፋልኩምን (ካብቲ ዘለኹሞ ተቖጠቡ): እቲ ግብሪ ሓጥያተኛታት ዝተመዝገበሉ መጽሓፍ ኣብ ጸቢብ ማሕቡስ እዩ ዝኾቶም።

8)ጸቢብ ማሕቡስ ከ እንታይ ምዃኑ ትፈልጦ ዲኻ?

9)እቲ ግብሪ ሓጥያተኛ ኣብ ዘይድምሰስን ዘይሃስስን መጽሓፍ እዩ ተመዝጊቡ።

10)ወይልኦም ሽዑ (ማለት ምጽኣተ ዓለም ምስ መጸት) እቶም ዝኽሕዱ ዝነበሩ።

11)እቶም በታ ናይ ምፍዳይ መዓልቲ (ቅያማ) ዝኽሕዱ ዝነበሩ።

12)በዚ መዓልቲ'ዚ ዝኽሕድ ከኣ ብጀካ'ቲ ገሃስ ትእዛዛት ኣላህ ሓጥያተኛ ካልእ የለን።

13)እቲ ናብ ሙሓመድ (ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም) ዘውረድናዮ ቃላት ክንበብሉ እንከሎ እዚ ናይቶም ቀዳሞት ያታ (ጽውጽዋይ) እዩ ደኣምበር ቃል ኣላህ ኣይኮነን ዝበለ።

14)ኣይፋሉምን: ዝፍጽምዎ ዘንብ ታትን በደላትን ስለ ዝበዝሐ ልቦም ብጸልማት ተሸፊኑ ኣሎ።

15)ኣይፋሉምን: እቶም ከሓድቲ ኣብ መዓልቲ ምጽኣት (ቅያማ) ክዉላት እዮም: ኣላህ ኣይረኣዮምን ኣይርእዮምን እዩ።

16) ብርግጽ ኣብ እሳተ ጀሃነም እውን ክድቕደቑ እዮም።

17)መላኢካ ናይ ጀሃነም ከኣ እዚ እዩ እቲ ኣብ ኣዱንያ ትኽሕድዎ ዝነበርኩም ስቓይ ይብልዎም።

لِيَوْمٍ عَظِيمٍ ﴿٥﴾

يَوْمَ يَقُومُ ٱلنَّاسُ لِرَبِّ ٱلْعَـٰلَمِينَ ﴿٦﴾

كَلَّآ إِنَّ كِتَـٰبَ ٱلْفُجَّارِ لَفِى سِجِّينٍ ﴿٧﴾

وَمَآ أَدْرَىٰكَ مَا سِجِّينٌ ﴿٨﴾

كِتَـٰبٌ مَّرْقُومٌ ﴿٩﴾

وَيْلٌ يَوْمَئِذٍ لِّلْمُكَذِّبِينَ ﴿١٠﴾

ٱلَّذِينَ يُكَذِّبُونَ بِيَوْمِ ٱلدِّينِ ﴿١١﴾

وَمَا يُكَذِّبُ بِهِۦٓ إِلَّا كُلُّ مُعْتَدٍ أَثِيمٍ ﴿١٢﴾

إِذَا تُتْلَىٰ عَلَيْهِ ءَايَـٰتُنَا قَالَ أَسَـٰطِيرُ ٱلْأَوَّلِينَ ﴿١٣﴾

كَلَّا ۖ بَلْ ۜ رَانَ عَلَىٰ قُلُوبِهِم مَّا كَانُوا۟ يَكْسِبُونَ ﴿١٤﴾

كَلَّآ إِنَّهُمْ عَن رَّبِّهِمْ يَوْمَئِذٍ لَّمَحْجُوبُونَ ﴿١٥﴾

ثُمَّ إِنَّهُمْ لَصَالُوا۟ ٱلْجَحِيمِ ﴿١٦﴾

ثُمَّ يُقَالُ هَـٰذَا ٱلَّذِى كُنتُم بِهِۦ تُكَذِّبُونَ ﴿١٧﴾

18)ኣይፋልኩምን፡ ብርግጽ እቲ ናይ ምእዙዛት ተግባራት ዝተመዝገበሉ መጽሓፍ ኣብ ላዕለዋይ ጀና እዩ ዘሎ፡፡

كَلَّآ إِنَّ كِتَٰبَ ٱلۡأَبۡرَارِ لَفِي عِلِّيِّينَ ﴿١٨﴾

19)እቲ ላዕለዋይ ከ እንታይ ምዃኑ ትፈልጦ ዶ?

وَمَآ أَدۡرَىٰكَ مَا عِلِّيُّونَ ﴿١٩﴾

20)እቲ ግብሮም ኣብ ዘይድምሰስን ዘይሃስስን መጽሓፍ እዩ ተመዝጊቡ፡፡

كِتَٰبٞ مَّرۡقُومٞ ﴿٢٠﴾

21)እቶም መላኢኻታት ከኣ ይርእዩዎን ይምስክሩሉን እዮም፡፡

يَشۡهَدُهُ ٱلۡمُقَرَّبُونَ ﴿٢١﴾

22)ብርግጽ እቶም ምእዙዛት ኣብ ጸጋ እዮም ዝኣትዉ፡፡

إِنَّ ٱلۡأَبۡرَارَ لَفِي نَعِيمٍ ﴿٢٢﴾

23)ኣብ ዓራውቶም ኮይኖም ኣላህ ዝለገሰሎም ሽሻያት ይርእዩ፡፡

عَلَى ٱلۡأَرَآئِكِ يَنظُرُونَ ﴿٢٣﴾

24)ገጾም ኣንተረኢኻ ብሰንኪ'ቲ ዝለዎ ጸጋ ብርሃን ዝዓብለሎ መልክዖም ብምርኣይ ሰብ ጀና ምዃኖም ትፈልጦም፡

تَعۡرِفُ فِي وُجُوهِهِمۡ نَضۡرَةَ ٱلنَّعِيمِ ﴿٢٤﴾

25)ካብቲ ብጆካ ንጹሃን ማንም ዘይከፍቶ ሕቱምን ጹሩይን መስተ ይሰትዩ ፡፡

يُسۡقَوۡنَ مِن رَّحِيقٖ مَّخۡتُومٍ ﴿٢٥﴾

26)መደምደምታ መስተኦም ከኣ ጨና ሚስኪ ይጥዕም፡ ምእንቲ'ዚ'ዩ ኸኣ ኩሎም ተወዳደርቲ ትእዛዛት ኣላህ እናተኸተሉ ክወዳደሩ ዝግቦኦም፡፡

خِتَٰمُهُۥ مِسۡكٞۚ وَفِي ذَٰلِكَ فَلۡيَتَنَافَسِ ٱلۡمُتَنَٰفِسُونَ ﴿٢٦﴾

27)እዚ መስተ ኸኣ ካብ ላዕለዋይ ጀና ተቐናቢሩ ዝፈስስ እዩ፡፡

وَمِزَاجُهُۥ مِن تَسۡنِيمٍ ﴿٢٧﴾

28)እቶም ኣላህ ናብኡ ዝቐረቦም ካብዛ ዓይኒ ኣቀናቢሮም ይሰትዩ፡

عَيۡنٗا يَشۡرَبُ بِهَا ٱلۡمُقَرَّبُونَ ﴿٢٨﴾

29)ብርግጽ እቶም ከሓድቲ (ቁረይሽ) ኑቶም ብኣላህ ዝኣመኑ ይስሕቅዎም ኔሮም፡

إِنَّ ٱلَّذِينَ أَجۡرَمُواْ كَانُواْ مِنَ ٱلَّذِينَ ءَامَنُواْ يَضۡحَكُونَ ﴿٢٩﴾

30)ብቕድሚኦም ክሓልፉ እንከለዉ ከኣ ብዓይኖም እናመልከቱ የናሽውዎምን ይላገጹሎምን ኔሮም፡

وَإِذَا مَرُّواْ بِهِمۡ يَتَغَامَزُونَ ﴿٣٠﴾

31)እቶም ከሓድቲ ናብ ገዛኦም ምስ ተመልሱ ኸኣ በቲ ዝለዎ ክሕደት ተሓቢኖም የዕልሉን ይምሰጡሉን ኔሮም፡፡

وَإِذَا ٱنقَلَبُوٓاْ إِلَىٰٓ أَهۡلِهِمُ ٱنقَلَبُواْ فَكِهِينَ ﴿٣١﴾

وَإِذَا رَأَوۡهُمۡ قَالُوٓاْ إِنَّ هَٰٓؤُلَآءِ لَضَآلُّونَ (٣٢)

وَمَآ أُرۡسِلُواْ عَلَيۡهِمۡ حَٰفِظِينَ (٣٣)

فَٱلۡيَوۡمَ ٱلَّذِينَ ءَامَنُواْ مِنَ ٱلۡكُفَّارِ يَضۡحَكُونَ (٣٤)

عَلَى ٱلۡأَرَآئِكِ يَنظُرُونَ (٣٥)

هَلۡ ثُوِّبَ ٱلۡكُفَّارُ مَا كَانُواْ يَفۡعَلُونَ (٣٦)

32)ንቶም ሰዓብቲ ነቢይ ሙሓመድ (ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም) ክርእዩ እንከለዉ ከኣ: ብርግጽ እዞም ምስ መሓመድ ዘለዉ ጥፉኣት እዮም ይብሉ ኔሮም:
33)እዞም ከሓድቲ እኮ ተግባራት ሙእሚኒን ክቆጻጸሩ ኣይተላእኩን ኣይተወከሉን።
34)ሎሚ (ኣብዛ መዓልቲ ምጽኣተ ዓለም-ቒያማ) ሙእሚኒን ንቶም ትማሊ ኣብ ኣዱንያ ዝስሕቅዎም ዝነበሩ ይስሕቅዎም:
35)ኣብ ዓራውቲ ኮይኖም (እናተደሰቱ ንቶም ዝሳቐዩ ዘለዉ ካሓድቲ) ይርእይዎም:
36)ተፈድዮምዶ እዞም ከሓድቲ እታ ኣብ ኣዱንያ ዝገብሩዋ ዝነበሩ: (ማለት ከምታ ንሙእሚኒን ዝላገጹሎምን ዝስሕቅዎምን ዝነበሩ።)

سـورة الإنشقـاق
ሱረቱል'ኢንሺቓቕ (እቲ ምጭዳድ)

بِسۡمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحۡمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

إِذَا ٱلسَّمَآءُ ٱنشَقَّتۡ (١)

وَأَذِنَتۡ لِرَبِّهَا وَحُقَّتۡ (٢)

وَإِذَا ٱلۡأَرۡضُ مُدَّتۡ (٣)

وَأَلۡقَتۡ مَا فِيهَا وَتَخَلَّتۡ (٤)

وَأَذِنَتۡ لِرَبِّهَا وَحُقَّتۡ (٥)

يَٰٓأَيُّهَا ٱلۡإِنسَٰنُ إِنَّكَ كَادِحٌ إِلَىٰ رَبِّكَ كَدۡحٗا فَمُلَٰقِيهِ (٦)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ
1)ሰማይ ምስተጨደደት (እዚ ኸኣ ካብቲ ምልክታት ቅያማ እዩ):
2)ንጎይታኣ ሰሚዓ'ውን ተማእ ዘዘት: ጉቡኣ'ዩ ኸኣ ክትምእ ዘዝ:
3)መሬት'ውን ምስተሰጠጠት: (ተዘርጊሓ ሰጥ ምስ በለት)
4)ኣብ ከብዳ ተቐቢሮም ዝርከቡ ምዉታትን ሃብትን'ውን ኣውጺኣ ገዲፋቶም:
5)ንጎይታኣ ሰሚዓ'ውን ተማእ ዘዘት: ግቡኣ'ዩ ኸኣ ክትም እዝዝ:
6)ኦ ወዲ-ሰብ ጎይታኻ ንምርካብ ትጽዕር ኢኻ እሞ በቲ ዝጸዓርካዮ ግብሪ ንጎይታኻ ናይ ግድን ክትረኽቦ ኢኻ።

7)እንተ እቲ መጽሓፉ ብየማናይ ኢዱ ዝወሃብ

فَأَمَّا مَنْ أُوتِيَ كِتَٰبَهُۥ بِيَمِينِهِۦ ﴿٧﴾

8)ቀሊል ሕሳብ ክተሓሳሰብ እዩ: *(ዘንብታቱ ተራእዩ ክይተ ሓተተ ክመሓር እንክሉ):*

فَسَوْفَ يُحَاسَبُ حِسَابًا يَسِيرًا ﴿٨﴾

9)ብታሕጓስ ከኣ ናብቶም ኣብ ጀና ዝርከቡ ቤተሰቡ ክኸይድ እዩ:

وَيَنقَلِبُ إِلَىٰٓ أَهْلِهِۦ مَسْرُورًا ﴿٩﴾

10)እንተ እቲ ብወገን ሕቖኡ መጽሓፉ ዝቕበል ግን *(የማነይቲ ኢዱ ኣብ ክሳዱ ትእሰር ጸጋመይቲ ከኣ ብወገን ሕቖኡ ትኸውን):*

وَأَمَّا مَنْ أُوتِيَ كِتَٰبَهُۥ وَرَآءَ ظَهْرِهِۦ ﴿١٠﴾

11)ህልቀቱ ክጽውዕ እዩ: *(ዋይ ጥፍኣተይ ዋይ ህልቀተይ እናበለ):*

فَسَوْفَ يَدْعُوا۟ ثُبُورًا ﴿١١﴾

12)እሳተ ጀሃነም'ውን ክኣትዋ እዩ:

وَيَصْلَىٰ سَعِيرًا ﴿١٢﴾

13)ብርግጽ ኣብ ኣዱንያ እንክሉ ዊንታኡ እናፈጸመ ይድሰት ነይሩ:

إِنَّهُۥ كَانَ فِىٓ أَهْلِهِۦ مَسْرُورًا ﴿١٣﴾

14)ብርግጽ ናብ ኣላህ ዝምለስ ስለዘይመሰሎ:

إِنَّهُۥ ظَنَّ أَن لَّن يَحُورَ ﴿١٤﴾

15)ክምለስ እዩ እባ ደኣ: ብርግጽ ጎይታኡ'ውን ንዕኡን ንተግባሩን ረኢዩዎ እዩ:

بَلَىٰٓ إِنَّ رَبَّهُۥ كَانَ بِهِۦ بَصِيرًا ﴿١٥﴾

16)ብዕራርቦ እምሕል (ሸፈቕ እቲ ጸሓይ ምስ ዓረበት ዝረአ ቀይሕ ባና እዩ):

فَلَآ أُقْسِمُ بِٱلشَّفَقِ ﴿١٦﴾

17)ብለይትን ለይቲ ብዝኣከቦን'ውን እምሕል:

وَٱلَّيْلِ وَمَا وَسَقَ ﴿١٧﴾

18)ብወርሒ'ውን ምስ መለኣት እምሕል:

وَٱلْقَمَرِ إِذَا ٱتَّسَقَ ﴿١٨﴾

19)ካብ ኩነት ናብ ኩነት ክትመሓላለፉ ምኻንኩም (ካብ ሃብቲ ናብ ድኽነት ካብ ሞት ናብ ሂወት ካብ ኣዱንያ ናብ ኣኼራ.....)

لَتَرْكَبُنَّ طَبَقًا عَن طَبَقٍ ﴿١٩﴾

20)እዞም ከሓድቲ እንታይ ኮይኖም እዮም ብኣላህ ዘይኣምኑ?

فَمَا لَهُمْ لَا يُؤْمِنُونَ ﴿٢٠﴾

21)ቁርኣን እንተተቐርኣሎም ከኣ ዘይሰግዱ:

وَإِذَا قُرِئَ عَلَيْهِمُ ٱلْقُرْءَانُ لَا يَسْجُدُونَ ۩ ﴿٢١﴾

22)እዞም ኩሓድቲ እኮ ኑቲ ዝወረደ መጽሓፍ እዮም ዝነጽጉ ዘለዉ:

بَلِ ٱلَّذِينَ كَفَرُوا۟ يُكَذِّبُونَ ﴿٢٢﴾

23)ኣላህ'ውን ኑቲ ኣብ ልቦም ሓቢኦሞ ዘለዉ ክሕደት ይፈልጦ እዩ:

وَٱللَّهُ أَعْلَمُ بِمَا يُوعُونَ ﴿٢٣﴾

24)ኦ ሙሓመድ ብመሪር ስቅያት እስከ ኣበስሮም:

فَبَشِّرْهُم بِعَذَابٍ أَلِيمٍ ﴿٢٤﴾

25)ብጀካቶም ኣሚኖምን ሰናይ ግብሪ ዝፈጸሙን: ንሶም የም'ውን ምሉእን ዘየቋርጽን ዓስቢ ዘለዎም።

إِلَّا ٱلَّذِينَ ءَامَنُوا۟ وَعَمِلُوا۟ ٱلصَّـٰلِحَـٰتِ لَهُمْ أَجْرٌ غَيْرُ مَمْنُونٍۭ ﴿٢٥﴾

سورة البروج
ሱረቱል'ቡሩጅ (እተን ከዋኽብቲ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَـٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1)ብታ ሰማይ ብዓልቲ ከዋኽብቲ እምሕል:

وَٱلسَّمَآءِ ذَاتِ ٱلْبُرُوجِ ﴿١﴾

2)ከምኡ'ውን ብታ መዓልቲ ቆጸራ (ማለት መዓልቲ ምጽኣት) እምሕል:

وَٱلْيَوْمِ ٱلْمَوْعُودِ ﴿٢﴾

3)ከምኡ'ውን ብመስካርን ብዝምስከረሉን:: (እዚ ኸኣ ደቂ-ሰብ ኣብ መዓልቲ ምጽኣት በቲ ገበነኛታት ዝጥሕስዎ ዝነበሩ ትእዛዛት ኣላህ ይምስክሩ: ገለ ዑለማእ ከኣ ሻሂድ መዓልቲ ጁምዓት: መሽሁድ ድማ መዓልቲ ዓረፋ እዩ ይብሉ:)

وَشَاهِدٍ وَمَشْهُودٍ ﴿٣﴾

4)እቶም ጉድጓድ ኩዒቶም እሳት መሊኦም ንሙእሚኒን ዘቃጸሉ ንጉስን ወተሃደራቱን ካብ ርህራሄ ኣላህ ተሰጒጎም እዮም:

قُتِلَ أَصْحَـٰبُ ٱلْأُخْدُودِ ﴿٤﴾

5)እታ እሳት ብነዳዲ ዝተባረዐት እያ ኔራ:

ٱلنَّارِ ذَاتِ ٱلْوَقُودِ ﴿٥﴾

6)እቶም ከሓድቲ'ውን ነቶም ሙእሚኒን (ምእመናን) ኪቃጽሉ እንከለዉ ኣብ ጎማግ ማ ኮፍ ኢሎም ይጥምትዎም ኔሮም:

7)ንሶም'ውን በቲ ኣንጻር ሙእሚኒን ዝገበርዎ ፈተነ ናይ ዓይኒ መሰኻኽር እዮም: (ወይ ውዒሎም እዮም):

8-9)እቲ ንሙእሚኒን መጽል ኢኦም ከኣ ብጀካ'ቲ በቲ ዕዙዝን ምስጉንን ዝኾነ ኣላህ ናይ ሰማያትን ምድርን ዋንነት ዘለዎ ስለ ዝኣመኑ'ዩ ደኣምበር ካልእ ምኽንያት የብሎምን: ኣላህ'ውን ኩሉ ነገራት ይፈልጠን ይርእዮን እዩ: ካብ ዓይኑ ዝሕባእ ነገር የለን:

10)ብርግጽ ነቶም ሙእሚኒንን ነተን ሙእሚናትን (ምእመ ናን ምእመናትን) ምርጫ ዘይ ሃብዎም (ማለት ሃይማኖት ኩም ግደፉ ወይ ሓዊ ንደዱ ብምባል ካብ ሃይማኖቶም ንኸውጽኡዎም ብእሳት ዘቃጸልዎም ሰባት) እሞ ሽኣ ካብዚ ግብሪ ዘይተናስሑ ናይ ጀሃነም ስቓይን ናይ ምቅጻል ስቓይን ይጽበዮም ኣሎ:

11)ብርግጽ ነቶም ዝኣመኑን ሰናይ ግብሪ ዝገበሩን ብትሕቲኡ ወሓዚ ዝውሕዝ ጀናታት ኣለዎም: እዚ'ዩ ሽኣ እቲ ዓቢ ዓወት::

12)ብርግጽ መቕጻዕቲ ኣላህ ብጣዕሚ ብርቱዕ እዩ:

13)ብርግጽ ንሱ(ኣላህ) እዩ ከኣ መባእታ ፍጥረታትን እንደገና ንምዉታት ኣተንሳእን::

إِذْ هُمْ عَلَيْهَا قُعُودٌ ﴿٦﴾

وَهُمْ عَلَىٰ مَا يَفْعَلُونَ بِٱلْمُؤْمِنِينَ

شُهُودٌ ﴿٧﴾

وَمَا نَقَمُوا۟ مِنْهُمْ إِلَّآ أَن يُؤْمِنُوا۟ بِٱللَّهِ

ٱلْعَزِيزِ ٱلْحَمِيدِ ﴿٨﴾ ٱلَّذِى لَهُۥ مُلْكُ

ٱلسَّمَٰوَٰتِ وَٱلْأَرْضِ وَٱللَّهُ عَلَىٰ كُلِّ

شَىْءٍ شَهِيدٌ ﴿٩﴾

إِنَّ ٱلَّذِينَ فَتَنُوا۟ ٱلْمُؤْمِنِينَ

وَٱلْمُؤْمِنَٰتِ ثُمَّ لَمْ يَتُوبُوا۟ فَلَهُمْ عَذَابُ

جَهَنَّمَ وَلَهُمْ عَذَابُ ٱلْحَرِيقِ ﴿١٠﴾

إِنَّ ٱلَّذِينَ ءَامَنُوا۟ وَعَمِلُوا۟ ٱلصَّٰلِحَٰتِ

لَهُمْ جَنَّٰتٌ تَجْرِى مِن تَحْتِهَا ٱلْأَنْهَٰرُ

ذَٰلِكَ ٱلْفَوْزُ ٱلْكَبِيرُ ﴿١١﴾

إِنَّ بَطْشَ رَبِّكَ لَشَدِيدٌ ﴿١٢﴾

إِنَّهُۥ هُوَ يُبْدِئُ وَيُعِيدُ ﴿١٣﴾

14)ንሱ እዩ ከአ ንእመንቲ ፍጹም መሓርን ኣዝዩ ኣፍቃርን:

وَهُوَ ٱلْغَفُورُ ٱلْوَدُودُ ﴿١٤﴾

15)በዓል ክቡርን ብሉጽን ዓርሺ (ዙፋን):

ذُو ٱلْعَرْشِ ٱلْمَجِيدُ ﴿١٥﴾

16)ድላዩ ዝገብር ምንም ነገር ዘይዓግቶን ዘየስንፎን:

فَعَّالٌ لِّمَا يُرِيدُ ﴿١٦﴾

17)ኦ መሓመድ: ወረ'ቶም ኣብዮቶም ከሒዶም ንኸዋግ እምም ዓስከር ዝዓስከሩ ኣለካ ዶ?

هَلْ أَتَىٰكَ حَدِيثُ ٱلْجُنُودِ ﴿١٧﴾

18)ወረ ፈርዖንን ሰሙድን: (ሰሙድ፥ ሳልሕ ዝተባህለ ነቢይ ዝተላእኮም ህዝቢ እዮም) :

فِرْعَوْنَ وَثَمُودَ ﴿١٨﴾

19)እዞም ተላኢኽካዮም ዘለኻ ህዝቢ ዓረብ ግና ይኽሕዱኻ ኣለዉ: (ካብቶም ቀዳሞት ከሓድቲ ኣብነት ኣይወሰዱን:)

بَلِ ٱلَّذِينَ كَفَرُوا۟ فِى تَكْذِيبٍ ﴿١٩﴾

20)ኣላህ ከአ ነቲ ኩሉ ዝገብሩዎ ዘለዉ ኣጥቢቑ ይፈልጦ እዩ: ከምቶም ቅድሚ ሕጂ ስቓይ ዘውረደሎም ነዚኦም'ውን ከውርደሎም ይኽእል እዩ:

وَٱللَّهُ مِن وَرَآئِهِم مُّحِيطٌۢ ﴿٢٠﴾

21)እዚ ቁርኣን እምብዛ ክቡርን ብሩኽን እዩ:

بَلْ هُوَ قُرْءَانٌ مَّجِيدٌ ﴿٢١﴾

22)ኣብ ዝተሓለወ ሉሕ እዩ ተጻሒፉ: ማለት ኣብ (ኡመል'ኪታብ) ኣደ መጽሓፍ ዝተባህለ ሰይጣውንቲ ክበጽሕዎ ዘይክእሉ ምስ ኣላህ ዘሎ መጽሓፍ:

فِى لَوْحٍ مَّحْفُوظٍۭ ﴿٢٢﴾

سُــــورَة الطَــــارِق
ሱረቱ'ጣሪቕ (እቲ ለይታዊ ኮኾብ

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَـٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1)ብሰማይን ብለይታዊ ኮኾብን እምሕል:

وَٱلسَّمَآءِ وَٱلطَّارِقِ ﴿١﴾

2)እንታይ ከ ኣፍለጠካ እንታይነት ለይታዊ ኮኾብ:

وَمَآ أَدۡرَىٰكَ مَا ٱلطَّارِقُ ﴿٢﴾

3)እቲ ብርቱዕ ብርሃን ዝህብ ኮኾብ እዩ:

ٱلنَّجۡمُ ٱلثَّاقِبُ ﴿٣﴾

4)ብርግጽ ዝኾነት ነፍሲ እትገብሮን እትብሎን ቃላት ዘጽንዑ መላኢኻታት ኣለዉዋ:

إِن كُلُّ نَفۡسٖ لَّمَّا عَلَيۡهَا حَافِظٞ ﴿٤﴾

5)ወዲ-ሰብ ካብ ምንታይ ከምተፈጥረ ይተዓዘብ ይመልከት:

فَلۡيَنظُرِ ٱلۡإِنسَٰنُ مِمَّ خُلِقَ ﴿٥﴾

6)ካብ ኣብ ማሕጸን ዝፈስስ ማይ እንድዩ ተፈጢሩ (ዘርኢ ተባዕታይን ኣንስተይትን)

خُلِقَ مِن مَّآءٖ دَافِقٖ ﴿٦﴾

7)እዚ ማይ ከኣ ካብ ሕቆ (ሰብኣይን) ኣፍልቢ (ሰበይትን) ዝወጽእ እዩ:

يَخۡرُجُ مِنۢ بَيۡنِ ٱلصُّلۡبِ وَٱلتَّرَآئِبِ ﴿٧﴾

8)ብርግጽ ኣላህ ከኣ ንወዲ-ሰብ ካብ ሞቱ (ቀብሩ) ክመልሶን ክተስኦን ከኣሊ እዩ:

إِنَّهُۥ عَلَىٰ رَجۡعِهِۦ لَقَادِرٞ ﴿٨﴾

9)ኣብቲ ምስጢራት ዝኽሸፈሉ መዓልቲ ምጽኣት (ቅያማ) ክመልሶ እዩ:

يَوۡمَ تُبۡلَى ٱلسَّرَآئِرُ ﴿٩﴾

10)ሽዑኡ ወዲ-ሰብ ካብ ዝወርዶ ስቓይ ዘናግፍ ምንም ሓይልን ማንም ደጋፍን የብሉን:

فَمَا لَهُۥ مِن قُوَّةٖ وَلَا نَاصِرٖ ﴿١٠﴾

11)በታ ሰማይ በዓልቲ ተመላላስን ተኸታታልን ዝናም እምሕል:

وَٱلسَّمَآءِ ذَاتِ ٱلرَّجۡعِ ﴿١١﴾

12)በታ ምድሪ ንገረብን ንኣታኽልትን ማያታ ንምውጻእ እትጭደድ እምሕል:

وَٱلۡأَرۡضِ ذَاتِ ٱلصَّدۡعِ ﴿١٢﴾

13)ቁርኣን ብርግጽ ሓቅን ሓሶትን ዝፈላሊ ቃል ኣላህ እዩ:

إِنَّهُۥ لَقَوۡلٞ فَصۡلٞ ﴿١٣﴾

14)ከምኡ'ውን ቀልድን ጸወታን ኣይኮነን (ንዕኡ ኢሉ'ውን ኣይወረደን:)

وَمَا هُوَ بِٱلۡهَزۡلِ ﴿١٤﴾

15)ብርግጽ ህዝቢ መካ ንሙሓመድ *(ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም)* ክኽድዑ ይጽዕሩ እዮም ዘለዉ:

إِنَّهُمۡ يَكِيدُونَ كَيۡدٗا ﴿١٥﴾

16)ኣላህ ሕኑእም ንኽፈድዮም ይኣልመሎም እዩ ዘሎ፡ وَأَكِيدُ كَيْدًا ﴿١٦﴾

17)ኦ መሓመድ፡ ኣላህ (ሱብ ሓነሁ ወታዓላ) ንኽሓድቲ መቕጻዕቲ ቀልጢፉ ከውርደሎም ኣይትሕተት፡ ግን ግ ዜ ሃቦም ቁሩብ ኣጸቢዮም፡ (እዚ ከኣ ንኽሓድቲ ዘፈራርህን ዝህድድን እዩ):: فَمَهِّلِ ٱلْكَٰفِرِينَ أَمْهِلْهُمْ رُوَيْدًۢا ﴿١٧﴾

سورة الأعلى
ሱረቱል'ኣዕላ (እቲ ልዑል)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1)(ሱብሓነ ረቢየል ኣዕላ ኢልካ) ንስም ልዑል ጎይታኻ ካብ ኩሉ ጉድለት ኣንጽሃዮ፡ ብኽብሪ ዘክሮ፡ سَبِّحِ ٱسْمَ رَبِّكَ ٱلْأَعْلَى ﴿١﴾

2)እቲ ንወዲ-ሰብ ፈጢሩ ዘመዓራረዮ፡ ٱلَّذِى خَلَقَ فَسَوَّىٰ ﴿٢﴾

3)ከምኡ'ውን እቲ ንኹሉ ነገራት ቀዲሱ ፈጢሩ ኣናቱ ዘስመረሉ (ማለት ንኹሉ ነገራት በብጸታኡን መልክዑን ዓይነቱን ፈጢሩ ሰብ ኮነ እንስሳ ብእተፈጥረሎም ሽግይ ከመይ ጌሮም ከምዝጥቀሙ ሓቢሮም):: وَٱلَّذِى قَدَّرَ فَهَدَىٰ ﴿٣﴾

4)ከምኡ'ውን እቲ እንስሳ ዝበልዕዎ ቀጠልያ ሳዕሪ ካብ መሬት ዘውጽአ፡ وَٱلَّذِىٓ أَخْرَجَ ٱلْمَرْعَىٰ ﴿٤﴾

5)ብድሕሪኡ'ውን ነዚ ሳዕሪ'ዚ ኣንቂጹ ከምዝሰባበርን ከምዝጽልምን ዝገበረ፡ فَجَعَلَهُۥ غُثَآءً أَحْوَىٰ ﴿٥﴾

6-7)ኦ መሓመድ፡ ንባብ ብጅብሪል ጌርና ክነምህረካ ኢና፡ ብዘይካ'ቲ ኣላህ ንኽስርዞ ዝወሰነ ዘረሰዓካ ኣያታት እንተዘይኮነ ዘንበብ سَنُقْرِئُكَ فَلَا تَنسَىٰٓ ﴿٦﴾ إِلَّا مَا شَآءَ ٱللَّهُ ۚ إِنَّهُۥ يَعْلَمُ ٱلْجَهْرَ وَمَا يَخْفَىٰ ﴿٧﴾

ካዮ ኣይትርስዖን ኢኻ: ኣላህ እቲ ግሉጽን ስቱርን ዝኾነ ተግባራትን ቃላትን ይፈልጦ እዩ:

8)ነቲ ናብ መገዲ ጀና ዝወስድ ስራሓት'ውን ክነቕልለልካ ኢና:

وَنُيَسِّرُكَ لِلْيُسْرَىٰ ﴿٨﴾

9)በቲ ዝውረድናልካ ቁርኣን ንደቂ-ሰብ ኣዘኻኽሮም፣ ጻውዒት ኣቕርበሎም ብሕልፊ ነቶም'ዚ ምዝኽኻር'ዚ ዝጠቕሞም:[49]

فَذَكِّرْ إِن نَّفَعَتِ ٱلذِّكْرَىٰ ﴿٩﴾

10)እቲ ፈራህ ረቢ ከኣ ብምዝኽኻር ክጥቀምን ክእረምን እዩ:

سَيَذَّكَّرُ مَن يَخْشَىٰ ﴿١٠﴾

11)እቲ ቅርሱስ ድማ ካብኣ ይርሕቕ:

وَيَتَجَنَّبُهَا ٱلْأَشْقَى ﴿١١﴾

12)እቲ ኣብታ ዓባይ እሳት (እሳት ጀሃነም) ዝኣቱ:

ٱلَّذِى يَصْلَى ٱلنَّارَ ٱلْكُبْرَىٰ ﴿١٢﴾

13)ኣብኣ'ውን ሞት ረኺቡ ኣየዕርፍን: ሂየት ረኺቡ ከኣ ብሂወቱ ኣይረብሕን እዩ:

ثُمَّ لَا يَمُوتُ فِيهَا وَلَا يَحْيَىٰ ﴿١٣﴾

14-15)እቲ ካብ ሸርክነት ነፍሱ ዘንጸሀን (ወይ ዘካት ዝሃበ) ስም ኣላህ እናኣልዓለ ዱዓን ሰላትን ዝፈጸመን ብርግጽ ተዓዊቱ እዩ:

قَدْ أَفْلَحَ مَن تَزَكَّىٰ ﴿١٤﴾ وَذَكَرَ ٱسْمَ رَبِّهِۦ فَصَلَّىٰ ﴿١٥﴾

16)ግን ደቂ ሰብ ነዚ ከይፈጸምኩም ንናይ ኣዱንያ ሓላፊ ሂወት ኢኹም ቀዳምነት እትህቡ:

بَلْ تُؤْثِرُونَ ٱلْحَيَوٰةَ ٱلدُّنْيَا ﴿١٦﴾

17)እታ ኣኼራ (ምጽኣተ ዓለም) ተራፊትን ብልጽትን እንኮላ:

وَٱلْـَٔاخِرَةُ خَيْرٌ وَأَبْقَىٰٓ ﴿١٧﴾

18)ብርግጽ እዚ ዝተጠቕሰ ናይ ሙእሚኒን ዓወት ኣብቲ ቅድሚ ቁርኣን ዝወረደ መጻሕፍቲ ተዘርዚሩ እዩ:

إِنَّ هَٰذَا لَفِى ٱلصُّحُفِ ٱلْأُولَىٰ ﴿١٨﴾

---

49 እቲ ምዝኽኻር ወይ ዳዕዋ ብቐንዲ ነቶም ዝጥቀሙን ዘይጥቀሙን እዩ ዝዋሃብ ግን ነቶም ዝጥቀሙ ቀዳምነት ኣለዎም: እቶም ደይ መደይ ኢሎም ክሕደት ዝመረጹ ግን ንኽዘኻኽሩ ኣየድልን እዩ።

19)ኣብ መጻሕፍቲ ኢብራሂምን ሙሳን (ዓለይሂም ሰላም) ተጠቒሱ እዩ።

صُحُفِ إِبْرَاهِيمَ وَمُوسَىٰ ﴿١٩﴾

سورة الغاشية
ሱረቱል'ቓሺያ (እታ ሸፋኒት)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسْمِ اللَّهِ الرَّحْمَٰنِ الرَّحِيمِ

1)ኦ መሓመድ ወረ መዓልቲ ምጽኣት (ቅያማ) መጺኡካ ዶ? (ኣልቓሽያ ስም ናይ ቂያማ እዩ ንኹሉ ፍጡር ብመዓታ ስለ እትዕብልሎ)

هَلْ أَتَاكَ حَدِيثُ الْغَاشِيَةِ ﴿١﴾

2)ኣብታ መዓልቲ'ቲኣ ገጻት ደቂ-ሰብ ብውርደትን ሕስረትን ይደንን:

وُجُوهٌ يَوْمَئِذٍ خَاشِعَةٌ ﴿٢﴾

3)ኣብ ኣዱንያ ንኣላህ ነምልኽ ኢልና እናበሉ ይሰርሑን ነብሶም የድክሙን ኔሮም: ግን እቲ ስርሖም ብዘይ እምነት ስለ ዝኾነ (ኣስላም ስለ ዘይኮኑ) ካብ ኣላህ ተቐባልነት ኣይረኽበን:

عَامِلَةٌ نَّاصِبَةٌ ﴿٣﴾

4)እዚ ገጽ'ዚ ኣብ ውዑይ እሳት ክቃጸል እዩ:

تَصْلَىٰ نَارًا حَامِيَةً ﴿٤﴾

5)ካብ'ቲ ብጣዕሚ ውዑይ ዝኾነ ፈልፋሊ ክሰትዩ እዮም:

تُسْقَىٰ مِنْ عَيْنٍ آنِيَةٍ ﴿٥﴾

6)ብጀካ ደሪዕ ዝተባህለ እሾኽ ካልእ መግቢ የብሎምን:

لَّيْسَ لَهُمْ طَعَامٌ إِلَّا مِن ضَرِيعٍ ﴿٦﴾

7)ንሱ'ውን ንበላዒኡ ኣየስብሕ ካብ ጥሜት ከኣ ኣየዕንግል:

لَّا يُسْمِنُ وَلَا يُغْنِي مِن جُوعٍ ﴿٧﴾

8)ኣብታ መዓልቲ'ቲኣ ዝናዓማን ዝድሰታን ገጻት ከኣ ኣለዋ :

وُجُوهٌ يَوْمَئِذٍ نَّاعِمَةٌ ﴿٨﴾

9)በቲ ኣብ ኣዱንያ ዝጻዓረኦ ይዓግባ:

لِّسَعْيِهَا رَاضِيَةٌ ﴿٩﴾

10)ኣብ ላዕለወይቲ ጀና ይኣትዋ:

فِي جَنَّةٍ عَالِيَةٍ ﴿١٠﴾

11)ኣብኡ ፍረ ዘይብሉ ሕማቕ ዘረባ ኣይሰምዓ:

لَّا تَسْمَعُ فِيهَا لَاغِيَةً ﴿١١﴾

12)ኣብኣ ወሓዚት ዓይኒ ኣላ:

فِيهَا عَيْنٌ جَارِيَةٌ ﴿١٢﴾

13)ኣብኣ ክብ ዝበለ ዓራውቲ ኣሎ:

فِيهَا سُرُرٌ مَّرْفُوعَةٌ ﴿١٣﴾

14)ከምኡ'ውን መቓድሕ ኣብ ቅድሚኦም ይቕመጥ:

وَأَكْوَابٌ مَّوْضُوعَةٌ ﴿١٤﴾

15)መተርኣሲ'ውን ጥቓ ንጥቓ ተሰሪዑ:

وَنَمَارِقُ مَصْفُوفَةٌ ﴿١٥﴾

16)ስፉሕ መናጽፍ ኣብ እተፈላለየ ቦታ ተነጺፉ:

وَزَرَابِيُّ مَبْثُوثَةٌ ﴿١٦﴾

17)(ሙሽሪኪን መካ) ኣግማል ከመይ ከም እተፈጥራ ኣይዕዘቡን ድዮም? (ክእለት ናይ ኣላህ ንኽፈልጡ)

أَفَلَا يَنظُرُونَ إِلَى الْإِبِلِ كَيْفَ خُلِقَتْ ﴿١٧﴾

18)ሰማይ'ውን ከመይ ከም እተላዓለት

وَإِلَى السَّمَاءِ كَيْفَ رُفِعَتْ ﴿١٨﴾

19)ኣኽራናት'ውን ከመይ ከም እተተኽላ:

وَإِلَى الْجِبَالِ كَيْفَ نُصِبَتْ ﴿١٩﴾

20)መሬት'ውን ከመይ ከም እተሰጥሐት:

وَإِلَى الْأَرْضِ كَيْفَ سُطِحَتْ ﴿٢٠﴾

21)ኦ መሓመድ ናትካ ግደ ምዝኽኻር ጥራይ ስለ ዝኾነ ኣዘኻኽሮም ኢኻ:

فَذَكِّرْ إِنَّمَا أَنتَ مُذَكِّرٌ ﴿٢١﴾

22)መላኺኦም ኣይኮንካን ገዲድካ ብሓይሊ ከተእምኖም:

لَّسْتَ عَلَيْهِم بِمُصَيْطِرٍ ﴿٢٢﴾

23)ግን እቲ ዘድሓርሓረን (ሕቶኡ ዝሃበን) ዝኸሓደን:

إِلَّا مَن تَوَلَّىٰ وَكَفَرَ ﴿٢٣﴾

24)ኣላህ በቲ ዓቢ ስቓይ ከሳቕዮ እዩ: (ንሱ ከኣ ናይ ጀሃነም ስቓይ እዩ):

فَيُعَذِّبُهُ اللَّهُ الْعَذَابَ الْأَكْبَرَ ﴿٢٤﴾

25)ብርግጽ ምስ ሞቱ ምምላሶም ናባና እዩ:

إِنَّ إِلَيْنَا إِيَابَهُمْ ﴿٢٥﴾

26)ብድሕሪኡ'ውን ብርግጽ ሕሳቦም ናባና እዩ: (በዓል

ثُمَّ إِنَّ عَلَيْنَا حِسَابَهُم ﴿٢٦﴾

ሰናይ ይኹን በዓል እከይ ግብሪ ዓስቡ ከም ግብሩ ይረክብ)

سورة الفجر
ሱረቱል'ፈጅር (እቲ ወጋሕታ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسۡمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحۡمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1)ብወጋሕታ እምሕል:

وَٱلۡفَجۡرِ ۝١

2)ብዓሰርተ ለይቲ ናይ ወርሒ ዙልሒጃ እምሕል:

وَلَيَالٍ عَشۡرٖ ۝٢

3)ብንጽልን ብድርብን (ብተመቃልን ብዘይ ተመቃልን) ካብ ኩሉ ነገራት እምሕል:

وَٱلشَّفۡعِ وَٱلۡوَتۡرِ ۝٣

4)ብለይቲ እንተደኣ ኣብ ምኻዱ ተቐራሪቡ እምሕል:

وَٱلَّيۡلِ إِذَا يَسۡرِ ۝٤

5)እዚ ዝጠቐስክዎ ንበዓል ኣእምሮ እኹል ማሕላ እንድዩ:

هَلۡ فِي ذَٰلِكَ قَسَمٞ لِّذِي حِجۡرٍ ۝٥

6)ኦ መሓመድ: ረብኻ (ጎይታኻ) ንህዝቢ ዓድ ከመይ ከምዝገበሮም ትፈልጥ እንዲኻ: ምስ'ቲ ኹሉ ሓይሎምን ነዊሕ ዕድሜኦምን ከምዝህለቑም:

أَلَمۡ تَرَ كَيۡفَ فَعَلَ رَبُّكَ بِعَادٍ ۝٦

7)ኢረም (ካልኣይ ስም ናይ ዓድ እዩ) ዛቱል ዒማድ[50] ከኣ ስም ናይ ከተመኦም እያ:

إِرَمَ ذَاتِ ٱلۡعِمَادِ ۝٧

8)ንዓኣ ዝመስል ኣብ ምሉእ መሬት ኣይተፈጥረን:

ٱلَّتِي لَمۡ يُخۡلَقۡ مِثۡلُهَا فِي ٱلۡبِلَٰدِ ۝٨

9)ነቶም ኣብ ኣል-ቁራ ዝተባህለ ሩባ ኣእማን ዝቐራርጹ(ዝጸርቡ) ህዝቢ ሰሙድ'ውን ከመይ ከምዝገበሮም ትፈልጥ እንዲኻ:

وَثَمُودَ ٱلَّذِينَ جَابُواْ ٱلصَّخۡرَ بِٱلۡوَادِ ۝٩

10)ከምኡ'ውን በቲ ሸኻል ጌሩ ሰብ ዝቐንጽል ዝነበረ

وَفِرۡعَوۡنَ ذِي ٱلۡأَوۡتَادِ ۝١٠

---

50 ደማስኮ እያ ይበሃል

ፈርዖን:[51]

11)እቶም ኣብዛ መሬት ብትዕቢት ትእዛዛት ኣላህ ዝገሃሱ (ዓድን ሰሙድን ፈርዖንን):

ٱلَّذِينَ طَغَوْا۟ فِى ٱلْبِلَـٰدِ ﴿١١﴾

12)ብዙሕ ብልሽውና ኽኣ ኣብታ መሬት ፈጸሙ:

فَأَكْثَرُوا۟ فِيهَا ٱلْفَسَادَ ﴿١٢﴾

13)ጎይታኻ ከኣ ብርቱዕ ስቅያት ከስከሰሎም:

فَصَبَّ عَلَيْهِمْ رَبُّكَ سَوْطَ عَذَابٍ ﴿١٣﴾

14)ብርግጽ ጎይታኻ ኩሉ ግ ብሪ ወዲ-ሰብ ይከታተሎ እዩ ዝሕበኦ ነገር የለን:

إِنَّ رَبَّكَ لَبِٱلْمِرْصَادِ ﴿١٤﴾

15)ወዲ-ሰብ ግን እንተደኣ ጎ ይታኡ ብሽግ ይ ፈቲኑዎ: ብገንዘብን ብጥዑም ናብራን ኣኽቢሩዎ እዚ ነገር'ዚ ፈተና ምዃኑ ረሲዑ ከየመስከነ ጎይታይ ኣኽቢሩኒ ኢሉ ይሕጉስ:

فَأَمَّا ٱلْإِنسَـٰنُ إِذَا مَا ٱبْتَلَىٰهُ رَبُّهُۥ فَأَكْرَمَهُۥ وَنَعَّمَهُۥ فَيَقُولُ رَبِّىٓ أَكْرَمَنِ ﴿١٥﴾

16)እንተደኣ ናብራኡ ኣጽቢቡ ፈቲንዎ ድማ ጎይታይ ኣሕሲሩኒ ኣዋሪዱኒ ይብል: (እዚ ኽኣ ጠባይ ናይ ከሓዲ እዩ: ክብረትን ሕስረትን ብሽግ ይ ኣዱንያ ስለ ዝቖጽሮ)

وَأَمَّآ إِذَا مَا ٱبْتَلَىٰهُ فَقَدَرَ عَلَيْهِ رِزْقَهُۥ فَيَقُولُ رَبِّىٓ أَهَـٰنَنِ ﴿١٦﴾

17)ኣይፋሉን: እዞም ከምዚ ትብሉ ደቂ-ሰብ፣ ንዘኽታም እኳ ሰናይ ግብሪ ኣይትገብሩሉን ኢኹም፣

كَلَّا ۖ بَل لَّا تُكْرِمُونَ ٱلْيَتِيمَ ﴿١٧﴾

18)መስኪን ንምምጋብ ከኣ ነንሕድሕድኩም ኣይትደፋፍኡን ኢኹም:

وَلَا تَحَـٰٓضُّونَ عَلَىٰ طَعَامِ ٱلْمِسْكِينِ ﴿١٨﴾

19)ንዘይናትኩም ውርሻ ድማ ብርቱዕ ኣበላልዓ ኢኹም እትበልዑዎ:

وَتَأْكُلُونَ ٱلتُّرَاثَ أَكْلًا لَّمًّا ﴿١٩﴾

20)ገንዘብ ከኣ ብጣዕሚ ኢኹም እትፈትዉ:

وَتُحِبُّونَ ٱلْمَالَ حُبًّا جَمًّا ﴿٢٠﴾

---

51 ብሸኻል ጌሩ ሰብ ይቐንጽል ኔሩ: ወይ ማእሰያ ዘይብሉ ሸኻል የድልዮ ኔሩ። ወተሃደሩ ብዙሕ ስለ ዝነበረ ቴንዳታቶም

21)ኣይፋልኩምን: መሬት ምስ ተሰባበረትን ምስ ተጠሓሐነትን:	كَلَّآ إِذَا دُكَّتِ ٱلْأَرْضُ دَكًّا دَكًّا ﴿٢١﴾
22)ጎይታኻ ምስ መጸአ: ከምኡ'ውን መላኢካታት ብመስርዕ ተሰሪዖም ምስ መጽኡ:	وَجَآءَ رَبُّكَ وَٱلْمَلَكُ صَفًّا صَفًّا ﴿٢٢﴾
23)መላኢካታት ከኣ ሽዑ ንጀሃነም ኣምጺኦም ኣቕረብዋ: ሽዑ እዩ ወዲ ሰብ ዝጠዓስ: እንታይ'ሞ ክኸውን ሽዑ ተጣዒስካ: ምንም ኣይጠቅምን እዩ:	وَجِاْىٓءَ يَوْمَئِذٍۭ بِجَهَنَّمَ ۚ يَوْمَئِذٍ يَتَذَكَّرُ ٱلْإِنسَـٰنُ وَأَنَّىٰ لَهُ ٱلذِّكْرَىٰ ﴿٢٣﴾
24)ኩሓዲ ብኻ ንናይ ኣኼራ ሂየተይ ሰናይ ኣሕሊፈ ምጸናሕኩ ኢሉ ይምኑ:	يَقُولُ يَـٰلَيْتَنِى قَدَّمْتُ لِحَيَاتِى ﴿٢٤﴾
25)ሽዕኡ: ከምቲ ናይ ኣላህ ስቅያት ዝሳቐ ወላ ሓደ የለን:(ማለት ከምቲ ንኽሓዲ ዝሳቕዮ)	فَيَوْمَئِذٍ لَّا يُعَذِّبُ عَذَابَهُۥٓ أَحَدٌ ﴿٢٥﴾
26)ከምኡውን ከምቲ ናቱ ኣተኣሳስራ ዝኣስር ወላ ሓደ የለን:	وَلَا يُوثِقُ وَثَاقَهُۥٓ أَحَدٌ ﴿٢٦﴾
27)(ኣላህ ነታ ሙእሚን ዝኾነት ነፍሲ ከምዚ ይብል)፡ ኦ ኣንቲ ዕግብትን ሕጉስትን ነፍሲ:	يَـٰٓأَيَّتُهَا ٱلنَّفْسُ ٱلْمُطْمَئِنَّةُ ﴿٢٧﴾
28)ናብ ጎይታኺ ፈቲኽን ተፈትዩልክን ተመለሲ:	ٱرْجِعِىٓ إِلَىٰ رَبِّكِ رَاضِيَةً مَّرْضِيَّةً ﴿٢٨﴾
29)ምስቶም ባሮተይ እተዊ ተሓወሲ:	فَٱدْخُلِى فِى عِبَـٰدِى ﴿٢٩﴾
30)ኣብ ጀነተይ'ውን እተዊ።	وَٱدْخُلِى جَنَّتِى ﴿٣٠﴾

سورة البلد
ሱረቱል'በለድ (እታ ዓዲ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ	بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَـٰنِ ٱلرَّحِيمِ
1)በዚ ዓዲ'ዚ (መካ) እምሕል:	لَآ أُقْسِمُ بِهَـٰذَا ٱلْبَلَدِ ﴿١﴾

وَأَنتَ حِلٌّۢ بِهَـٰذَا ٱلْبَلَدِ ﴿٢﴾

2)ኦ መሓመድ በቲ ንዓኻ ድላይካ ክትገብረሉ ናጻ ዝኾነ ዓዲ: (ማለት ኣብ መካ ክዋጋእን ክቐትልን ክፍቀደሉ ምኽኑ ተበስር ኣያ እያ: ኣብ ፈትሕ (ኩናት) መካ ከኣ ስለ እተፈቕደትሉ ቀቲሉን ተዋጊኡን።)

وَوَالِدٍ وَمَا وَلَدَ ﴿٣﴾

3)ብወላድን ብውላዱን'ውን እምሕል: (ማለት ብኣደምን ብናቱ ዘርእን:)

لَقَدْ خَلَقْنَا ٱلْإِنسَـٰنَ فِى كَبَدٍ ﴿٤﴾

4)ብርግጽ ንወዲ ሰብ ኣብዛ ኣዱንያ ጻዕረኛ፣ ድኻመኛን መከረኛን ጌርና ፈጢርናዮ:

أَيَحْسَبُ أَن لَّن يَقْدِرَ عَلَيْهِ أَحَدٌ ﴿٥﴾

5)ወዲ-ሰብ ዝገበረ እንተገበረ ማንም ዘይክእሎ ዶ ይመስሎ?

يَقُولُ أَهْلَكْتُ مَالًا لُّبَدًا ﴿٦﴾

6)ብዙሕ ገንዘብ እየ ኣጥፊአ እናበለ ይጀሃር:

أَيَحْسَبُ أَن لَّمْ يَرَهُۥٓ أَحَدٌ ﴿٧﴾

7)ገንዘቡ ካበይ ከምዘጥረዮን ኣበይ ከምዘጥፈኦን ማንም ዘይረኣዮ ድዩ መሲልዎ ከምዚ ኢሉ ዝዛረብ:

أَلَمْ نَجْعَل لَّهُۥ عَيْنَيْنِ ﴿٨﴾

8)ክልተ ዝርእየለን ዓይኒ ዶ ኣይገበርናሉን ኢና?

وَلِسَانًا وَشَفَتَيْنِ ﴿٩﴾

9)ከምኡ'ውን ዝዛረበላ መልሓስን ክልተ ከናፍርን:

وَهَدَيْنَـٰهُ ٱلنَّجْدَيْنِ ﴿١٠﴾

10)ከምኡ'ውን እተን ክልተ መገዲ ሰናይን መገዲ እከይን ኣይሓበርናዮን ዲና?

فَلَا ٱقْتَحَمَ ٱلْعَقَبَةَ ﴿١١﴾

11)ነታ ዓቐብ ግዳ ዘይወጸ (ማለት እቲ ካብ ሰናይ ግብሪ ዝዓግቶ ዘሎ ዓቐብ- ናይ ሸይጣን ምትላልን ናይ ነፍሲ ዊንታን-)

وَمَآ أَدْرَىٰكَ مَا ٱلْعَقَبَةُ ﴿١٢﴾

12)እታ ዓቐብ እንታይ ምኳና ትፈልጣ ዶ ?

فَكُّ رَقَبَةٍ ﴿١٣﴾

13)ንሳ ንባርያ ካብ ባርነት ናጻ ምስዳድ ኢያ:

أَوْ إِطْعَـٰمٌ فِى يَوْمٍ ذِى مَسْغَبَةٍ ﴿١٤﴾ يَتِيمًا
ذَا مَقْرَبَةٍ ﴿١٥﴾ أَوْ مِسْكِينًا ذَا مَتْرَبَةٍ ﴿١٦﴾

14-16)ወይ ከኣ ኣብ መዓልቲ ጥሜት ንዘኸታም ዘመድካ ወይ ንኣዝዩ ምስኪን ዝኾነ ድኻ ምምጋብ:

17)ኣብ ርእሲኡ ኸኣ ካብቶም ብኣላህ ኣሚኖም ትዕግስትን ርህራሄን ንኸህልዎም ነንሓድሕዶም ዝተላበዉ ክኸውን:

ثُمَّ كَانَ مِنَ ٱلَّذِينَ ءَامَنُوا۟ وَتَوَاصَوْا۟ بِٱلصَّبْرِ وَتَوَاصَوْا۟ بِٱلْمَرْحَمَةِ ﴿١٧﴾

18)እዚኦም እዮም ሰብ የማን: ንጀና ዝኣትዉ:

أُو۟لَـٰٓئِكَ أَصْحَـٰبُ ٱلْمَيْمَنَةِ ﴿١٨﴾

19)እቶም ብቁርኣን ይኹን ብኻልእ ምልክታት ኣላህ ዝኽሓዱ ኸኣ ሰብ ጸጋም እዮም:

وَٱلَّذِينَ كَفَرُوا۟ بِـَٔايَـٰتِنَا هُمْ أَصْحَـٰبُ ٱلْمَشْـَٔمَةِ ﴿١٩﴾

20)ዕጽውቲ ሓዊ ኸኣ ኣላቶም:

عَلَيْهِمْ نَارٌ مُّؤْصَدَةٌۢ ﴿٢٠﴾

سورة الشمس
ሱረቱ'ሽምስ (እታ ፀሓይ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَـٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1)ብፀሓይን ብብርሃናን እምሕል:

وَٱلشَّمْسِ وَضُحَىٰهَا ﴿١﴾

2)ብወርሒ'ውን ብብርሃና ንፀሓይ ምስ ተኸተለት እምሕል *(እዚ ከኣ ኣብ መበል 13: 14: 15: ናይ ወርሒ ክኸውን እንከሎ እዩ)*

وَٱلْقَمَرِ إِذَا تَلَىٰهَا ﴿٢﴾

3)ብመዓልቲ'ውን ንፀሓይ በግ ምስ ኣበላ እምሕል

وَٱلنَّهَارِ إِذَا جَلَّىٰهَا ﴿٣﴾

4)ብለይቲ'ውን ንፀሓይ ብጸልማቱ ምስ ሸፈና እምሕል:

وَٱلَّيْلِ إِذَا يَغْشَىٰهَا ﴿٤﴾

5)ብሰማይን በቲ ንዓኣ ዝነደቓ ኣላህን እምሕል:

وَٱلسَّمَآءِ وَمَا بَنَىٰهَا ﴿٥﴾

6)ብመሬትን በቲ ንዓኣ ዝዘርገሐ ኣላህን እምሕል:

وَٱلْأَرْضِ وَمَا طَحَىٰهَا ﴿٦﴾

7)ብነፍስን በቲ ንዓኣ ብእካላ ዘመዓራረያ ኣላህን እምሕል:

وَنَفْسٍ وَمَا سَوَّىٰهَا ﴿٧﴾

8)ነዛ ነፍሲ ከኣ እኪይ ግብራን ሰናይ ግብራን ኣረዲኡዋን ኣፍሊጥዋን እዩ:

فَأَلْهَمَهَا فُجُورَهَا وَتَقْوَىٰهَا ﴿٨﴾

9)እቲ ንትእዛዛት ኣላህ ብምኽታል ነፍሱ ዘንጸህ ብርግጽ ዕዉት እዩ:

قَدْ أَفْلَحَ مَن زَكَّىٰهَا ﴿٩﴾

10)እቲ ንትእዛዛት ኣላህ ብምንጻግ ነፍሱ ዘርከሰ ኸኣ ብርግጽ ውዱቕን ከሳርን እዩ:

وَقَدْ خَابَ مَن دَسَّىٰهَا ﴿١٠﴾

11)ሰሙድ ዝበሃሉ ህዝቢ ብሰንኪ ሕሉፍ ክሕደቶም ነቲ ትእዛዝ ኣላህ ነጺጎሞ እዮም:

كَذَّبَتْ ثَمُودُ بِطَغْوَىٰهَآ ﴿١١﴾

12)እቲ ተካል ዝኾነ ነታ ገመል ክቐትል ምስ ተበገሰ:

إِذِ ٱنۢبَعَثَ أَشْقَىٰهَا ﴿١٢﴾

13)ሳልሕ ዝተባህለ ልኡኽ ኣላህ ከኣ ካብዛ ናይ ኣላህ ገመል ተጠንቀቑ ኣይትቕተልዋ: እቲ ማይ እትሰትየሉ ውሱን ዕለት'ውን ኣይትቕረብዎ በሎም:

فَقَالَ لَهُمْ رَسُولُ ٱللَّهِ نَاقَةَ ٱللَّهِ وَسُقْيَٰهَا ﴿١٣﴾

14)ዘረባ ሳልሕ ነጺጎም ነታ ገመል ቀተሉዋ እሞ: ጎ ይታኦም በቲ ዝፈጸምዎ ዘንቢ(ሓጢኣት) ንኹሎም ብሓፈሻኦም ዓቢ ምስ ንእሽቶ ኣህለቖም:

فَكَذَّبُوهُ فَعَقَرُوهَا فَدَمْدَمَ عَلَيْهِمْ رَبُّهُم بِذَنۢبِهِمْ فَسَوَّىٰهَا ﴿١٤﴾

15)ኣላህ: ዝመጽእ ሓላፍነት ከይፈረሀ እውን ኣህለቖም: *(ማለት ንኣላህ ዝቆጻጸር ማንም ስለዘየሎ እዚ ክመጻኒ'ዩ ከይበለ ድላዩ ፈጺሙ:)*

وَلَا يَخَافُ عُقْبَٰهَا ﴿١٥﴾

سورة الليل
ሱረቱል'ለይል (እታ ለይቲ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1)በቲ ለይቲ ነቲ ዝነበረ ብርሃን ብጸልማቱ ምስ ሸፈኖ እምሕል:

وَٱلَّيْلِ إِذَا يَغْشَىٰ ﴿١﴾

2)በቲ መዓልቲ በሪሁን በግ ምስ በለን እምሕል:

وَٱلنَّهَارِ إِذَا تَجَلَّىٰ ﴿٢﴾

3)በፈጣጥራ ተባዕታይን ኣንስተ
ይትን (ወይ በቲ ተባዕታይን
ኣንስተይትን ዝፈጠረ) እምሕል:

وَمَا خَلَقَ ٱلذَّكَرَ وَٱلْأُنثَىٰٓ ﴿٣﴾

4)ብርግጽ ጻዕርኹም በበይኑ
ከምዝኾነ (ገለኹም ንጀና
ገለኹም ንጀሃነም ይጽዕር
ከምዘሎ:)

إِنَّ سَعْيَكُمْ لَشَتَّىٰ ﴿٤﴾

5)እንተ እቲ ገንዘቡ ንሰናይ ዋሂብን
ፈራህ ረብን ዝኾነ:

فَأَمَّا مَنْ أَعْطَىٰ وَٱتَّقَىٰ ﴿٥﴾

6)በቲ ኣላህ ዝገበረሉ ውዕል'ውን
ዝኣመነ (ማለት ኣላህ ኑቲ
ዘውጽኦ ገንዘብ ክትክኣሉ ምዃኑ
ወይ ብጀና ዝኣመነን:)

وَصَدَّقَ بِٱلْحُسْنَىٰ ﴿٦﴾

7)ናብቲ ኣላህ ዝፈትዎ ሰናይ ግ
ብሪ ንክኸይድ ከነቕልለሉ ኢና:

فَسَنُيَسِّرُهُۥ لِلْيُسْرَىٰ ﴿٧﴾

8)ግን እቲ በቑቑ ገንዘቡ ናብ
ሰናይ ግብሪ ዘየዋፈረ: ናይ
ኣኼራ ገዲፉ ብናይ ኣዱንያ
ሽሻይ ዝዓገበ:

وَأَمَّا مَنۢ بَخِلَ وَٱسْتَغْنَىٰ ﴿٨﴾

9)ከምኡ'ውን በቲ ኣላህ ዝገበረሉ
ውዕል ዝኸሓደ: (ማለት ኣላህ
ኑቲ ዘውጽኦ ገንዘብ ክትክኣሉ
ምዃኑ ወይ ብጀና ዝኸሓደ:)

وَكَذَّبَ بِٱلْحُسْنَىٰ ﴿٩﴾

10)ናብቲ ኣላህ ዝጸልኦ እከይ ግብሪ
ንክኸይድ ከነቕልለሉ ኢና:

فَسَنُيَسِّرُهُۥ لِلْعُسْرَىٰ ﴿١٠﴾

11)ኣብ ሓዊ ጀሃነም ምስ
ጸደፈ'ውን ገንዘቡ ምንም
ኣይጠቕሞን እዩ:

وَمَا يُغْنِى عَنْهُ مَالُهُۥٓ إِذَا تَرَدَّىٰٓ ﴿١١﴾

12)ብርግጽ ንሕና መገዲ ሰናይን
መገዲ እከይ በየን ምዃኑ
ንገልጽ:

إِنَّ عَلَيْنَا لَلْهُدَىٰ ﴿١٢﴾

13)ብርግጽ ከምኡ'ውን ኩሉ ኣብ
ምጽኣተ ዓለምን (ኣኼራን) ኣብ
ኣዱንያን ዘሎ ናትና ብምዃኑ
ከምድላይና ኢና እንገላብጦ:

وَإِنَّ لَنَا لَلْءَاخِرَةَ وَٱلْأُولَىٰ ﴿١٣﴾

14)ካብታ ሃልሃል እትብል እሳተ
ጀሃነም ኣጠንቂቐኩም እየ:

فَأَنذَرْتُكُمْ نَارًا تَلَظَّىٰ ﴿١٤﴾

15)እቲ ቍርሱስ ዝኾነ ካሕዳን
ጥራይ እዩ ዝነድዳ:

لَا يَصْلَىٰهَآ إِلَّا ٱلْأَشْقَى ﴿١٥﴾

16)እቲ ንሓቂ ዝነጸገን ካብ
ምምእዛዝ ዘድሓርሓረን:

ٱلَّذِى كَذَّبَ وَتَوَلَّىٰ ﴿١٦﴾

17)እቲ ፈራሂ ረቢ ከኣ ካብታ ጀሃነም ክርሕቅን ክእለን እዩ:

وَسَيُجَنَّبُهَا ٱلۡأَتۡقَى ﴿١٧﴾

18)እቲ ንጽህና ካብ ኣላህ ንምርካብ ገንዘቡ ናብ ሰናይ ተግባር ዘውዓለ:

ٱلَّذِي يُؤۡتِي مَالَهُۥ يَتَزَكَّىٰ ﴿١٨﴾

19)ከምኡ'ውን ካብ ወሳሓደ'ኳ ሰናይ ክፍደ ትጽቢት የብሉን:

وَمَا لِأَحَدٍ عِندَهُۥ مِن نِّعۡمَةٖ تُجۡزَىٰٓ ﴿١٩﴾

20)ብጀካ ፍቶት ናይቲ ልዑል ጎይታኡ ንምርካብ እንተዘይኮይኑ:

إِلَّا ٱبۡتِغَآءَ وَجۡهِ رَبِّهِ ٱلۡأَعۡلَىٰ ﴿٢٠﴾

21)ብርግጽ በቲ ኣብ ኣኼራ ዝዕደሎ ህያብ ክረዲ ምኺኑ'ውን እምሕል:

وَلَسَوۡفَ يَرۡضَىٰ ﴿٢١﴾

سورة الضحى
ሱረቱ'ዱሓ (እቲ ረፍዲ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسۡمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحۡمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1)በቲ ረፍዲ እምሕል:

وَٱلضُّحَىٰ ﴿١﴾

2)በቲ ለይቲ'ውን ንመዓልቲ ምስ ሸፈኖ እምሕል:

وَٱلَّيۡلِ إِذَا سَجَىٰ ﴿٢﴾

3)(ኦ መሓመድ) ጎይታኻ ከምዘይገደፈካን ከምዘይጸላኣካን:

مَا وَدَّعَكَ رَبُّكَ وَمَا قَلَىٰ ﴿٣﴾

4)ኦ መሓመድ: ካብዛ ኣዱንያ ንዓኻ ኣኼራ ትበልጸካ:

وَلَلۡأٓخِرَةُ خَيۡرٞ لَّكَ مِنَ ٱلۡأُولَىٰ ﴿٤﴾

5)ብርግጽ ጎይታኻ'ውን ኣብ ኣዱንያ ዓወት፣ ኣብ ኣኼራ ከኣ ሸፋዓ[52] ሂቡ ክፍትወካ እዩ: (ክሳዕ ትረዲ)

وَلَسَوۡفَ يُعۡطِيكَ رَبُّكَ فَتَرۡضَىٰٓ ﴿٥﴾

6)ኦ መሓመድ: ጎይታኻ ዘኽታም እንከሎኻ ረኺቡ እንዶ ኣየዕቆበካን?

أَلَمۡ يَجِدۡكَ يَتِيمٗا فَـَٔاوَىٰ ﴿٦﴾

---

52 ሸፋዓ ማለት ብቋንቋ ዓረብ መንጎኛ ምኺን'ዩ እዛ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሳ ዘላ ሸፋዓ ድማ ኣብ መዓልቲ ምጽኣት (ቅያማ) ኩሉ ሰብ ፍርዲ ኣላህ እናተጸበየ እንከሎ ግዜ ስለዝነውሐ ኣብቲ መዓልቲ'ቲ ኩሉም ነብይታት ናብ ኣላህ ቀረቦም ክዛረቡ ስለዘይደፍሩ እቲ ሓደ ነብይ ስጁድ ጌሩ እቲ ፍርዲ ክጅምር ዝሓትትን ሕቶኡ ብኣላህ ተቐባልን ነብይና ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ጥራይ እዩ። እዚኣ እያ ኸኣ እታ ዓባይ ሸፋዓ።

7)ብዛዕባ ተውሒድን (ሓደነት ኣላህ) ትንቢትን'ውን ዘይትፈልጥ እንከ ሎኻ ረኺቡ ናብ ቅኑዕ መገዲ ሓቢረካ:

وَوَجَدَكَ ضَآلاً فَهَدَىٰ ﴿٧﴾

8)ከምኡ'ውን ድኻ እንከሎኻ ረኺቡ ርኹብ (ሃብታም) ጌሩካ:

وَوَجَدَكَ عَآئِلاً فَأَغْنَىٰ ﴿٨﴾

9)ንዘኽታም ኣይትዓምጽ መሰሉ ሓልወሉ:

فَأَمَّا ٱلْيَتِيمَ فَلَا تَقْهَرْ ﴿٩﴾

10)ንድኻ ለማናይ'ውን ኣይትግንሓዮ ጥዑም መልሲ ሃቦ:

وَأَمَّا ٱلسَّآئِلَ فَلَا تَنْهَرْ ﴿١٠﴾

11)በቲ ተዋሂቡካ ዘሎ ሽሻይ ቁርኣን ይኹን ትንቢትነትን ካልእ ሽሻያትን ተዛረብካ ኣመስግን:

وَأَمَّا بِنِعْمَةِ رَبِّكَ فَحَدِّثْ ﴿١١﴾

سورة الشرح
ሱረቱ'ሽርሕ (እቲ ልቢ ምኽፋት)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ
እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1)ኦ መሓመድ: ልብኻ ዶ ንእምነትን ንትንቢትነትን ኣይከ ፈትናልካን ኢና?

أَلَمْ نَشْرَحْ لَكَ صَدْرَكَ ﴿١﴾

2)ኩሉ ኣብ ግዜ ድንቁርና (ጃሂሊያ) ዝገበርካዮ ጌጋታት ካብ ዝባንካ ኣውሪድናዮ:

وَوَضَعْنَا عَنكَ وِزْرَكَ ﴿٢﴾

3)እቲ ንሕቖኻ ክሳዕ ድምጺ ዘውጽእ ከቢድዎ ዝነበረ ናይ ትንቢትነት ሸኽም ኣፍኲስናልካ:

ٱلَّذِىٓ أَنقَضَ ظَهْرَكَ ﴿٣﴾

4)ዝኽርኻ'ውን ክብ ኣቢልናልካ (ኣብ ተሸሁድ ምስ ኣላህ ተዘኪርካ)

وَرَفَعْنَا لَكَ ذِكْرَكَ ﴿٤﴾

5)ብርግጽ ምስ'ቲ መከራ ራህዋን ቅሳነትን ኣሎ:[53]

فَإِنَّ مَعَ ٱلْعُسْرِ يُسْرًا ﴿٥﴾

6)ብርግጽ ምስ'ቲ መከራ ራህዋን ቅሳነትን ኣሎ:

إِنَّ مَعَ ٱلْعُسْرِ يُسْرًا ﴿٦﴾

---

53 ኣብዘን ክልተ ኣያ ሓንቲ ጽበትን ክልተ ቅሳነትን(ራህዋን) እየን ዘለዋ ምኽንያቱ እታ ካልኣይቲ ጽበት ንሳ እታ ቀዳመይቲ እያ: ግን እተን ራህዋ በበይነን እየን ክልተ እየን: ስለዚ ሓንቲ ጽበት ንክልተ ራህዋ ኣይትስዕርን እያ።

فَإِذَا فَرَغۡتَ فَٱنصَبۡ ۝٧

7)ሰላት፣ ዱዓዋ፣ ጂሃድ፣ እንተደኣ ወዲእካ ዱዓ ብምግባር ጽዓር ድኸም:

وَإِلَىٰ رَبِّكَ فَٱرۡغَب ۝٨

8)ድልየትካ ከኣ ናብ ሓደ ጎይታኻ ግበሮ:

سورة التين
ሱረቱ'ቲን (እቲ በለስ ጥልያን)

بِسۡمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحۡمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

وَٱلتِّينِ وَٱلزَّيۡتُونِ ۝١

1)ብበለስ ጥልያንን[54] ብኣውሊዕን እምሕል (እዚ ከኣ ኑቲ በለስ ጥልያንን ኣውሊዕን ዝበቕሎ ቅዱስ ሃገር ዘመልክት እዩ:)

وَطُورِ سِينِينَ ۝٢

2)ከምኡ'ውን ብኣብ ሲና ዝርከብ ጎቦ ጡር እምሕል:

وَهَٰذَا ٱلۡبَلَدِ ٱلۡأَمِينِ ۝٣

3)ከምኡ'ውን በዚ ኣማን ዝኾነ ዓዲ(መካ) እምሕል:

لَقَدۡ خَلَقۡنَا ٱلۡإِنسَٰنَ فِيٓ أَحۡسَنِ تَقۡوِيمٖ ۝٤

4)ብርግጽ ንወዲ-ሰብ ብዝበለጸ መልክዕን ብዝሓሸ ኣቀዋውማ ከምዝፈጠርናዮ: *(ንእንስሳ ገጹ ናብ መሬት ጌሩ ክፈጥሮ እንከሎ ንወዲ-ሰብ ግን ትኽ ከምዝብል ጌሩ ኣእምሮን መልሓስን ፍልጠትን ሃቦ):*

ثُمَّ رَدَدۡنَٰهُ أَسۡفَلَ سَٰفِلِينَ ۝٥

5)ብድሕሪኡ ከኣ ናብ ዝተሓተ ደረጃ ናይ እርጋንን ድኽመትን መለስናዮ: *(ወይ ከኣ ወዲ-ሰብ ቡቲ እከይ ግብሩ ናብ ዝተሓተ ደረጃ ናይ ጀሃነም ይኣቱ:)*

إِلَّا ٱلَّذِينَ ءَامَنُواْ وَعَمِلُواْ ٱلصَّٰلِحَٰتِ فَلَهُمۡ أَجۡرٌ غَيۡرُ مَمۡنُونٖ ۝٦

6)ብጀካ'ቶም ዝኣመኑን ሰናይ ግብሪ ዝፈጸሙን: ንሳቶም እዮም ከኣ ዘየቋርጽ ዓስቢ (ኣጅሪ) ዘለዎም:

فَمَا يُكَذِّبُكَ بَعۡدُ بِٱلدِّينِ ۝٧

7)ኦ ወዲ-ሰብ እዚ ኹሉ እናፈለጥካ ቡቲ መዓልቲ ሒሳብ ዘይመእመኒኻ እንታይ እዩ:

---

54 ሳግላ መሰል ኢታኽልቲ።

8)ኣላህ ፍትሓዊ ፈራዳይ ዶ ኣይኮነን እዩ? (ማለት ኣላህ እኮ ፍትሓዊ ፈራዳይ እዩ:)	أَلَيْسَ ٱللَّهُ بِأَحْكَمِ ٱلْحَٰكِمِينَ ﴿٨﴾

سورة العلق
ሱረቱል'ዓለቕ (እቲ ርጋእ ደም)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ	بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ
1)ብስም እቲ ንፍጡራት ዝፈጠረ ጎይታኻ ጀሚርካ ቅራእ (ኣንብብ)	ٱقْرَأْ بِٱسْمِ رَبِّكَ ٱلَّذِى خَلَقَ ﴿١﴾
2)ንወዲ ኣዳም ካብ ርጋእ ደም ዝፈጠረ *(እዚ ከኣ ሓደ ካብ መድረኽ ኣፈጣጥራ ወዲ ሰብ እዩ:)*	خَلَقَ ٱلْإِنسَٰنَ مِنْ عَلَقٍ ﴿٢﴾
3)ኣንብብ: ጎይታኻ ብጣዕሚ ለጋስ እዩ: ንባብ ንኽትክእል ክልግ ሰልካ እዩ:	ٱقْرَأْ وَرَبُّكَ ٱلْأَكْرَمُ ﴿٣﴾
4)እቲ ንደቂ-ሰብ ኣጸሓሕፋ ዝመሃረ:	ٱلَّذِى عَلَّمَ بِٱلْقَلَمِ ﴿٤﴾
5)ንወዲ-ሰብ ዘይፈልጦ ዝነበረ ዘፍለጠ:	عَلَّمَ ٱلْإِنسَٰنَ مَا لَمْ يَعْلَمْ ﴿٥﴾
6)ኣይፋሉን: ወዲ-ሰብ ብርግጽ ንኣላህ ይዕበየሉን ገደብ ይግህስን እዩ:	كَلَّآ إِنَّ ٱلْإِنسَٰنَ لَيَطْغَىٰٓ ﴿٦﴾
7)ነፍሱ እንተደኣ እኹል ፐንዘብን ሓይልን ረኺባ:	أَن رَّءَاهُ ٱسْتَغْنَىٰٓ ﴿٧﴾
8)ብርግጽ ናብ ጎይታኻ እዩ ምምላስካ ኣብ መዓልቲ (ቅያማ) ምጽኣት።	إِنَّ إِلَىٰ رَبِّكَ ٱلرُّجْعَىٰٓ ﴿٨﴾
9-10)ርኢኻዮ ዶ እቲ ንባርያ ኣላህ ኣይትስገድ ኢሉ ዝኽልክል ዝነበረ: *(ኣቡ ጃህል ንነቢና ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ኣይትስገድ ይብሎ ኔሩ)*	أَرَءَيْتَ ٱلَّذِى يَنْهَىٰ ﴿٩﴾ عَبْدًا إِذَا صَلَّىٰٓ ﴿١٠﴾
11)እዚ ዝኽልክል ዘሎ *(ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም)* ኣብ ሓቂ እንተሎ ኸ?	أَرَءَيْتَ إِن كَانَ عَلَى ٱلْهُدَىٰٓ ﴿١١﴾

12) ወይ ብንጽህና፣ ብተውሒድን ፍርሃት ረብን እንተኣዘዘኸ ?	أَوْ أَمَرَ بِالتَّقْوَىٰٓ ﴿١٢﴾
13)(እቲ ኣቡ ጃህል ከኣ) ብኢይ ከሒዱ ካብ ኢማን ዘድሓርሓረ እንተኾነኸ ?	أَرَءَيْتَ إِن كَذَّبَ وَتَوَلَّىٰٓ ﴿١٣﴾
14)ኣላህ ግብሩ ይርኢ ከምዘሎ ኣይፈልጥን ዲዩ? ከመይ ጌሩ ይደፍሮ ኣሎ ?	أَلَمْ يَعْلَم بِأَنَّ ٱللَّهَ يَرَىٰ ﴿١٤﴾
15)ኣይፋሉን: ካብ'ዚ ግብሩ እንተዘይ ተቐጢቡ ብፊት ጸጕሪ ርእሱ ስሒብና ኣብ ጀሃነም ክነእትዎ ኢና:	كَلَّا لَئِن لَّمْ يَنتَهِ لَنَسْفَعًۢا بِٱلنَّاصِيَةِ ﴿١٥﴾
16)እዛ ከሓዲትን ዘንበኛን (ሓጥያተኛ) ዝኾነት ጸጕሪ ፊት ርእሱ:	نَاصِيَةٍ كَٰذِبَةٍ خَاطِئَةٍ ﴿١٦﴾
17)እስከ እቶም ቀቢላኡን ህዝቡን ይጸውዕ ክሕግዝዎን ክተሓባበርዎን:	فَلْيَدْعُ نَادِيَهُۥ ﴿١٧﴾
18)ንሕና እቶም ሓያላትን ብርቱዓትን መላኢካታት ክንጽውዕ ኢና:	سَنَدْعُ ٱلزَّبَانِيَةَ ﴿١٨﴾
19)ኣይፋሉን:-ኣቡጃህል- ኦ መሓመድ: ኣቡጃህል ብዝበለካ ኣይትማእዘዞ ንጎይታኻ ከኣ ስገድ ናብኡ'ውን ቅረብ።	كَلَّا لَا تُطِعْهُ وَٱسْجُدْ وَٱقْتَرِب ۩ ﴿١٩﴾

سورة القدر
ሱረቱል'ቀድር (እቲ ውሳኔ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ	بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ
1)ብርግጽ ንሕና ንቁርኣን ኣብታ ናይ ውሳነ ለይቲ (ለይለቱል ቀድር) ኢና ኣውሪድናዮ:[55]	إِنَّآ أَنزَلْنَٰهُ فِى لَيْلَةِ ٱلْقَدْرِ ﴿١﴾
2)እንታይነት ናይ ለይለቱል ቀድሪ ኸ እንታይ ኣፍለጠካ:	وَمَآ أَدْرَىٰكَ مَا لَيْلَةُ ٱلْقَدْرِ ﴿٢﴾

55 *ቁርኣን ብምሉኡ ካብ ሉሕ ኣልማሕፉዝ ናብዛ ቀረባ ሰማይ ኣብ ለይለቱልቀድሪ'ዩ ወሪዱ፡ ብድሕሪኡ* ኣላህ ንጅብሪል እናለኣኸ በብቁሩብ ክከም ኣድላይነቱ ናብ ሰይድና *ሙሓመድ* ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ኣብ 23 ዓመት ኣውረዶ።

3)እዛ ለይለቱል ቀድሪ ካብ ሽሕ ወርሒ ትበልጽ: (ማለት ኣብዛ ለይቲ እትግበሮ ሰናይ ግብሪ ካብ ናይ ሽሕ ወርሒ ይበልጽ)

لَيْلَةُ ٱلْقَدْرِ خَيْرٌ مِّنْ أَلْفِ شَهْرٍ ﴿٣﴾

4)መላኢካታትን ጂብሪልን (ገብሪኤልን) ብፍቓድ ኣላህ በብዓይነቱ ትእዛዛት ሒዞም ካብ ሰማይ ናብ መሬት ዝወርዱላ ለይቲ እያ:

تَنَزَّلُ ٱلْمَلَـٰٓئِكَةُ وَٱلرُّوحُ فِيهَا بِإِذْنِ
رَبِّهِم مِّن كُلِّ أَمْرٍ ﴿٤﴾

5)እዛ ለይቲ'ዚኣ ክሳዕ ዝወግሕ ሰላምን ሰናይን ጥራይ ዝሓዘለት እያ::

سَلَـٰمٌ هِىَ حَتَّىٰ مَطْلَعِ ٱلْفَجْرِ ﴿٥﴾

سورة البينة
ሱረቱል'በይና (እታ መርትዖ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَـٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1)እቶም ዝኸሓዱ ካብ ኣይሁዳውያንን ክርስትያንን ከምኡ'ውን እቶም ንጣኦት ዝግዝኡ ሙሽሪኪን ካብቲ ዝነበርዎ ጥፍኣት ዝተመልሱን ዝተቖጠቡን መርትዖ ካብ ኣላህ ምስ መጸም እዩ: (እዚ መርትዖ'ዚ ኣብዛ ትመጽእ ኣያ ተጠቒሱ)

لَمْ يَكُنِ ٱلَّذِينَ كَفَرُوا۟ مِنْ أَهْلِ
ٱلْكِتَـٰبِ وَٱلْمُشْرِكِينَ مُنفَكِّينَ حَتَّىٰ
تَأْتِيَهُمُ ٱلْبَيِّنَةُ ﴿١﴾

2)መሓመድ ልኡኽ ናይ ኣላህ: ካብ ኩሉ እከይ ንጹህ ዝኾነ ጽሑፋት እዩ ዘንብበሎም:

رَسُولٌ مِّنَ ٱللَّهِ يَتْلُوا۟ صُحُفًا مُّطَهَّرَةً ﴿٢﴾

3)እቲ ጽሑፋት'ውን ቅኑዕ ዝኾነ ቃላትን ውሳኔታትን ዝተጻሕፎ እዩ:

فِيهَا كُتُبٌ قَيِّمَةٌ ﴿٣﴾

4)እቶም ቅድሚ ሕጂ መጻሕፍቲ ዘውረድናሎም ኣይሁዳውያንን ክርስትያንን ኣብ መጻሕፍቶም ንነብይ ሙሓመድ ዝድግፍ መርትዖ ድሕሪ ምምጻኡ እዮም ብዛዕባ ሓቅነት መሓመድ ዝተፈላለዩን ፋሕ ዝበሉን ዝኸሓደ ክሒዱ ዝኣመነ ድማ ኣሚኑ:

وَمَا تَفَرَّقَ ٱلَّذِينَ أُوتُوا۟ ٱلْكِتَـٰبَ إِلَّا
مِنۢ بَعْدِ مَا جَآءَتْهُمُ ٱلْبَيِّنَةُ ﴿٤﴾

5)እዞም ዝኸሓዱ ድማ ንኣላህ ብንጽህና ክግዝእዎን ካብ ኩሉ ሃይማኖታት ናብ እስልምና ክዝንበሉን ሰላቶም ክቘሙን፣ ዘካት ክህቡን ጥራይ እዮም ተኣዚዞም: እዚ ኸኣ እቲ ቅኑዕ ሃይማኖት እዩ።

وَمَآ أُمِرُوٓاْ إِلَّا لِيَعۡبُدُواْ ٱللَّهَ مُخۡلِصِينَ لَهُ ٱلدِّينَ حُنَفَآءَ وَيُقِيمُواْ ٱلصَّلَوٰةَ وَيُؤۡتُواْ ٱلزَّكَوٰةَۚ وَذَٰلِكَ دِينُ ٱلۡقَيِّمَةِ ٥

6)ብርግጽ እቶም ብእስልምና ዝኸሓዱ ካብ ኣይሁዳውያንን ክርስትያንን ኣምለኽቲ ጣኦት ሙሽሪኪንን ንዘልኣለም ኣብ ሓዊ ጀሃነም'ዮም ክነብሩ: ንሳቶም ከኣ እቶም ኣዝዮም ዝበኣሱ ፍጡራት እዮም።

إِنَّ ٱلَّذِينَ كَفَرُواْ مِنۡ أَهۡلِ ٱلۡكِتَٰبِ وَٱلۡمُشۡرِكِينَ فِي نَارِ جَهَنَّمَ خَٰلِدِينَ فِيهَآۚ أُوْلَٰٓئِكَ هُمۡ شَرُّ ٱلۡبَرِيَّةِ ٦

7)ብርግጽ እቶም ብእስልምና ዝኣመኑን ሰናይ ግብሪ ዝፈጸሙን: እቶም ዝበለጹ ፍጡራት እዮም።

إِنَّ ٱلَّذِينَ ءَامَنُواْ وَعَمِلُواْ ٱلصَّٰلِحَٰتِ أُوْلَٰٓئِكَ هُمۡ خَيۡرُ ٱلۡبَرِيَّةِ ٧

8)ዓስቦም እቲ ምስ ጎይታኦም ዘሎ ብትሕቲ ኣግራቡን ክፍልታቱን ወሓዚ ዝውሕዝ ጀናታት(ገነታት) ዓድን ንዘልኣለም ንኽነብሩሉ እዩ። ኣላህ ረድዩሎም እዩ: ንሳቶም'ውን በቲ ኣላህ ዝሃቦም ዓጊቦም ረድዮምሉ እዮም: እዚ ሞሳ ከኣ ነቶም ንጎይታኦም ዝፈርሁ ዝኽበሩ ጥራይ እዩ።

جَزَآؤُهُمۡ عِندَ رَبِّهِمۡ جَنَّٰتُ عَدۡنٖ تَجۡرِي مِن تَحۡتِهَا ٱلۡأَنۡهَٰرُ خَٰلِدِينَ فِيهَآ أَبَدٗاۖ رَّضِيَ ٱللَّهُ عَنۡهُمۡ وَرَضُواْ عَنۡهُۚ ذَٰلِكَ لِمَنۡ خَشِيَ رَبَّهُۥ ٨

سورة الزلزلة
ሱረቱል'ዘልዘላ (እቲ ምንቅጥቃጥ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسۡمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحۡمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1)መሬት ናይ ቅያማ (ምጽኣት) ብርቱዕ ምንቅጥቃጥ ምስ ኣንቀጥቀጣ:

إِذَا زُلۡزِلَتِ ٱلۡأَرۡضُ زِلۡزَالَهَا ١

2)ከምኡ'ውን መሬት እቲ ኣብ ውሽጣ ዘሎ ሃብትን ምዉታትን ምስ ኣውጽኣት:

وَأَخۡرَجَتِ ٱلۡأَرۡضُ أَثۡقَالَهَا ٢

وَقَالَ ٱلۡإِنسَٰنُ مَا لَهَا ۝٣

3)ወዲ-ሰብ ነዚ ምስ ረአየ እንታይ ኮይና እያ መሬት ኣንቀጥቂጣን ኣብ ውሽጣ ዝነበረ ተፊኣን ይብል:

يَوۡمَئِذٖ تُحَدِّثُ أَخۡبَارَهَا ۝٤

4)ሽዕኡ መሬት ባዕላ ኑቲ ኣብኣ ዝግበር ዝነበረ ነገራት ተውርን ትነግርን:

بِأَنَّ رَبَّكَ أَوۡحَىٰ لَهَا ۝٥

5)ብርግጽ በቲ ኣላህ ዘፍቀደላን ዝኣዘዛን ንኽትዛረብ ትበቅዕ:

يَوۡمَئِذٖ يَصۡدُرُ ٱلنَّاسُ أَشۡتَاتٗا لِّيُرَوۡاْ أَعۡمَٰلَهُمۡ ۝٦

6)ሽዕኡ ደቂ-ሰብ ካብቲ ናይ ሕሳብ ቦታ ፋሕ ፋሕ ኢሎም ገሊኦም ንየማን ናብ ጀና ገጾም ገሊኦም ንጸጋም ናብ ጀሃነም ገጾም ይኸዱ ምእንቲ ዓስቢ ጸዕሮምን ግብሮምን ክርእዩ ።

فَمَن يَعۡمَلۡ مِثۡقَالَ ذَرَّةٍ خَيۡرٗا يَرَهُۥ ۝٧

7)እቲ ኣብ ኣዱንያ ክብደቱ ክንዲ ንእሽተይ ጻጸ ወይ ክንዲ ኣቶም(Atom) ሰናይ ግብሪ ዝገበረ ናይቲ ዝገበሮ ዓስቢ ክርኢ እዩ:

وَمَن يَعۡمَلۡ مِثۡقَالَ ذَرَّةٖ شَرّٗا يَرَهُۥ ۝٨

8)እቲ ኣብ ኣዱንያ ክብደቱ ክንዲ ንእሽተይ ጻጸ ወይ ክንዲ ኣቶም (Atom) እከይ ዝገብር ዝነበረ'ውን ናይቲ ዝገበሮ ዓስቢ ክርኢ እዩ:

سورة العاديات
ሱረቱል'ዓድያት (እተን ኣጋለብቲ)

بِسۡمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحۡمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

وَٱلۡعَٰدِيَٰتِ ضَبۡحٗا ۝١

1)በተን ኣብ ጂሃድ ብርቱዕ ትንፋስ እናኣተንፈሳ ዘጋልባ ኣፍራስ እምሕል:

فَٱلۡمُورِيَٰتِ قَدۡحٗا ۝٢

2)ከምኡ'ውን በተን ሸኾነኣን ምስ ኣእማን ምስ ተጋጨወ ብልጭ ዝብል እምሕል:

فَٱلۡمُغِيرَٰتِ صُبۡحٗا ۝٣

3)ከምኡ'ውን በተን ንግሆ ንጸላኢ ዘጥቅዓ እምሕል:

4)ከምኡ'ውን በተን እናኸዳ ደሮና ዘናዕባ እምሕል: | فَأَثَرْنَ بِهِۦ نَقْعًا ﴿٤﴾

5)ከምኡ'ውን በተን ተአኪበን ኣብ ማእከል ጸላኢ ዝኣትዋ እምሕል: | فَوَسَطْنَ بِهِۦ جَمْعًا ﴿٥﴾

6)ብርግጽ ወዲ-ሰብ ንጎይታኡ ብጣዕሚ ከሓዲ ከምዝኾነ: | إِنَّ ٱلْإِنسَـٰنَ لِرَبِّهِۦ لَكَنُودٌ ﴿٦﴾

7)ብርግጽ ንሱ'ውን ነቲ ክሕደቱ ይርእዮን ባዕሉ ይምስክረሉን እዩ: | وَإِنَّهُۥ عَلَىٰ ذَٰلِكَ لَشَهِيدٌ ﴿٧﴾

8)ከምኡ'ውን ብርግጽ ወዲ-ሰብ ብጣዕሚ ንገንዘብ (ማል) ይፈቱው እዩ: | وَإِنَّهُۥ لِحُبِّ ٱلْخَيْرِ لَشَدِيدٌ ﴿٨﴾

9)እዚ ወዲ-ሰብ ኣብ መቓብር ዘሎ ምዉት ክወጽእ ምኺኑ ኣይፈልጥን ድዩ ? | ۞ أَفَلَا يَعْلَمُ إِذَا بُعْثِرَ مَا فِى ٱلْقُبُورِ ﴿٩﴾

10)ከምኡ'ውን ኣብ ልብታት ዘሎ ሰናዩን እከዩን ክምመን ክግላህን ምኺኑ: | وَحُصِّلَ مَا فِى ٱلصُّدُورِ ﴿١٠﴾

11)ብርግጽ ሽዕኡ ኣብቲ መዓልቲ'ቲ ጎይታኦም ኩሉ ዝገበርዎ ዝኽብሩ ይፈልጦ እዩ: ዝሕበኦ ነገር የብሉን: በቲ ግብ ሮም ክኣ ጸማኦም ክህቦም እዩ: (ነዚ እናፈለጡ ድማ ክሕደትን ፍቕሪ ገንዘብን ክሓድሮም የብሉን።) | إِنَّ رَبَّهُم بِهِمْ يَوْمَئِذٍ لَّخَبِيرٌۢ ﴿١١﴾

سورة القارعة

ሱረቱል'ቃሪዓ (እታ ኮራዕ ኣባሊት)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ | بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَـٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1)ኣልቃሪዓ፥ ሓደ ካብቲ ኣስማት ናይ ቅያማ (ምጽ ኣት) እዩ: ንልብኻ ብራዕዲ ስለ እትወቅዖ ወቓዒት (ኮራዕ ኣባሊት) ተሰምያ: | ٱلْقَارِعَةُ ﴿١﴾

2)እንታይ ከ እያ እታ ኮራዕ ኣባሊት (ዕብየታ ንምግላጽ እንደገና ተደጊማ) | مَا ٱلْقَارِعَةُ ﴿٢﴾

وَمَآ أَدۡرَىٰكَ مَا ٱلۡقَارِعَةُ ٣

3)ብዛዕባ ኣልቃሪዓ(እታ ኮራዕ ኣባሊት) ከ እንታይ ትፈልጥ?

يَوۡمَ يَكُونُ ٱلنَّاسُ كَٱلۡفَرَاشِ ٱلۡمَبۡثُوثِ ٤

4)ሽዑ ደቂ-ሰብ ልክዕ ከምቲ ኣብ ፈቐዶ ቦታ ዝተዘርግሑን ፋሕ ዝበሉን ጽምብላሊዕ ይኾኑ:

وَتَكُونُ ٱلۡجِبَالُ كَٱلۡعِهۡنِ ٱلۡمَنفُوشِ ٥

5)ኣኽራናት'ውን ልክዕ ከምቲ እተፈተገ ጸምሪ(ጸጕሪ በጊዕ) ትኸውን:

فَأَمَّا مَن ثَقُلَتۡ مَوَٰزِينُهُۥ ٦

6)እንተ እቲ ሰናይ ግብሩ ካብ እከይ ግብሩ ኣብ ሚዛን ዝኸበደ:

فَهُوَ فِي عِيشَةٖ رَّاضِيَةٖ ٧

7)ኣብ ፍቱው ናብራ'ዩ ዝነብር:

وَأَمَّا مَنۡ خَفَّتۡ مَوَٰزِينُهُۥ ٨

8)እቲ ሰናይ ግብሩ ካብ እከይ ግብሩ ኣብ ሚዛን ዝፎኽሰ ግን :

فَأُمُّهُۥ هَاوِيَةٞ ٩

9)መንበሪቱ ጀሃነም እያ:

وَمَآ أَدۡرَىٰكَ مَا هِيَهۡ ١٠

10)እዛ ሃዊያ (ጸድፊ ጀሃነም) እንታይ ምዃና ኸ እንታይ ኣፍሊጡካ:

نَارٌ حَامِيَةُۢ ١١

11)ኣዝዩ ብርቱዕ ዋዒ ዘለዋ እሳት እያ::

سورة التكاثر
ሱረቱ'ተካሱር (እቲ ምብዛሕ)

بِسۡمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحۡمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

أَلۡهَىٰكُمُ ٱلتَّكَاثُرُ ١

1)ብብዝሕኹምን ብብዝሒ ገንዘብኩምን ምፍኽኻር ኑቲ ምእዙዛ ጎይታኹም ካብ ምኽታል ኣረሳሲዑኩምን ኣዐሺዩኩምን:

حَتَّىٰ زُرۡتُمُ ٱلۡمَقَابِرَ ٢

2)ክሳዕ ሞት ተርክበኩምን ኣብ መቓብር ትድፈኑን:

كَلَّا سَوۡفَ تَعۡلَمُونَ ۝٣

3)ኣይፋልኩምን፡ ውጽኢት ናይ'ዚ ግብርኹም ኣብ ቅያማ (ምጽኣት) ክትፈልጥዎ ኢኹም፡

ثُمَّ كَلَّا سَوۡفَ تَعۡلَمُونَ ۝٤

4)ከምኡ'ውን ኣይፋልኩምን ውጽኢት ናይዚ ግብርኹም ኣብ ቅያማ (ምጽኣት) ክትፈልጥዎ ኢኹም፡

كَلَّا لَوۡ تَعۡلَمُونَ عِلۡمَ ٱلۡيَقِينِ ۝٥

5)ኣይፋልኩምን እቲ ዝጽበየኩም ዘሎ ብርግጽ ትፈልጥዎ እንተትኾኑ ብብዝሕኹምን ብብዝሒ ገንዘብኩምን ክትፈኽሩ ግዜ ኣይመጥፋ እኩምን፡

لَتَرَوُنَّ ٱلۡجَحِيمَ ۝٦

6)ብርግጽ ሓዊ ጀሃነም ክትርእይዋ ኢኹም ኣብ ቅያማ፡

ثُمَّ لَتَرَوُنَّهَا عَيۡنَ ٱلۡيَقِينِ ۝٧

7)ከምኡ'ውን ብርግጽ ዓይኒ ብዓይኒ ክትርእይዋ ኢኹም፡

ثُمَّ لَتُسۡـَٔلُنَّ يَوۡمَئِذٍ عَنِ ٱلنَّعِيمِ ۝٨

8) ከምኡ'ውን ብርግጽ ኣብ ቅያማ በዚ ናይ ኣዱንያ ሽሻይ ክትሕተቱ ኢኹም።

سورة العصر
ሱረቱል'ዓስር (እቲ ዘመን)

بِسۡمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحۡمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

وَٱلۡعَصۡرِ ۝١

1)ብዘመን እምሕል

إِنَّ ٱلۡإِنسَٰنَ لَفِي خُسۡرٍ ۝٢

2)ብርግጽ ኩሉ ወዲ-ሰብ ኣብ ክሳራ ወዲቑ ከምዘሎ፡

إِلَّا ٱلَّذِينَ ءَامَنُواْ وَعَمِلُواْ ٱلصَّٰلِحَٰتِ
وَتَوَاصَوۡاْ بِٱلۡحَقِّ وَتَوَاصَوۡاْ بِٱلصَّبۡرِ ۝٣

3)ብጀካ እቶም ኣሚኖምን ሰናይ ዝፈጸሙን፣ ንመገዲ-ሓቂ ምሓዝን ኣብቲ ሒዞሞ ዘለዉ ሓቂ ንምዕጋስን ንምጽናዕን'ውን ነንሕድሕዶም ዝላበዉ፡

سورة الهمزة

ሱረቱል'ሁመዛ (እቲ ምክፋእ)

بِسۡمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحۡمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

وَيۡلٞ لِّكُلِّ هُمَزَةٖ لُّمَزَةٍ ﴿١﴾

1)ወይልእም ንኹሎም እቶም ብመልሓሶም ይኹን ብተግባሮም ንሰብ ዘካፍኡን ዘጸልሙን:

ٱلَّذِي جَمَعَ مَالٗا وَعَدَّدَهُۥ ﴿٢﴾

2)እቲ ገንዘብ ዝኣከበን ዝቆጸረን: ብገንዘቡ ተዓብዩ ንኻልእ ዘናሽወን:

يَحۡسَبُ أَنَّ مَالَهُۥٓ أَخۡلَدَهُۥ ﴿٣﴾

3)ገንዘቡ ንመዋእል ዘንብሮን ካብ ሞት ዘድሕኖን ይመስሎ:

كَلَّاۖ لَيُنۢبَذَنَّ فِي ٱلۡحُطَمَةِ ﴿٤﴾

4)ኣይፋሉን: ኣብታ ጀሃነም ደኣ ክድርበ እዩ:

وَمَآ أَدۡرَىٰكَ مَا ٱلۡحُطَمَةُ ﴿٥﴾

5)ኣልሑጣማ (ጀሃነም) እትብሃል ከ ትፈልጣ ዶ?

نَارُ ٱللَّهِ ٱلۡمُوقَدَةُ ﴿٦﴾

6)እታ ብትእዛዝ ኣላህ ዝተቓጸለት እሳት ኣላህ እያ:

ٱلَّتِي تَطَّلِعُ عَلَى ٱلۡأَفۡـِٔدَةِ ﴿٧﴾

7)እታ ዋዒኣን ስቓያን ኣብ ውሽጢ ልብታት ዝበጽሕ እያ:

إِنَّهَا عَلَيۡهِم مُّؤۡصَدَةٞ ﴿٨﴾

8)ብርግጽ ንሳ ድማ ኩሓድቲ ክወጹላ ዘይክእሉ ዕጽውቲ ማዕጾ እያ:

فِي عَمَدٖ مُّمَدَّدَةِۭ ﴿٩﴾

9)ኣብ ነዋሕቲ ዓንድታት እተኣስረ እዩ: *(ማለት እቲ መዓጾ ኣብ ነዊሕ ዓንድታት ተኣሲሩ ተዓጽዩ: ወይ እቶም ኩሓድቲ ኣብ ነዋሕቲ ዓንድታት ተኣሲሮም):*

سورة الفيل
ሱረቱል'ፊል (እቲ ሓርማዝ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1)ኦ መሓመድ: ኣላህ ኑቶም ሰብ ሓርማዝ ካዕባ ከፍርሱ ንመካ ዝመጹ እንታይ ከምዝገበርዎም ወረኦም ኣለካ እንድዩ ?[56]

أَلَمْ تَرَ كَيْفَ فَعَلَ رَبُّكَ بِأَصْحَٰبِ ٱلْفِيلِ ﴿١﴾

2)ኑቲ ውዲቶም በታቲኑሎምን ኣበላሸዩሎምን እንድዩ:

أَلَمْ يَجْعَلْ كَيْدَهُمْ فِى تَضْلِيلٍ ﴿٢﴾

3)ከምኡ'ውን በብጃንዳ ዝመጻ ኣዕዋፍ ሰደደሎም:

وَأَرْسَلَ عَلَيْهِمْ طَيْرًا أَبَابِيلَ ﴿٣﴾

4)ካብ እሳት ጀሃነም ዝወጸ ኣእማን ይስንድዋሎም:

تَرْمِيهِم بِحِجَارَةٍ مِّن سِجِّيلٍ ﴿٤﴾

5)ኣላህ ልክዕ ከም ማል ዝበለዐኦ ሳዕሪ ገበሮም:*(ከም ፋንድያ ወይ ከም ሓሰር ንፋይ ወይ ከም ዝተሓየኸ ቃንጫ)*

فَجَعَلَهُمْ كَعَصْفٍ مَّأْكُولٍ ﴿٥﴾

سورة قريش
ሱረቱ ቁረይሽ (ቁረይሽ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1)እቲ ቁረይሽ ዝለመድዎ ልምዲ

لِإِيلَٰفِ قُرَيْشٍ ﴿١﴾

2)እቲ ጉዕዞ ክረምትን ጉዕዞ ሓጋይን እዩ:*(ንንግዲ ኣብ ክረምቲ ንየመን ኣብ ሓጋይ ከኣ ንሻም ይኸዱ ኔሮም)*

إِۦلَٰفِهِمْ رِحْلَةَ ٱلشِّتَآءِ وَٱلصَّيْفِ ﴿٢﴾

---

56 ኣብርሃ ዝብሃል ኣብ የመን ዝነበረ ናይ ሓበሻ መራሒ ንካዕባ ከፍርሳ ብሓርማዝ ተሰንዩ ንመካ ምስ መጸ ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ኣዕዋፍ ሰዲዱ ንዑኡን ንሰራዊቱን ኣህሊቑዎም: እዚ ኸኣ ኣብ ረሱል (ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም) ዝተወልደሉ ዓመት እዩ ኔይሩ።

3)ስለዚ ንጎይታ'ዚ ቤት (ካዕባ)'ዚ ግዴታ የምልኹዎ:

فَلْيَعْبُدُوا رَبَّ هَٰذَا الْبَيْتِ ﴿٣﴾

4)እቲ ካብ ጥሜት ዘዐንገሎምን ካብ ፍርሂ ከአ ዘተእማመ ኖምን::

الَّذِي أَطْعَمَهُم مِّن جُوعٍ وَآمَنَهُم مِّنْ خَوْفٍ ﴿٤﴾

سورة الماعون
ሱረቱል'ማዑን (እቲ ኣቕሓ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسْمِ اللَّهِ الرَّحْمَٰنِ الرَّحِيمِ

1)ርኢኻዮዶ እቲ ብናይ መዓልቲ ቅያማ (ምጽኣት) ሕሳብ ዝኽሕደ?

أَرَأَيْتَ الَّذِي يُكَذِّبُ بِالدِّينِ ﴿١﴾

2)ንሱ እዩ ንዘኽታም መሰሉ ከይሃበ ብሓይሊ ዝደፍኦን ዘርሕቖን:

فَذَٰلِكَ الَّذِي يَدُعُّ الْيَتِيمَ ﴿٢﴾

3)ንመስኪን ንምዕንጋል'ውን ንኑብሱ ይኹን ንኻልእ ኣይደፋፍእን:

وَلَا يَحُضُّ عَلَىٰ طَعَامِ الْمِسْكِينِ ﴿٣﴾

4)ወይልኦም እቶም ሰገድቲ:

فَوَيْلٌ لِّلْمُصَلِّينَ ﴿٤﴾

5)እቶም ንሰላቶም ዘየስተውዕሉን ዝረሳስዑን:

الَّذِينَ هُمْ عَن صَلَاتِهِمْ سَاهُونَ ﴿٥﴾

6-7)ንሶም እዮም እቶም ሰብ ክሪኦሎም ዝሰግዱን ኣቕሓ (ሽሓኒ ድስቲ ፋስ....ወዘተ) እንተ ተለመኑ ዘይህቡን (ወይ ዘካት ዘይህቡን::)

الَّذِينَ هُمْ يُرَاءُونَ ﴿٦﴾ وَيَمْنَعُونَ الْمَاعُونَ ﴿٧﴾

سورة الكوثر
ሱረቱል'ከውሰር (እቲ ከውሰር)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ
እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسۡمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحۡمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1)ኦ መሓመድ: ከውሰር ዝተባህለ ኣብ ጀና ዝርከብ ወሓዚ ብርግጽ ሂብናካ ኢና:

إِنَّآ أَعۡطَيۡنَٰكَ ٱلۡكَوۡثَرَ ١

2)ንጎይታኻ ስገደሉን ሕረደሉን: *(ዝለ ሙፈሲሪን: ሰላት ዒድ ዓረፋን ማሕረዲ ዒድን'ዩ ይብሉ:)*

فَصَلِّ لِرَبِّكَ وَٱنۡحَرۡ ٢

3)እቲ ዝጸልኣካን ዝጻረረካን ንሱ እዩ ንባዕሉ ካብ ሰናይ ኣዱንያን ኣኼራን (ምጽኣ ትን) ብርግጽ ዝሕረም::

إِنَّ شَانِئَكَ هُوَ ٱلۡأَبۡتَرُ ٣

سورة الكافرون
ሱረቱል'ካፊሩን (እቶም ከሓድቲ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ
እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسۡمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحۡمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1) (ኦ መሓመድ:) ኦ ኣቱም ከሓድቲ

قُلۡ يَٰٓأَيُّهَا ٱلۡكَٰفِرُونَ ١

2)ንቶም እተምልኽዎም ዘለኹም ጣኦት ኣየምልኾምን 'የ:

لَآ أَعۡبُدُ مَا تَعۡبُدُونَ ٢

3)ንቲ ኣነ ዘምልኾ ጎይታ'ውን ተምልኽዎ የለኹምን:

وَلَآ أَنتُمۡ عَٰبِدُونَ مَآ أَعۡبُدُ ٣

4)ኣብ መጻኢ'ውን ንቶም እተምልኹዎም ጣኦት ኣይከምልኽን እየ:

وَلَآ أَنَا۠ عَابِدٞ مَّا عَبَدتُّمۡ ٤

5)ንስኹም'ውን ኣብ ሽርክነት ኩም እንተቐጺልኩም ኑቲ ኣነ ዘምልኾ ዘለኹ ኣይከተምልኽዎን ኢኹም:

وَلَآ أَنتُمۡ عَٰبِدُونَ مَآ أَعۡبُدُ ۝٥

6)ንስኹም እቲ ናይ ሽርክነት ሃይማኖትኩም ኣለኩም: ኣነ ድማ ናይ እስልምና ሃይማኖት ኣለኒ በሎም:: [57]

لَكُمۡ دِينُكُمۡ وَلِيَ دِينِ ۝٦

سورة النصر
ሱረቱ'ነስር (እቲ ዓወት)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسۡمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحۡمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1)እ መሓመድ: ኣንጻር ጸላእትኻ ኣላህ ካብ ኣዐወተካን መካ ካብ ከፈተልካን (ወይ ሓራ ካብ ኣውጸኣልካ)::

إِذَا جَآءَ نَصۡرُ ٱللَّهِ وَٱلۡفَتۡحُ ۝١

2)ህዝቢ ድማ በብጭፍራ ናብ ኣላህ ዝረድኦ ሃይማኖት እስልምና ክኣቱ ካብ ረኣኻን:

وَرَأَيۡتَ ٱلنَّاسَ يَدۡخُلُونَ فِي دِينِ ٱللَّهِ أَفۡوَاجٗا ۝٢

3)ንጎይታኻ ብምስጋና ሠብሓዮን ምሕረት ሕተቶን: ብርግጽ ንሱ ኣዝዩ ተቐባል ኑዛዜ እዩ::

فَسَبِّحۡ بِحَمۡدِ رَبِّكَ وَٱسۡتَغۡفِرۡهُۚ إِنَّهُۥ كَانَ تَوَّابَۢا ۝٣

---

57 ኣብ መካ ዝነበሩ ከሓድቲ ረሱል صلى الله عليه وسلم ሓደ ዓመት ንጎይታኦም ከምልኽ ሓደ ዓመት ከኣ ንሶም ንጎይታ መሓመድ صلى الله عليه وسلم ከምልኹ ምስ ሓተትዎ ኣላህ ነዛ ሱራ ኣውረደሉ::

سورة المسد
ሱረቱል'መሰድ (እቲ ፍሕሶ)

بِسۡمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحۡمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ
እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

تَبَّتۡ يَدَآ أَبِي لَهَبٖ وَتَبَّ ﴿١﴾

1)ኣእዳው ኣቡ ለሃብ ይህለቓን
ይዕነዋን: ንሱ'ውን ይህለቕ:

مَآ أَغۡنَىٰ عَنۡهُ مَالُهُۥ وَمَا كَسَبَ ﴿٢﴾

2)ገንዘቡን ኩሉ መኽሰባቱን
ካብቲ ዝወረዶ መዓት
ኣየድሓኖ ኣይጠቐሞ:

سَيَصۡلَىٰ نَارٗا ذَاتَ لَهَبٖ ﴿٣﴾

3)ኣብታ ሃልሃልታ ዘለዋ እሳት
ከኣ ክቃጸል እዩ:

وَٱمۡرَأَتُهُۥ حَمَّالَةَ ٱلۡحَطَبِ ﴿٤﴾

4)እታ እሾኽን ኣዕጻውን
ተሰኪማ መጺኣ ኣብ መገዲ
ረሱል ተቐምጦ ዝነበረት
ሰይቲ ኣቡ ለሃብ ከኣ
ኣብታ ሃልሃልታ ዘለዋ እሳተ
ጀሃነም ክትቃጸል እያ።

فِي جِيدِهَا حَبۡلٞ مِّن مَّسَدِۭ ﴿٥﴾

5)ኣብ ክሳዳ ከኣ ፍሑስ ገመድ
ኣሎ: (እዚ ገመድ ናይ
ሓዊ ሰንሰለት'ዩ ይብሃል:
ከም ኡ'ውን ገለ ዑለማእ
ኣብ ክሳዳ ክቡር ማዕድን
ስለ ዝነበራ ብዋጋ'ዚ
ማዕድን ኣንጻር ሙሓመድ
ክትዋጋእ ምኺና ትምሕል
ኔራ ይብሉ።)

سورة الإخلاص
ሱረቱል'ኢ`ኽላስ (እቲ ንጽህና)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسۡمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحۡمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1)ኦ መሓመድ: ኣላህ ሽርካ ዘይብሉ ሓደ ጎይታ እዩ:

قُلۡ هُوَ ٱللَّهُ أَحَدٌ ١

2)ኣላህ እቲ ምሉእ ዘይጉዱል ጎይታ: ኩሉ ፍጡር ድልየቱ ንምርካብ ዝምዕቀበሉ እዩ:

ٱللَّهُ ٱلصَّمَدُ ٢

3)ኣላህ ኣይወለደ ኣይተወልደ:

لَمۡ يَلِدۡ وَلَمۡ يُولَدۡ ٣

4)ንዕኡ ዝመሳስል፣ ዝሻርኾ፣ ዝወዳደርን ዝመዓራረን ወላ ሓደ የለን በል::

وَلَمۡ يَكُن لَّهُۥ كُفُوًا أَحَدُۢ ٤

سورة الفلق
ሱረቱል'ፈለ`ቕ (እቲ ንግሆ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسۡمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحۡمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1)ኦ መሓመድ: ናብቲ ንንግሆ ካብ ጸላም ለይቲ ዝጨደደ ጎይታ እዕቆብ:

قُلۡ أَعُوذُ بِرَبِّ ٱلۡفَلَقِ ١

2)ካብቲ እከይ ናይ ፍጡራት:

مِن شَرِّ مَا خَلَقَ ٢

3)ከምኡ'ውን ካብ እከይ ናይ ለይቲ ግዜ ለይቲ ምስ ኣተወ:

وَمِن شَرِّ غَاسِقٍ إِذَا وَقَبَ ٣

4)ከምኡ'ውን ካብ እከይ ናይተን ቱፍ ቱፍ እናበላ ፈትሊ ኣሳሲረን ዝሕዛ ጠበብቲ:

وَمِن شَرِّ ٱلنَّفَّٰثَٰتِ فِى ٱلْعُقَدِ ﴿٤﴾

5)ከምኡ'ውን ካብ እከይ ናይ ሓሳድ ክሕስድ እንከሎ ቡዳ'ውን እንተዳአ ሓሲዱ ካብ እከዩ እዕቆብ በል።

وَمِن شَرِّ حَاسِدٍ إِذَا حَسَدَ ﴿٥﴾

سورة الناس
ሱረቱ'ናስ (እቶም ደቂ ሰብ)

ብስም ኣላህ እቲ ፍጹም ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

بِسْمِ ٱللَّهِ ٱلرَّحْمَٰنِ ٱلرَّحِيمِ

1-3)ኦ መሓመድ: ናብ ጎይታ ደቂ- ሰብ፣ ንጉስ ናይ ደቂ- ሰብ፣ መለኮት ናይ ደቂ ሰብ እዕቆብ:

قُلْ أَعُوذُ بِرَبِّ ٱلنَّاسِ ﴿١﴾ مَلِكِ ٱلنَّاسِ ﴿٢﴾ إِلَٰهِ ٱلنَّاسِ ﴿٣﴾

4)ካብ እከይ ናይቲ ኣስሓትን ኣድሓርን ዝኾነ ሰይጣን:

مِن شَرِّ ٱلْوَسْوَاسِ ٱلْخَنَّاسِ ﴿٤﴾

5-6)እቲ ኣብ ልቢ ሰብ ኮይኑ ብሕቡእ ዘረባ ክስሕተካ ዝደፋፍኣካ: ካብ ደቂ-ሰብ ይኹን ወይ ካብ ጋኒን እዕቆብ በል።

ٱلَّذِى يُوَسْوِسُ فِى صُدُورِ ٱلنَّاسِ ﴿٥﴾ مِنَ ٱلْجِنَّةِ وَٱلنَّاسِ ﴿٦﴾

قائمة أسماء الكتب الصادرة من المكتب باللغة التجرينيا

ቅድሚ ሕጂ ብ-ቤት ጽሕፈት
ምትሕግጋዝን ዳዕዋን ሓበሬታን ምንቃሕ ማሕበረ ኮማትን
ማዕዘርን ኡመልሓማምን
ተሓቲሞም እተዘርግሑ መጻሕፍቲ

ቁ.	ኣርእስቲ	العنوان	م
1	ሓጅ፡ዑምራን ዝያራን ኣብ ትሕቲ ጽላል ኪታብን ሱናን	العمرة والحج والزيارة في ضوء الكتاب والسنة	١
2	ኣገባብ ኣሰጋግዳ ናይ ረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም	صفة صلاة النبى (صلي الله عليه وسلم)	٢
3	ትርጉም ተፍሲር ጁዙእ ዓማ	ترجمة معاني جزء عم	٣
4	ስሕርን ሓደግኡን	السحر وخطره	٤
5	ናይ ሰላት ኣገባብ	صفة الصلاة مع توضيح باصور	٥
6	እተን ክልተ ምስክርነትን ትርጉመንን ነፍሰ ወከፈን ዝሓተኦ ግዴታን	الشهادتان ومعناها وما تستلزمه كل منهما	٦
7	እተን ሰለስተ መሰረታት ምስ መርትዖታተን	الأصول الثلاثة	٧
8	ደገፌታን ነጸጌታን ኣብ እስልምና	الولاء والبراء فى الإسلام	٨

قائمة أسماء الأشرطة الصادرة من المكتب باللغة التجرينيا

ቅድሚ ሕጂ ብ-ቤት ጽሕፈት
ምትሕግጋዝን ዳዕዋን ሓበሬታን ምንቃሕ ማሕበረ ኮማትን
ማዕዘርን ኡመልሓማምን
እተዘርግሑ ካሴታት

ቁ.	ኣርእስቲ	العنوان	م
1	ተፍሲር ሱረት ኣልፋቲሓ	تفسير سورة الفاتحة	١
2	ኣገዳስነት ተውሒድ	أهمية التوحيد	٢
3	ጻዊዒት ናብ ቅኑዕ ሃይማኖት	دعوة إلى دين الحق	٣
4	ኣርካነል ኢስላም ወልኢማን	أركان الإسلام والإيمان	٤
5	ተፍሲር ሱረት ኣልበቐራ	تفسير سورة البقرة	٥
6	ስደት ነብይ ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም	هجرة الرسول صلى الله عليه وسلم	٦
7	ፈተነ ልቢ	امتحان القلوب	٧
8	ድኽመት ኢማንን መድሃኒቱን	ضعف الإيمان وعلاجه	٨

ترجمة معاني العشر الأخير من القرآن الكريم

اللغة التجرينيا

ترجمة

فضيلة الدكتور بيان صالح حسن

المكتب التعاوني للدعوة والإرشاد وتوعية الجاليات بالمعذر وأم الحمام